# ኤርትራ፣ ምድረ ባሕሪ

# 3

# እንግሊዝ ዝኣተዎ ገዛ ካብ ምምቕቓል ኣይድሕንን [1]



## 1- ጥልመት መብጸዓ መግዛእቲ እንግሊዝ

ኣብ 10 ሰነ 1940፡ ፋሽሽታዊት ኢጣልያ ኲናት ኣብ ልዕሊ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳን ሶቭየት-ሕብረትን ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ድሕሪ ምእዋጃ፡ ንጽባሒቱ ከም ግብረ-መልሲ፡ ነፈርቲ ኲናት ብሪጣንያን ንኣስመራ ደብደባ። ድሕሪ ሽድሽተ ኣዋርሕ ድማ፡ እቲ ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ጀነራል ዊልያም ፕላት ኣብ ከባቢ ከሰላ ዓሪዱ ((Picture))ዝነበረ ሰራዊት ብሪጣንያ ናብ ውሽጢ መሬት ኤርትራ ኣተወ። ኣብ19 ጥሪ 1941 ንሰብደራትን [1] ካልእ ከባቢታትን ክቆጻጸር ከኣለ። ኣብ ከባቢ ከረን ኣብ ጥንቁላሓስ፡ ኣብ ሞንጎ ሰራዊት ኢጣልያን ብሱዳናውያንን ህንዳውያንን ዝተጠናኸረ ሰራዊት ብሪጣንያ ንኣርብዓ መዓልታት ደማዊ ኲናት ተኻየደ። ኣብ26

---

[1] ንፖሊሲ ብሪጣንያ “መቓቕልካ ግዛእ” ንምግላጽ ተባሂሉ ብዜጋታት ዝዘዘወተረ ብሂል፤

[1] ሰብደራት ፡ ኣብ ምዕራብ ኤርትራ ጥቓ ዶብ ሱዳን እትርከብ ከባቢ’ያ።

መጋቢት 1941 ሰራዊት ብሪጣንያን ንመከላኸሊ ዕርድታት (ድፍዓት) ጥልያን ጠሓሒሱ ንከተማ ከረን ተቖጻጸራ።
ሰራዊት እንግሊዝ ኣብ 1ሚያዝያ 1941 ንኣስመራ ሓዘ። ቀጺሉ'ውን ክሳብ መወዳእታ ሚያዝያ ወደባት ምጽዋዕን ዓሰብን ተቖጻጸረ። ብድሕሪ'ዚ ዓባይ ብሪጣንያ ኣብ ልዕሊ ፋሽሽታዊት ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ዓቢ ዓወት ብምምዝጋባ፡ ንሓዋሩ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ኣኽተመ።
ኢጣልያ፡ ኣብ ምዝዛም ካልኣይ ኲናት ዓለም ኲለን'ተን ኣብ ኣፍሪቃ ግዝኣታ ዝነበራ ሃገራት፡ ሊብያ፡ ኤርትራን ሶማልያን ሰኣነተን። ይኹን'ምበር ድልየታት ህዝቢ'ዚ ከባቢ ንሃገራዊ ናጽነት ምስ'ቲ ሓዲሽ ናይ ሃጸይነት ቁጽጽርን ዕብለላን ክጋጮ ብምጅማሩ ከኣ፡ መላእ'ዚ ከባቢ ኣብ ሓዲሽ ምዕራፍ ኣተወ።
እታ ካብ ዓዲ ሽኽ-ሓሊብ ብዙሕ ዘይትርሕቕ ዓዲ ወዲ ዙበይር ከም ኲለን ከባቢታት ኤርትራ ግዳይ ውጽኢት ኲናት ብሪጣንያ-ኢጣልያ ክትከውን ናይ ግድን ነበረ። ተቐማጦ'ዛ ዓዲ ኣብ ደንደስ ሩባ ቀዛል [2] ናይ ማሕረስን መጓሰን ስራሕ እናኣካየዱ፡ ገለ ካብኣቶም ድማ፡ ነተን ካብ-ናብ ምጽዋዕን ካልኦት ኣብ ምብራቕ ቀይሕ ባሕሪ ዝተደኮና ከተማታት ሑደይዳ፡ ጂዳ፡ የንቡዕን ኢላትን [3]፡ ከምኡ'ውን ካብ ምጽዋዕ ንኢጣልያ ዘጎዓዕዛ መራኽብ ናይ ምጽዓንን ምርጋፍን ስርሓት እናኣካየዱ ህይወቶም ይመርሑ ነበሩ።
ኣገባብ ኣተሃናንጻ ገዛውትን ማሕበራዊ ህይወትን ተቐማጦ ዓዲ ወዲ ዙበይር ካብ ዓዲ ሽኽ ሓሊብ ዝፍለ ኣይነበረን። ተቐማጦኣ ኣብ ነንኣሽቱ፡ ካብ ዓሰርተታት ዘይበዝሑ ስድራ-ቤታት፤ ዓድ ሽኽ፡ ዓድ ዙቡይ፡ ዓድ ገረቡ፡ ዓድ ሃሺም፡ ዓድ ወሒዝ፡ ዓድ ማዓርን ዓድ ጃዕፈርን ዝተጠርነፉ ኢዮም። ነፍሲ ወከፍ ስድራ፡ ነቶም ዝተረፉ ስድራ-ቤታት ንኽትፈልጥን ምስኦም ክትዋሳእን ኣይትጽገምን ነበረት። ሽሕ'ኳ ዓድ ወዲ ዙበይር ብብዙሕ መዳያት ምስ ዓዲ ሽኽ ሓሊብ ተመሳሳልነት እንተነበራ፡ ኣብ ገለ ገለ መዳያት ፍልልያት ነበራ። ተቐማጦ ዓዲ ሽኽ ሓሊብ ርጉኣት፡ ንዘጋጥሞም ሽግራት ብህድኣት ክገጥሙን ክፈትሑን ዝመርጹ ኢዮም። ብኣንጻሩ ተቐማጦ ዓድ ወዲ ዙበይር፡ ህዉኻት ብዝቐለለ ነገራት ንሓድሕዶም ይኹን ምስ ካልኦት ዝበኣሱን ዝገራጨዉን ነበሩ። ይኹን ደኣምበር ክፍኣት ስለ ዘይነበሮም ነቲ ምስ ካልኦት ይኹን ወይ ንሓድሕዶም ዝተገራጨዉሉ ምኽንያት ቀልጢፎም ብምርሳዕ፡ ይቕረ በሃልቲ ነበሩ። ስለዝኾነ ንጋሻ ኣኽቢሮም ብግቡእ የኣንግዱ ነበሩ።
እስማዒል ዝቡይ ዑመሪት፡ ሓደ ካብ ተቐማጦ ዓዲ ወዲ ዙበይር ብምንባሩ፡ ዕድሚኡ ገና ዓሰርተ ትሽዓተ ዓመት ከይመልአ እንከሎ፡ ልክዕ ከም'ቶም ካልኦት ተቐማጦ ዓዲ፡ ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ከም ሰራሕተኛ ምርጋፍን ምጽዓንን መራኽብ ተዋፈረ። ዕድመ ኣብ ዝደፍኣሉ እዋን ከኣ፡ ኣኽብሮት ደቂ ዓዱን ካልኦት ዓድታትን ብምርካቡ፡ ሓደ ካብ'ቶም መራሕቲ ክኸውን በቕዐ።

---

(2) ቀዛል ኢራብ ማለት'ዩ።
(3) ኣብ ምብራቓዊ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝርከባ ከተማታት።

እስማዒል፡ ኣቦ ክልተ ቆልዑ እኳ እንተነበረ፡ ዓዱ ካብ ወደብ ምጽዋዕ ርሒቕ ዝበለት ብምንባሩ፡ ኣብ ቀትሪ ኣብ ውሽጢ ናይ ዕረፍቲ(ሓንቲ ሰዓት)፡ ዓዲ በጺሑ ተመሊሱ ንክምለስ ስለ ዘይጥዕሞ፡ ንግሆ ክወፍር እንከሎ "ሕበዘት" [1] ተማሊኡ'ዩ ዝኸይድ ዝነበረ። እንሓንሳብ ካብ'ቶም ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ኣብ ጽርግያ ኮይኖም ሻሂ ዝሸጡ ሓንቲ ኩባያ ገዚኡ፡ ምስ'ታ "ሕበዘት" ቋስዩ ይዕንገል፡ ሓንሳብ ከኣ ምስቲ ኣዕርኽቱ ዝተማል- ኡዎ ምሳሕ መሻርኽቲ ኮይኑ ይምሳሕ ነበረ። መብዛሕቱ ግዜ፡ ክሳብ ግዜ ምምላስ ናብ ስራሕ ዝኣክል፡ ምስ'ቲ ምጽራብ ዕንጸይቲ ንክምሃር ህርድግ ዝብል፡ ኢድሪስ መሓመድ ሳልሕ ጃብር ዝተባህለ ዓርኩ፡ ናብ ዱኳን ጽርበት ዕንጸይቲ ኣቶ ዓብዱ ዓሊ ከይዱ የዕልል።

ሰራሕተኛታት ወደብ ጸሓይ ከይዓረበት እንከላ ካብ ስርሖም ስለ ዝፍደሱ፡ ኩሎም ዘድልዮም ኣስቤዛ፡ ከም ሳሙና፡ ጥርሙዝ ላምባ፡ ሽኮርን ቀጠፍን መሳሊ ሸሚቶም፡ እናደረፉን እናተጨራረቑን ስጋለት ቀጣን ሰጊሮም ሰላት ኣልመቕሪብ [2] ከይጀመረ ዓዶም ይበጽሑ። ክቱር ድኻም ስለ ዝስምዖም ከኣ ተቐላጢፎም ተደሪሮም፡ ኣብ'ቲ ብናይ ኣግራብ ተምርን ዓርኮብኮባይን ዝተሰርሐ "ዓርቃይ" [3] ሩፍ ኢሎም ብምድቃስ ወጋሕታ ይበራበሩ፡ ኣንስቶም ናይቲ ሰብኡተን ቁልሕ ከይበልወን ዝሓድሩ፡"ንዓናን ደቅናን ክናብዩ ከፉኡዎም ኣሎ ኢለን ይደዓዓሳን ምስ'ቲ ክውን ነገር ንክሰማምዓን ክቃደዋን ይጽዕራን ነበራ።

ምጽዋዕ፡ ጥልያን፡ ህንድን (ባይናን) ኣይሁዳውያንን ካልኦትን ዝቕመጡላ ወደባዊት ከተማ ብምንባሩ፡ መስተን ዝሙትን ብቐሊሉ ይርከባ ነበረ። ኣቓልቦ ብዙሓት እትስ- ሕብ ከተማ ብምኳና ከኣ፡ እስማዒል ዙቡይ ዑመሪት ብወገኑ ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ዝካየድ ለይታዊ ትልሂትን ኣብኡ ዝርአ ኢሎም ዝነግርዎ ዝርጋንን ዕብዳንን ክሳተፍ ወትሩ ህርድግ ይብል ነበረ።

ካብ ስርሑ ቁሩብ ሞቕሸሽን ገለ ዝጋብዝዎ ኣዕሩኽትን ክረክብ ስለ ዝጀመረ፡ እስማ- ዒል ድሕሪ ስርሑ ምሸት ምሸት ካብ ሓንቲ እንዳ ስዋ ናብ ካልእ እናኣተወ ሰትዩ- ን ዘምዩን ምስ ኣዕርኽቱ ተተሓሒዙ ፍርቂ ለይቲ ንገዝኡ ክኣቱ ጀመረ።

ሓይልታት መግዛእቲ ብሪጣንያ፡ ንከተማ ምጽዋዕ ድሕሪ ምቁጽጻሮም፡ ካብ ሰዓት ሽ-ድሽተ ናይ ምሸት ክሳብ ሰዓት ሽድሽተ ወጋሕታ፡ ብጥብቂ ዝትግበር ኩነታት እቶ እቶ ስለ ዝኣወጁ፡ እስማዒልን ሰዓብቱን ነቲ ናይ ምሸት ዝርጋን ክረኽብዎ ኣይከኣሉን። ብተወሳኺ'ውን እስማዒል፡ ኣዝማዱን ኣዕሩኽቱን ይኽዕብዎ ከምዝነበሩ ስለዝተ- ገንዘበን ነቲ ዝፍጽሞ ዝነበረ ጽያፍ'ውን ሕልንኡ ስለ ዝወቐሶን፡ ንኹሉ ልምድታቱ ምሒሉ ገደፎ። ንደቂ ዓዱ ከም'ቲ ናቱ ዕብዳን ከየዘውትሩ'ውን ክሰብኽ ጀመረ።

ከም መብዛሕትኦም ኤርትራውያን፡ እስማዒል ዙቡይ ዑመሪት'ውን፡ ነቲ ሓይልታት ኪዳን [1] ኣብ ልዕሊ ኢጣልያ ዝፈጸምዎ ዓወታት፡ ከም ጽቡቕ ዕድል ክወስድዎ

---

[1] ሕበዘት፡ ብዙሓት ካብ ተቐማጦ ምብራቓዊ ጎላጉል ኤርትራ ዝጥቀምሉ ሕምባሻ እዩ ።
[2] ጸሎት ምሸት ማለት'ዩ።
[3] ዓርቃይ፡ ሽም ዓራት'ዩ።

ጀመሩ። ከም ልምዲ፡ ኩሉ ግዜ ተቐማጦ ዓዲ፡ ድምቐት ወርሒ ምስ እትህሉ ኣብ ደገ ኾይኖም የዕልሉ ኢዮም፡ ኣብ ሓንቲ ካብተን ምሸታት፡ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ኩነታት፡ ምምሕያሽ ኩነታት መነባብሮን ምውጋድ ስራሕ ኣልቦነትን ኣልዒሎም፡ ምምሕዳር ብሪጣንያ ክወስዶ ብዛዕባ ዝግብኦ ስጉምትታት እናተኻትዑ፡ ሓደ 21 ዓመት ዘይምልአ፡ ብሽም ሰሊም ኣቡበከር ዝፍለጥ መንእሰይ፡ ካብ'ቲ ኮፍ ኢልዎ ዝነበረ መቐመጢ ብድድ ብምባል፡ ንእስማዒል ኣብ ግዜ ምእታዉ ብሪጣን ያውያን እንታይ ስሚዒት ከም ዝነበሮ ንምፍላጥ፡ ነቶም ተኣኪቦም ዘለዉ ንኽዘን ትወሎም ሓተቶ። እስማዒል ከኣ ድምጹ ክብ ኣቢሉ፡-"ጥልያን ስቡሕ መሬትና ስለ ዝመንዘዐ፡ ሰብኣይናን ሰበይትናን ናብ ኣገልገልቲ ስለ ዝለወጠና፡ ኣብ ልዕሌና ዓሌታዊ ኣድልዎ ስለ ዝፈጸመ፡ ኣንጻር ጥልያን ንኽንለዓል ዝጽውዕ ዕድመ ኣብ'ቲ ነፈርቲ እንግሊዝ ዝደርበያኦ ወረቓቕቲ ብምስፋሩ፡ ብዙሕ ተሓጒስናን ተስፋ ኣሕደርናን፡" ኢሉ ዘረብኡ ጀመረ። ኣስዒቡ፡-"እንግሊዛውያን ንሓምሳ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ፋሽሽትነት ክንመሓደር ከም ዘይግባኣናን፡ ናታ ባንዴራ ዘለዋ ናጻ ሃገር ክነቐውም ከም ዘለናን እናኣረጋገጹ፡ ኣንጻር ጥልያን እንተዓጢቕና ነታ እንሓልማ ሃገር ንምም- ስራት ከም ዝሕግዙና መብጽዓ ከም ዝኣተዉልና ዝሕብር መግለጺ፡ ኣብ'ቲ ዝደርበዩዎ ወረቓቕቲ ብንጹር ኣስፊሮሞ ነበሩ፡" ክብል ዘረብኡ ደምደመ።
ኤርትራዉያን፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ትሕቲ ፍጹም ባርነት ስለ ዝ- ነበሩ፡ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን ትምህርታውን መሰላት ተሓሪምዎም፡ ክብረት ዘለዎ ስራሕ ንኽይረኽቡ፡ ኣገልገልቲ ንሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ረብሓታት ኢጣልያ ጥራይ ንኽኾኑ ተበየነሎም። ኤርትራዊ ዜጋ ነተን ብነፈርቲ ዝተደርበያ ወረቓቕቲ ምስ ረኣየንን ትሕዝቶአን ምስ ተረድአን፡ ኣብ ዓቢ ተስፋን ሃረር- ታን ክነብር ጀመረ።
እንግሊዝ፡ ንሰራዊት ኢጣልያ ስዒሮም ኣስመራ ኣብ ዝሓዙሉ እዋን ከኣ፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ናይ ሓጎስ መንፈስ ዓሰለ፡ እስማዒል ብዛዕባ'ቲ ሽዑ ዝነበረ ሃዋህው ምዝን- ታዉ ብምቕጻል፡-"እቶም ምስ ወተሃደራት እንግሊዝ ዝተዓስከሩ ህንዳውያንን ሱዳናውያንን ዓሳክር፡ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታትና ሽናዕ ክብሉ ምስ ረኣና፡ ከም'ዛ ንዕለቱ ዝተወለድና፡ ኮይኑ ተሰሚዑና። ምስ መግዛእቲ ጥልያን ከም ዝተባተኽና ተረዲኡና፤ ናብ ካልእ መግዛእቲ ንኣቱ ከም ዘሎና ግን ኣየስተውዓልናን። ሓጎስና ልዑል ስለ ዝነበረ ከኣ ብከበሮ፡ ክራር፡ እምብልታን ረባባን

---

(1) እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ሶቭየት ሕብረትን ኣሜሪካን ዘጠቓልል ዝነበረ ኪዳን ማለት'ዩ።

[1] ተሰኒና ብኣሽሓት ናብ ጽርግያታት ወጻእና። ኣብኡ ዘፍ ክሳብ ንብል ሳዕሳዕናን ተለሀናን። እቲ ዘርኣናዮ ሓጎስ ግን ንሰበ-ስልጣን እንግሊዝ ስለ ዘየሐጎሶም፡ ነቲ ሓጎስና ንምግላጽ ዘካየድናዮ ሳዕስዒ- ትን ትልሂትን፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ኮይኑ ተሰምዖም'ሞ፡ ብቕጽበት ነናብ ገዛውትና ክንኣቱ ብጥብቂ ኣዘዙና። ብዙሕ ከይጸንሑ ከኣ፡ ብረጋዴር ኬነዲ ኩክ ዝተባህለ ወተሃ- ደራዊ ኣመሓዳሪ፡ ኤርትራውያን ብዝኾነ ምኽንያት ብዘይ ፍቓድ ፖሊስ ካብ ሰለስተ ሰባት ንላዕሊ ኣብ ሓደ ቦታ ከይተኣኻኸቡ ዝእግድ ኣዋጅን ትእዛዝን ኣውጽአ።"

ተስፋ ኤርትራውያን ንምህናጽ ሃገር ብዙሕ ከይሰጎመ፡ ብኣገላልጻ እስማዒል፡- "እንግሊዛውያን፡ ንዓና ትምልከት ዝተፈልየት ሃገር ንኽንሃንጽ ዝኾነ ዕቱብነት ኣየር- ኣዩን። መመሊሶም ህላዌኦም ኣብ ዓድና ከስፋሕፍሑ ምስ ጀመሩ፡ ሕልምታትና ኣብ ምምስራት ሃገር ቀልጢፉ በኒኑ። ኣንጻር ጥልያን ክንስለፍ ኢሎም ዘቕረብዎ መብጽዓ፡ ጸወታ ወይ መጣልዒ ከም ዝነበረ ክንርዳእ ክኢልና።" ክብል ነቶም ኣብ'ታ መንእሰይ ሰሊም ኣቡበከር ዝተሓወሶም ምሸት ዝነበሩ ዓበይቲ ገለጸሎም።

ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ንኤርትራውያን ከቢድ ምክልባት ኣስዒቡ፡ ደብዳብ ነፈርቲ ብሪጣንያ ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታትን ህዝቢ ብጻዕቂ ዝሰፍረሉ ከባቢታትን ይካየድ ብምንባሩ፡ ምዝንባል ህዝቢ ፈጢረ። ዓበይቲ ከተማታት፡ ኣውራ ከኣ ከተማ ኣስመራ፡ ብተዘናበልቲ ስለዘዕለቕለቀት፡ ስራሕ ኣልቦነት ነገሰ። ብዙሓት ግዳይ ዓጸቦ ኮኑ። ብኣን- ጻሩ ኢጣልያውያን፡ ብሰሪ'ቲ ኲናት ብዙሕ እኳ እንተኸሰሩ፡ ከም'ቶም ኤርትራውያን ናብርኦም ኣይተተንከፈን፡ ብሪጣንያውያን ነቶም ኢጣልያውያን ኣብ ዘተኣማምን ቦታታትን ከተማታትን ከስፍርዎም፡ ናይ መግቢ ረድኤት ክዕድልዎም፡ ንብረቶም ክዕቅቡሎምን ከጸና- ንዕዎምን ተራእዩ።

እስማዒል ዙቡይ ዑመሪት፡ "ኢንግሊዛውያን መብጽዕኦም ከኽብሩ ኣይተራእዩን" ምባሉ ካብ ሓቂ ዝርሓቐ ኣይነበረን። መግዛእቲ ብሪጣንያ ብሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ኲነታት ኤርትራ ከይተገደሰ፡ ኣቓልቦኡ ኣብ ፖለቲካዊ ኲነታት ግዝኣቱ ዝነበረት ሱዳን ስለ ዝነበረ፡ ህላዌኡ ኣብ ሱዳን ምድልዳል መረጸ። ነቲ ንኤርትራውያን ናታቶም ሃገር ንምምስራት ዝኣተዎ መብጽዓ ድማ ብፍላጥ ኣወንዘፎ። ጸኒሑ'ውን ገለ ክፋል ናይ ኤርትራ፡ ኣውራ ምዕራባዊ ቆላታት ናብ ሱዳን ንምጽንባር ክሰርሕ ጀመረ።

መግዛእቲ ብሪጣንያ፡ መነባብሮ ዜጋታት ንምምሕያሽ፡ ስራሕ-ኣልቦነት ንምግታእ ክንዲ ዝሰርሕ፡ ነቶም ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ኢጣልያውያን ዜጋታት ክሕግዝን ክሕብ- ሕብን ወሰነ። እዚ ከይኣክል፡ ነቶም ኣብ ግዜ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝነበሩ ኣመሓደርቲ ዜጋታት ኢጣልያ፡ ኣብ ናይ ምምሕዳር ቦታታት መዘዞም፡ ነቶም ኣብ ጸጥታን ኣብ ፖሊስን ዝሰርሑ ዝነበሩ'ውን ከይተረፉ፡ ኣብ'ቲ ዝሃነጸ ትካላት ጸጥታ ደጊሞም ክሰር- ሑን ክእዝዙን ኣተባብዐን መደበን። እቲ ዝኸፍአ ድማ ሕግታት ዓሌትነት ስለ ዘይሰረዞ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝካየድ ዝነበረ ፖለቲካውን ማሕበራውን ኣድልዎታት ዳግም ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ከም ዝፍጸም ኮነ።

---

[1] ረባባ ንክራር እትመስል ናይ ሙዚቃ መሳርሒት'ያ።

ዜጋታት ዓድ ወድ ዙበይር ዝጀመርዎ ዕላል ዓመረ። ሓደ ካብኣቶም፡ ኣቶ በኺት መሓመድ ዓሊ ዝተባህለ፡ ዝምድና ብሪጣንያን ኢትዮጵያን ከመይ ከምዝነበረ ንምፍ-ላጥ ሓተተ፡ ከም ልሙድ እስማዒል፡-"ኢጣልያ፡ ንኢትዮጵያ ኣብ 1935 ወሪራ ምስ ተቘጻጸረታ። ነቲ ብተቓወምቲ ዝካየድ ዝነበረ ብረታዊ ተጋድሎ ብብዙሕ ምኽንያት፡ ኣውራ ውሱንነት ዓቕሚ ተቓወምቲ ልዕሊ ኹሉ ድማ ወተሃደራዊ፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን ጸብለልትነት ኢጣልያ፡ ንሞራል ኢትዮጵያውያን እናዳኸሞ ከደ። ኢጣልያ ድማ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ክትዕ- ንድር ከኣለት። ሰራዊት ኢጣልያ፡ ኣዲስ ኣበባ (ዋና ከተማ ኢትዮጵያ) ኣብ ዝኣተወሉ እዋን፡ዓበይትን 'መራሕቲ ኢትዮጵያ ኢና' ዝብሉ ዝነበሩ መሳፍንትን እንተላይ ንጉስ ሃይለስላሰ ሃገር ገዲፎም ክሃድሙ ተራእዩ።" ክብል ነቶም ዝተኣከቡ ኣንፈተሎም።

ተጋባእቲ፡ እስማዒል፡ ኣውራ ከም ኢጣልያውያን ኣእዳዉ እናዘርገሐ ብምዝራቡ ስለ ዝመሰጦም፡ ንኽቅጽለሎም ብሃንቀውታ ተጸበዩ። እስማዒል ነዚ ብምግንዛብ፡ ዝነቐጸ ጎሮሮኡ ንምጥላል፡ ኣብ ጥቕኡ ዝነበረ ማይ ዝሓዘ መቕድሒ ኣልዒሉ ድሕሪ ምስታይ፡ ዘረብኡ ቀጸለ፡-"ንጉስ ሃይለስላሰ ህዝቡ ራሕሪሑ ንሱዳን ሃደመ፡ ንቁሩብ ግዜ ኣብ ትሕቲ ጽላሎት ኢንግሊዝ ምስ ተዓቚቡ፡ ናብ ዓደን ገጹ ኣምረሐ። ብዙሕ ከይጸንሐ፡ ኣብ ዓዲ ኢንግሊዝ ብምቕማጥ፡ ሓገዝ ናይ ጸዓዱ ንምርካብ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ኮለል በለ።" ኢሉ እናገለጸሎም እንከሎ፡ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ፡ በቲ ዝበሃል ዝነበረ ብዙሕ እናተገረመ፡ ነቲ ናይ እስማዒል ዘረባ ኾሊፉ፡- "ደሓር ከ?" ክብል ተሰምዐ።

እስማዒል፡-" ድሓር'ሲ-ካብ'ቲ እዋን ጀሚሩ ዝምድና መንግስቲ እንግሊዝን ንጉስ ሃይለ ስላሴን እናተረረ መጽአ። እንግሊዛውያን ንንጉስ ሃይለስላሴ ከም ሓደ ንፋሺሽት ዝበደሀ ጅግና እኳ እንተርኣይዎ፡ እቲ ሓቂ ግን ንጉስ ሃይለስላሴ ሓደ ሃዳሚ፡ ብሰንኪ እቲ ህድማ ተራ ተቓወምቲ ኢትዮጵያውያን ዘዳኸመን፡ ኣብ መወዳእታ ድማ እቲ ኵናት ንረብሓ ኢጣልያ ከምዝኸውን ዝገበረን እዩ።" በለ'ሞ፡ ብምቕጻል፡-"እንግሊዝ ንጥልያን ስዒሩ ኣዲስ ኣበባ ምስ ኣተወ፡ ንንጉስ ሃይለስላሴ ብምትብባዕ ካብ ስደት ብቕጽበት ናብ ሃገሩ ከም ዝምለስ ገበረ። ሓገዝ እንግሊዝን ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክህነት ኢትዮጵያን ብምርካቡ ከኣ ስልጣኑ ኣደልደለ። ጸኒሑ ከም ካሕሳ ናይ ኲናት፡ ኩለን እተን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ኢጣልያ ዝነበራ፡ ኤርትራን ኢጣልያዊት ሶማልን ክወሃበኦ" ሓተተ።

## 2- እንግሊዝን ዘተኣታተዎ ሽግራትን

ገጠራት ኤርትራ ካብ ሳዕቤናት ኵናት ኣይደሓናን። ወጽዓ ገጠራት ኤርትራ ካብ’ቲ ኣብ ኣስመራ፡ ምጽዋዕን ከረንን ዝነበረ ዝኸፍአ እንተዘይኮይኑ ዝሓሸ ኣይነበረን። እንግሊዛውያን ወጽዓታት ተቐማጦ ገጠራት ኤርትራ ንምንካይ ዝድርኾም ዝኾነ ይኹን ረብሓ ኣይበነሮምን። ቀንዲ ረብሕኦም፡ እተን ጣልያን ዝመስረተን ፋብሪካ-ታትን ዓበይቲ ናይ ሕርሻ ትካላትን ናብ’ቲ ዘካይድዎ ዝነበሩ ወተሃደራዊ ውጥናት ከም ዝውዕላ ምግባር ነበረ።

ብዘይካ’ዚ’ውን መዓስከራት፡ መዕረፊ ነፈርቲ ኣብ ጕራዕ፡ መኻዚኖታት ነዳዲን ኣጽዋ- ርን ኣብ ጊንዳዕ፡ ምጽዋዕን ደቀምሓረን ኣብ ምስራሕ ኣድሃቡ። ኩለን ፋብሪካታት ኤርትራ፡ ብመኮንናት እንግሊዝ እናተመሓደራ፡ ንመዳፍዕን ወተሃ- ደራዊ መካይንን መቀያየሪ ኣቑሑት ከፍርያ ተቐሰባ። ዓበይቲ ሕርሻዊ ትካላት ከይተረፉ’ውን ንረብሓ ወተሃደራትን መኮንናትን እንግሊዝ ከም ዝውዕላ ተገብረ።

እተን ጥልያን ዝሃነጸን፡ ንብዙሓት ከተማታት ምስ ገጠራት ዘራኽባ ዝነበራ ጽርግያታት ብፍላጥ ከም ዘይጽገና ተገብረ። ነቲ ንምድንፋዕ ቁጠባ ገጠራት ዓቢ ተራ ዝተጻወተ መገዲ ባቡር በብቑሩብ ኣገልግሎቱ ከም ዘንቀልቁል ብምግባሮም ብዙሓት ዓድታት ተሃሰያ። ምጉዕዓዝ ዜጋታትን ሕርሻዊ ፍርያትን ፈጺሙ ስለ ዝተዳኸመ፡ ገጠራት ኤርትራ ብፍጹም ለመሳ።

ሓጎስ ኣርዓዶም ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ኣብ ምርጋፍን ምጽዓንን መራኸብ ይሰርሕ ብምንባሩ ምስ እስማዒል ዙቡይ ዑመሪት ድልዱል ዕርክነት ኣጥረየ። ካልኣይ ኵናት ግን ፈላልያቶም። እስማዒል ናብ ዓዱ ተመልሰን ብዘይ ፍሉጥ ስራሕ ኮፍ ክብል ተገደደን። ሓጎስ’ውን ኣብ ከባቢ ሰገነይቲ እትርከብ “ዓዲ ጥሉል” እተባህለት ዓዱ ተመሊሱ ናብ ሓረስታይ ተቐየረ።

እንግሊዝ ኩነታት ምስ ተረጋገአ፡ ተቐላጢፉ ወደብ ምጽዋዕ ዳግም ክሰርሕ ወሰነ። ስለ ዝኾነ ሰራሕተኛታት’ቲ ወደብን እንተላይ ክልቲኦም ኣዕሩኽን ነናብ ስርሖም ክምለሱ ኣዘዘ። ኩሎም ሰራሕተኛታት ነቲ ዝመጽአ ዕድል ስራሕ “ሽየምልጠና” ብዝብል ናብ ምምሕዳር ወደብ ምጽዋዕ ብምኻድ፡ ተመዝጊቦም ዳግም ነናብ ስርሖም ተመለሱ።

ክልቲኦም የዕሩኽ ንጡፋት ሰራሕታኛታት ብምንባሮም፡ ናብ ስርሖም ከም ዝምለሱ ኣይተጠራጠሩን። ድሕሪ ክልተ መዓልቲ፡ ክልቲኦም ብሓባር ኮይኖም እናተመስሑ እንከለዉ፡ ሓጎስ ኣርዓዶም ብዛዕባ ኩነታት ተቐማጦ ዓድ ዙበይር ኣብ ግዜ ኵናትን ድሕሪኡን ዝነበረ ኩነታት ንኽፈልጥ ንእስማዒል፡-“ኩነታትኩም ከመይ ነይሩ፡ ብኸመይ’ከ ሓሊፍኩሞ? ክብል ሓተቶ። እስማዒል ዙቡይ ዑመሪት፡ ዘኾምስያ ዝነበረ ውሒጡ፡ ማይ ድሕሪ ምስታይ፡ ንሓጎስ ኣርዓዶም እናጠመተ፡-“ኩነታትና ጽንኩር ስለ ዝነበረ፡ ወጻኢታትና ክንቅንስ፡ ኩላትና እንተላይ ንኣሽቱ ደቅና፡ ኣብ መዓልቲ ሓንሳብ ኣብ ወጋሕታ ንምገብ ነበርና። ሻሂ፡ ቡን፡ ትምባኾን ሽጋራን ከምዘይናህና

ርኣናዮም።ቅድሚ ሕጂ ዘይንፈልጦ ዝነበርና ቃንዛ ዝተሓወሶ ሕማም ውጽኣት፡ ለይትን መዓልትን ስሓ ዝገብር ናይ ቆርበት ነድሪ፡ ንመላእ ዓዲ ተቖጻጸሮ። ኣግማልና ብዘይፍለጥ ናብ ጽላለን ሞትን ብዘብጽሕ ሕማም ተጠቕዑ። ከብትን ጤለ-በጊዕን ብውጽኣት ከሳብ ምብላዕ ስኢነን ዓወራ። ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ፡ ሓሪድና ክንበልዐን ዕድል ከይሃባና ይሞታ ነበራ። እዚ ኹሉ እናረኣና ከምዘይርኣና፡ ኢደ-ሰባራ ኮይንና፡ ኣእዳውና ኣጣሚርና ቀዚዝና ተረፍና።” ብምባል ብምረት ነቲ ዝነበረ ኩነታት ገለጹሉ።
ሓጎስ ኣርዓዶም፡ ብመግለጺ እስማዒል ዓብይ ሓዘን ተሰምዖ። ተቐማጦ ዓድ ወድ ዙበይር ካብ ርሑቕ ከባቢ ንዝመጽኡ ኣጋይሸም ዝገብሩዎ ዝነበሩ እንግዶትን ጽቡቕ ኣቀባብላን እናተራእዩ፡ ግዜ ተገላቢጡ፡ ዓድ ዙበይርን ስድራ-ቤት እስማዒል ዑመራ- ትን ከጥቃዕ'ዩ ዝብል ግምት ፈጺሙ ኣይነበሮን። ሓጎስ ኣርዓዶም፡ እቶም ህዝቢ ዘይከም ተቐማጦ ዓዲ ጥሉል፡ ብኣማኢት ዝቑ- ጸሩ ከብቲ እናወነኑ ዘይጃሃሩ ብምንባ- ሮም የድንቖም ነበረ።
እስማዒል፡ ሓዘን ኣብ ገጽ ሓጎስ ስለዘንበበ፡-“ህይወት ከምኡ ስለ ዝኾነት፡ ክንቅበላ ኣለና። እቲ ሕጂ ካባና ከም ኤርትራውያን ዝድለ፡ ነቲ ዝነበረና ክንመልስን መነባብሮና ከነመሓይሽን ክብርና ክንሕሉን፡ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ይግባኣና። እዚ ድማ ሓድነትና እንተዘይዓቂብና፡ ተጻዋርነት እንተዘይኣጥሪና፡ ነንሕድሕድና እንተዘይ ተኸባቢርና፡ ኣብ ግብሪ ክትርጎም ዝከኣል ኣይኮነን፡” በለ። ዝህውጽ ትንፋስ ካብ ከርሱ እናስተንፈሰ።
ሓጎስ ኣርዓዶም፡ ዘረባ እስማዒል ምስ ሰምዐ ከም ማይ በረድ ዝተኻዕዎ ኣካላቱ ዘሓለን ዓብይ ፍናን ተሰምዖን። ዓለም ጥልመት ጥራይ ዝሓቖፈት ዘይኮነትስ፡ ጽቡቕ ነገራት ከም እትሓዝል'ውን ጠብላሕ በሎ። እንተ እስማዒል ግን ዘረብኡ ቀጸለ፡-“ነቲ ዘጋጠመና ሕማቕ መነባብሮን ለበዳዊ ሕማማትን ክንጻወሮ ዓቕሚ ነይሩና'ዩ። እቲ ክንብድሆ ዘይከኣልና እቲ ኣብ ሞንጎና ዝተፈጀረ (ዝኻሃረ) ቀቢላዊ ህውከትን ባእስን ነበረ።እንግሊዛውያን ንመላእ ሃገርና ኣብ ዝተቖጻጸርሉ እዋን፡ እቲ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን ደስኪሉ ዝነበረ ቀቢላዊ ህውከት፡ ከም ብሓድሽ ክቕልቀል ጀመረ። እቲ ህውከት፡ ኣብ ከባቢና ኣብ ሞንጎ ቀቢላታት ሳሆን ዓሳውርታን፡ ዓፋርን ሳሆን ትግረን፡ ኣውራ ኣብ ሞንጎ በለውን ሳሆን ክሽውን ከሎ፡ ኣብ ከባቢ ሳሕል ድማ ኣብ ሞንጎ ትግረን ሽማግለን ማለት ኣብ ሞንጎ ኣልመዳን ርግባትን ብሓደ ሸነኹ ፡ ቤት ኣስገደ ኸኣ ብኻልእ ሸነኽ ነበረ። ኣብ ምዕራባዊ ጎላጉል ኣብ ከባቢ ጋሽን ባርካን ኣብ ሞንጎ ሃደንዳዋን በኒዓሚርን፡ ማርያን በኒዓሚርን፡ ኩናማን ባርያን ብሓደ ሸነኽን ካልኦት ቀቢላ- ታትን ህውከትን ደማዊ ግጭትን ተራእየ።
እቲ ግጭት፡ ኣብ መሬትን ሳዕርን ከይተሓጽረ፡ ከም ኣብ ሞንጎ ጎይቶትን ባሮዩን ዘሎ ግጭት ዝዓይነቱ መልክዕ ክወስድ ጀመረ። ቅድሚ'ቲ ግጭት፡ ነንሕድሕድና ተኸባቢ- ርና፡ ተጸዋዊርና ንነብር ነበርና። መላእ ዕድሜና'ውን እኸለ ምስ እከለ ብቐቢላዊ ምኽንያት ተጋጭዮ ዝብል ሰሚዕና ወይ ርኢና ኣይንፈልጥን። ገለ

ኣባላት ቀቢላታትና ኣብ ሳዕርን ማይን እንተተጋጨዉ'ውን፡ ዓበይትናን ገለ መሻይኽናን ተቐላጢፎም፡ ካብ ቀቢላዊ ስምዒታት ሪሒቖም ነቶም ሰብ ነገር ክዓርቁ ንርኢ ነበርና። እንግሊዝ ምስ መጽአ ግን፡ ኣንጻሩ ሰሚርና ደው ከይንብል ብምስጋእ፡ ነቲ ዝኸፍአ ቀቢላዊ ግጭት ኣብ ሞንጎና ከም ዝትኮስ ገበረ።"
እስማዒል ንኸዕርፍ ወይ እስትንፋስ ክወስድ ደው ምስ በለ፡ ሓጎስ ኣርዓዶም ነታ ህሞት ተጠቒሙ ተቐላጢፉ ፡-"ነቲ ዝገለጽካዮ ምሉእ ብምሉእ ኣይኹን 'ምበር፡ ገለ ካብኡ ስለ ዝሰማዕናዮ፡ ኣዚና ኢና ሓዚንና።" ክብል ተዛረበ።
እስማዒል ነቲ ሓጎስ ኣብ ሞንጎ ዝተዛረቦ ጕስዩ ነቲ ዝጀመሮ ምዝንታው ቀጸሎ፡-
"እቲ ዝተላዕለ ግጭት፡ ነቲ ኣብ መንጎና ዝነበረ ምክብባርን ምሕዝነትን ኣጥፊኡልና ጥራይ ዘይኮነ፡ ህይወት ብዙሓት ደቅና ቀዚፉ። ካብ ካልእ ግዜ ብዝተፈልየ መልክዕ፡ ኣብ ሞንጎና ናይ ሕነ ምፍዳይ መንፈስ ኣንጊሱ። ከም ሳዕቤኑ መሰል ኣዴታትን ኣረጋው- ያንን ቆልዑን ብርኡይ ተጋሂሱ፡ ሰላምን ርግኣትን ድማ ተሳኢኑ።"
ሓጎስ መደምደምታ እስማዒል ከይተጸበየ፡-"እቲ ሽግር ብምንታይ ድኣ ተደምደመ?" ክብል ብተርባጽ ሓተቶ።
እስማዒል ሕጂ'ውን ዘረብኡ ብምቕጻል፡-"እንግሊዛውያን፡ ሽግር ምስ ተጠናነገ ምትእትታው እኳ እንተኣርኣዩ፡ እቲ ዝወሰዱዎ ስጉምቲ ግና፡ ብሱዳናውያንን ሰኔጋላ- ውያንን ዝቕማ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት፡ ወተሃደራዊ ነቑጣታት ካብ ምቛም ዘይሓልፍ ብምንባሩ፡ ነቲ ሽግር መሰረታዊ መፍትሒ ክገብርሉ ኣይተራእዩን። ዓበይቲ ዓዲ ዘይ- ተገዳስነት እንግሊዝ ምስ ተዓዘቡ፡ ተቐላጢፎም ነቲ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲ ደው ንምባል፡ ነቲ እንግሊዛውያን ዘበላሸዉዎ መሰረታዊ ፍታሕ ከናድዩሉ ተበገሱ።"
ግዜ ዕረፍቲ ስለ ዝኣኸለ እስማዒል ዘረብኡ ክቕጽል ኣይከኣለን። ብዙሕ ከይጸንሑ ክልቲኦም ነናብ ስርሖም ንኽምለሱ ዝጽውዕ ድምጺ ሓለቓኦም ሰምዑ። ነታ ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ዝተዓሸገት፡ ጠያይቲ፡ ቦምባታት መዳፍዕን ወተሃደራዊ ክዳውንትን ዝጸዓነት ናይ እንግሊዝ መርከብ ከራግፉ፡ ካብ'ቲ ኮፍ ኢሎሞ ዝነበሩ ባይታ ብድድ ኢሎም፡ ምስቶም ካልኦት ሰራሕተኛታት ተጸንበሩ።
ካልኣይ መዓልቲ፡ ናይ ቅድሚ ቀትሪ ስርሖም ወዲኦም፡ ከም ልሙድ ንኽምስሑን ክዕልሉን ናብ'ታ ዝለመድዋ ቦታ ኣምርሑ። እስማዒል ነቲ ዝነበረ ዕድል ንኽጥቀመሉ፡-"ትማሊ ጽን ኢልካ ሰሚዕካኒ፡ ሎሚ ድማ ክሰምዓካ ስለ ዘለኒ፡ ኩነታትኩም ኣብ ከበሳ ከመይ ነይሩ፡ ብኸመይ ኣሕሊፍኩሞ?" ክብል ንሓጎስ ሓተቶ።
ሓጎስ ከም ልማዱ ርእሱ እናሓኸኸ፡-"ኩነታትና ካብ ኩነታት ጎላጉል ኤርትራ ዝፍለ ኣይነበረን። ብዘይካ ስራሕ ኣልቦነትን ምንቁልቋል መነባብሮን፡ ጥሉልን ንቑጽን ሳዕርን ኣታኽልትን ዝበልዑ ሓሳኹ ዘራእትና ወዲኦሞ። ካልእ ዝዓበየ ሽግር ከኣ፡ ሽግር ናይቶም ክሓርሱ ዝተፈቕደሎም ሕማቕ መነባብሮ ዘሕለፉ ዝተጣየሱ ወተሃደራት ነይሩ። እቶም ወተሃደራት ብፍኑው መንገዲን ብዘይ ኣገባብን ተጣይሶም። መግዛእቲ እንግሊዝ ዘድልዮም ካሕሳ ወይ ደበስ ኣይከፈልዎምን ጥራይ

ዘይኮነ፡ ዝቐለለ ንህይወ- ቶም ክመርሑሉ ዝኽእሉ'ውን እንተኾነ ክሕግዙዎም ኣይተራእዩን።" ክብል መለሰ።
እስማዒል ዙቡይ ዑመሪት ትቕብል ኣቢሉ፡-"ወተሃደራት ድኣሞ ከመይ ገይሮም እዮም ሽግር ዓድታት ኮይኖም?" ኢሉ ምስ ሓተቶ።
ሓጎስ፡-"እቶም ዝተጣየሱ ውሑዳት ኣይነበሩን፡ ከም'ቲ እትፈልጦ ከበሳታት ኤርትራ ጻዕቂ ህዝቢ ስለ ዘለዎ፡ ጥልያን ነቲ ከባቢ ከም ገፌሕ ናይ ህዝቢ መኻዚኖ ስለ ዝቖጽሮ፡ ካብኡ መንእሰያት ብብዝሒ በስገዳድ ኣዐስኪሩ ኣብ ሠናት ኢትዮጵያ፡ ሊብያን ሶማልን የሳትፎም ነበረ። እንግሊዝ ነዞም ጥልያን በስገዳድ ዘዐስከሮም ብዘይ ገለ ሓገዝ ስለዘፋነዎም፡ ካልእ ዝገብሩዎ ነገር ስለ ዘይነበሮም፡ ናብ ዝተፈለላየ ዓድታት ወሓዙ። ሕጽረት መሬት ስለዝጋጠመ ድማ ዝሓርስዎ መሬት ንኽረኽቡ ዓቢ ጸገም ኮነ። ህውከትን ምትላልን ከኣ ነገሰ። ብተወሳኺ'ውን ኣብ መንጎ እቶም ዝተጣየሱ ወተሃደራትን ኣብ መንጎ ተቐማጦ ዓድታትን ናይ ሕነ ምፍዳይ ተግባራት እናተራእየ መጽአ። ምስ ዋንነት መሬት ብዝተኣሳሰር፡ ኣብ መንጎ ብደቀባት ዝፍለጡን ካብ ካልእ ከባቢታት መጺኦም ኣብ'ተን ዓድታት ዝሰፈሩ ተቐማጦን፡ ናይ ዘርኢን ዓሌትነትን ምፍሕፋሓት ክረአ ጀመረ። ናብ ደረጃ ምቅትታል ክዓርግ'ውን ከኣለ። እቲ ኩነታት እናበኣሰ ምስ ከደ፡ እቲ ዝነበረ ሓድነት ተቐማጦ እናላ- ሕለሐ ብምምጽኡ፡ ሰላም ተሳእኑ፡ ብዙሓት ዓድታቶም ገዲፎም ዝሕረስ መሬት ንኽረኽቡ፡ ናብ ዘይፈልጡዎ ከባቢታት ክስደዱ ተገደዱ።" ክብል ኣብርሃሉ።
ጣልያን፡ ካብ ከባቢ ዓድታት እስማዒል ብዙሓት ከዐስከር ዕድል ስለዘይረኸበ፡ እቶም ኣብ ግዜ እንግሊዝ ዝተፋነዉ ወተሃደራት'ቲ ከባቢ ውሑዳት ብምንባሮም፡ ዝኾነ ቁጠባውን ማሕበራውን ሽግር ክፈጥሩ ኣይከኣሉን። እስማዒል፡ ነዚ ኣቐዲሙ ይፈል- ጦ'ኳ እንተነበረ፡ እቶም ካብ ከበሳታት ኤርትራ ተዓስኪሮም ዝተጣየሱ'ሞ ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሽግራት ተኻፊልቲ ዝኾኑ ወተሃደራት፡ ቁጽሮም ክሳብ ብኣሽሓት ይበጽሕ ኢሉ ስለ ዘይገመተ፡ ብኣገላልጻ ሓጎስ እናተገረመ፡ ብዙሕ ክፈልጥ ከኣ ድልየት ስለ ዝነበሮ ሓጎስ ብስፍሕ ዝበለ ንክብርሃሉ ሓተቶ።
ሓጎስ ድልየት ናይ ዓርኩ ንከማልእ ዘረብኡ ብኸምዚ ዝስዕብ ቀጸለ፡- "እንግሊዝ፡ ተቐማጦ ዓድታት ናይ ማሕረስ መሬት ናይ ምርካብ መሰል እናጸበቦም ይመጽእ ከም ዘሎ እናተረድኡ፡ ነዚ ሽግር ብዕቱብ ርእዩ ክንዲ መፍትሒ ዘናዲ፡ ነቲ ብሰፋሮ ኢጣልያውያን ዝተገበተ፡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ሄክታራት ዝግመት መሬት፡ ዳግም ዋንነቱ ንኢጣልያውያን ኣረጋገጸ። ብዘይካ'ዚ ነቲ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር መግዛእቲ ኢጣልያ ዝነበረ ሓድሽ መሬት ንኢጣልያውያን፡ እንግሊዛውያንን ኣሜሪካውያንን ክዕድል ተበገሰ። እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ርኡይ ዓመጽን ወጽዓን፡ ነቲ ናይ ዓድታት ሽግራት እናኣጋደዶ መጽአ። መሬት ንባዕዳውያን ሰፋሮ ራህዋ እኳ እንተነበረ ንኤር- ትራውያን ግን ርኡይ ወጽዓ ነበረ።" ኢሉ ምስ ገለጸ፡ ግዜ ዕረፍቲ ስለ ዝተፋረቐ፡ ክልቲኦም ተተሓሒዞም ኣቐሑት መርከብ ክራግፉ ተበገሱ።

ግብረ-መልሲ ዜጋታት ኤርትራ ንግፍዕታትን ወጽዓን መግዛእታዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ቀሊል ኣይነበረን። ንፖሊሲታት እንግሊዝ ማለት፡ ንፖሊሲ መሬት፡ መነባብሮ፡ ምፍ- ናው ወተሃደራት፡ ኣድልዎን ዓሌትነንትን ዘኣመሰሉ፡ በቲ ዝነበሮም ዓቕምን ክእለ- ትን ክቃወሙ ተራእዩ። ገለ ካብ'ቲ ተቓውሞታት ምንዳድን ምብልሻውን ሕርሻታት ኢጣልያውያን ሰፋሮ፡ ምክያድ ንኣሸቱ ድብያታት ኣንጻር ሰራዊት እንግሊዝ፤ ክትራን ምዝራፍ ንብረት ሰፋሮን፤ ዓበይቲ ጽርግያታት ምዕጻውን፤ ካልእ እንግሊዛውያን "ናይ ሽፋቱ ስርሓት" ኢሎም ዘጠመቕዎ ጎነጻትን ክግለጽ ይከኣል።

## 3- ሓድሽ ኣንፈት ጉዕዞ መንእሰይ ኢድሪስ

ሞት ሸኽ መሓመድ ሳልሕ ጃብር፡ ንወይዘሮ ሙሉክ ዓብደልቃድር፡ ዓብይ ሞራላዊ ምንቁልቛል ኣኸተለ። ነቲ ሞቱ ዝፈጠሮ ሃጓፍ ክትጻወሮ ኣይከኣለትን። ሓልዮትን ናብዮትን ሰኣነት። እቲ ብዝያዳ ዘሕዝናን ዘጕሁያን ዝነበረ ጉዳይ፡ ናይ'ቶም ገለ ክፉል ናይ ለይቲ ግዚኦም ምስ ሸኽ መሓመድ ሳልሕ ጃብር ብምዕላል ዘሕልፍዎ ዝነበሩ መዛንኡ፡ (ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት በዓላት ዒድን ካልኦት በዓላትን እንተዘይኮይኑ) ናብ'ቲ ገዛ ምምልላስ ምቁራጾም ነበረ።
ወይዘሮ ሙሉክ ዓብዱልቃድር፡ ከም'ተን ናይ'ቲ እዋን'ቲ ወይዘራዝር፡ በቲ ዝተዋህባ ዕድል ዕግብትን ትዕግስተኛን ነበረት። ስለ ዝኾነ፡ በቲ ሓዋ ኣቶ ጃዕፈር ዓብዱልቃድር ዘቕርበላ ዝነበረ ውሑድ ደገፍ፡ (ኣብ ገለ እዋን'ውን ዝስኣን ዝነበረ) ዕግብቲ እምበር ምዕዝምዛም ኣይተዘውትርን ነበረት።
ኢድሪስ መሓመድ ሳልሕ ጃብር፡ ካብ ኣቡኡ ዓቢ ጾር ዝወረሰ መንእሰይ ብምንባሩ፡ ሓላፍነት ምንባይ ወላዲቱን ሓዉ ኣሕመድ ሳልሕ ጃብርን ክስከምን ነቲ ኣቡኡ ዝገደ- ፎ ሃጓፍ ክመልእን ናይ ግድን ኮኖ። ኣብ ምጽዋዕ ከም ተለኣኣኺ ዱኳን ጽርበት ዕንጸይቲ ድሕሪ ምስራሕ፡ ኣስዒቡ'ውን ዝተፈላለየ ናይ ቁንጅና ሃለኽቲ ነገራት፡ ከም ዕጣን፡ ኩሕሊ፡ ሸብ፡ ትከት [1]፡ ሕጅልን [2] ካትምን ደቂ-ኣንስትዮ ክነግድ ጀመረ።
እድሪስ፡ እቲ ዝሸጦ ኣቕሑ፡ ካብቶም ኣብ ጽርግያታት ከተማ ምጽዋዕ ኣቑሑት መሸጣ ዘቕርቡ፡ ባሕሪ ሰጊሮም ዝመጽኡ የመናውያን ይገዝእ ነበረ። ነቲ ዝገዝኦ ኣቑሑት፡ ኣብ ናይ ክራይ ገመል ጽዒኑ፡ እንተ ሰኣነ'ውን ኣብ ዝባኑ ተሰኪሙ፡ ምርቓን ፍቓድን ኣዲኡ ወሲዱ ጽሓይ ከይበረቀት ካብ ዓዱ፡ ዓድ ሸኽ-ሓሊብ ተበጊሱ፡ ጎላጉል ሸባሕን ገድገድን ሰንጢቑ፡ ነቲ ጽንኩር ባህሪ ዘለዎ ሩባ ላብካ ሓኹሩ፡ ጸሓይ ከይዓረበት ገለብ እተባህለት ዓዲ ይኣቱ ነበረ። ኣብኡ ምስ በጽሐ፡ ገለ ካብ'ቲ ዝተማልአ ኣቑሑት ንወነንቲ ዱኳናት'ታ ዓዲ ሸይጡ፡ ናብ ገዛ'ቲ ዱካን ዝውንን ዓርኩ ማሕሙድ ደበሳይ ዝበሃል ከይዱ፡ ምስኡ ቐሩብ ኣዕሊሉን ተደሪሩን ምስ ዓርኩ ይድቅስ ነበረ።
ካልኣይቲ መዓልቲ፡ ከም ልሙድ ጽሓይ ከይበረቐት፡ ነቲ ዝተረፈ ኣቑሑቱ ተሰኪሙ ኣኻውሕን ሽንጭሮታትን በብሓደ እናሰገረ፡ ሰላት ኣልዙሁር ክትውዳእ [3] ናብ ከተማ ከረን ደበኽ ይብል ነበረ። ቐሩብ ምስ ኣዕረፈ ኣብ'ቶም ገዓት ብልቱግን ጸባን ዘቕርቡ ኣብያተ-መግቢ ከረን ተመሲሑ፡ ናብቶም ዝተማልአ ኣቑሑት ዝገዝኡ ወነንቲ ድኳናት የምርሕ። የርብሓኒ'ዩ ኢሉ ብዝገመቶ ዋጋ ድማ፡ ኣቑሑቱ ሸይጡ፡ ናብ ዓዲ ብዝቐ-፡ ልጠፈ ንኽምለስ ብእዋኑ ኣብ ከረን ዝሓድረሉ ቦታ መሪጹ፡ ክሳብ ወጋሕታ የዕርፍ ነበረ።

---

(1) ትከት፡ ብብሩር ዝተሰርሐ ደቂ-ኣንስትዮ ብሄረ ትግረ ኣብ ኢደን ዝኣስርኦ ወይ ዝጥቀማሉ'ዩ።
(2) ሕጀል ብብሩር ዝተሰርሐ ኣብ እግሪ ዝእሰር ፡ መብዛሕትአን ደቂ-ኣንስትዮ ብሄረ ትግረ ዝጥቀማሉ'ዩ።
(3) ሰላት ኣልዙሁር፡ ድሕሪ ቀትሪ ዘሎ ምስጋድ'ዩ።

ሳልሰይቲ መዓልቲ፡ መሕደሪኡ ገለብ ንክኸውን፡ ኣንጊሁ ካብ ከረን ይብገስ፡ ኣብ ራብዓይቲ መዓልቲ ድማ ብሰላም ዓድ ሸኽ-ሓሊብ ይኣቱ። ከየዕረፈ ናብታ ኣብ ሻቕሎት ዝቐነየት ወላዲቱ ኣምሪሑ፡ ኢዳን ርእሳን ስዒሙ፡ ነተን ዝኸሰበን ገለ ሽልናት እንግሊዝ ኣረኪቡዋ፡ ተደሪሩ፡ ክሳብ ናይ ወጋሕታ ኣዛን ዝለዓል ኣብ ዓሚቝ ድቃስ ይሸመም።

ኢድሪስ ኣብ መገሹ ጸገማት የጋጥሞ እኳ እንተነበረ፡ ናይ ንግድ ስራሕ ኣካይዱ ንወላዲቱን ንእሽቶ ሓዉን ክናቢ እንከሎ ዓቢ ኩርዓት ይስምዖ ነበረ። ክንዲ ሰብ ስለ ዝኣኸለ ስርሑ ብግቡእ እናኣካየደ ንኽነብር ሓበን ተሰምዖ። በቲ ዝረኸቦ ኣታዊን ጽቡቕ ዕርክነት ምስ ነጋዶን ድማ ዕጉብ ነበረ።

ብኣንጻሩ፡ ወይዘሮ ሙሉክ ዓብዱልቃድር፡ ወዳ ነዊሕ ጉዕዞ ተጻዊሩ ኣብ ከተማ ከረን ክነግድ የሻቅላ ነበረ። ኢድሪስ ካብ መገሹ ክሳዕ ዝምለስ ከኣ ምስ ምሉእ ጥዕንኡ ከም ዘሎ ክሳዕ ዘየረጋገጸት ካብ ስግኣትን ሻቕሎትን ክትናገፍ ኣይትኽእልን ነበረት።

ከተማ ከረን ንምብጻሕ፡ ኢድሪስ ዝኽተሎ መገዲ ሸባሕ-ገድገድ፡ ስጋን ደምን  ወዲ ሰብ ዝለመዱ ኣዛብእ ዝዕንድርሉን ሸፋቱ ካብ-ናብ ዓንሰባን ሰምሃርን ከም መሰጋገሪ ዝጥቀምሉን ብምንባሩ፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ መንገዲ ኢዩ ነይሩ። ኩነታት ናይ'ዚ መንገዲ'ዚ ኩሎም ተቐማጦ ዓዲ ሸኽ-ሓሊብ እንተላይ ወይዘሮ ሙሉክ ዓብዱልቃድር ይፈልጥዎ ብምንባሮም፡ ኢድሪስ በዚ መገዲ'ዚ ክጓዓዝ እንከሎ፡ ንሻቕሎት ወይዘሮ ሙሉክ ዘጋድድ ጉዳይ እናኾነ መጽአ።

ኢድሪስ በዚ መገዲ'ዚ ንኽይጓዓዝ፡ ኣብ ከተማ ከረን ዘካይዶ ናይ ንግድ ስራሕ ከቋርጽን ካልእ ኣማራጺ ክናድን፡ ወይዘሮ ሙሉክ ብዙሕ እኳ እንተ ጽዓረት፡ ኢድሪስ ከም'ቲ ወላዲቱ እትብሎ "ነቓጽ" ብምንባሩ፡ ካብ'ቲ ዘካይዶ ስራሕ መኽሰብ ረኺቡ ንስድራ-ቤቱ ይዕንግል ከም ዘሎ፡ ነቲ ስራሕ እንተራሕሪሕዎ ድማ ናብርኡ ክመርሕ ከም ዘይክእል ክቱር እምነት ስለ ዘሕደረ፡ ነቲ ወይዘሮ ሙሉክ እትጠልቦ ዝነበረት ክሰምዕ ወይ ከማልእ ፍቓደኛ ኣይነበረን።

ብዘይካ'ዚ ወይዘሮ ሙሉክ ዕድመ እናደፍአት ትመጽእ ብምንባራ፡ መጻኢ ናይቲ ዕስራን ክልተን ዓመት ዝመልአ ወዳ ኢድሪስ ከየረጋገጸት፡ ኣብ መገዲ ሞት እትሰምዮ መገዲ ሸባሕ-ገድገድ ከይጠፍእ ክትሰግእ ብምጅማራ፡ ካብ ጥፍኣት ክተድሕኖን መጻኢኡ ከተረጋግጽን ዘኽእላ ብልሓት ክትሓስብ ጀመረት። ሓንቲ ለይቲ ኢድሪስ ካብ ጉዕዞኡ ተመሊሱ እናተደረረ እንከሎ፡ ኣሕመድ ኣብ ቅድሚኡ ተገቲሩ፡-"እምበይተይ (ንወላዲቶም ዘንጢሎም ብሽማ ክጽውዕዋ ስለ ዘይደፍሩ) ትጽውዓካ ኣላ፡" በሎ።

ኢድሪስ ብምግራም፡-"እንታይ ኢላህኒ ኣይ ድሓን'ድያ?" ክብል ንሓዉ ሓተቶ።

ኣሕመድ ትቕብል ኣቢሉ፡-"እንታይ ከም ዝደለየትካ ዝፈልጦ የብለይን፡ እንተ ጥዕንኣ ግን ጽቡቕ ኣላ፡ ጥራይ ጸውዓዮ ኢያ ኢላትኒ።" ኢሉ ኣብርሃሉ።

ኢድሪስ ወላዲቱ እንታይ ከም እትደሊ ክፈልጥ ወይ ክትንበ'ኳ እንተፈተነ ከም'ቲ ዝሓሰቦ ኣይኮነን። ኣብ እዋን ድቃሱ ምጽዋዓ እናገረሞ፡ ሓሚማ ወይ ተጸሊእዋ

ከይከ- ውን ከኣ ሰግኣ። ዝኾነ ኾይኑ ትኽ ኢሉ ናብ'ቲ ዘላቶ ኣምርሐ። ወይዘሮ ሙሉክ፡ ኣብ ጎና ኮፍ ምስ በለ ብየማነይቲ ኢዳ ርእሱ  እናደረዘት፡-"ነቲ ዝብለካ ብተገዳስነት ጽን ኢልካ ስምዓዮ፡" ክትብል ናይ ውሉድን ወላድን  ማዕዳ ጀመረት።
እድሪስ፡-"ድሓን'ዶ እምበይተይ?" ክብል ምስ መለሰ፡ ወይዘሮ ሙሊክ ፍሽኽ እናበለት "ድሓን'ዩ ክትብል" መለሰት።

ኢድሪስ እቲ ክትብሎ እትደሊ ናይ ድሓን ኣይኮነን ዝብል ስምዒት ብምሕዳር፡-"እንታይ ኰንኪ ዘይትዛረቢ፡ ድሓን ዲኺ? ተጸሊኡኪ እንተሎ ዝሕግዝ ሰብ ክጽውዕ" ክብል ፍርሒ ዝተሓወሶ ሕቶታት ኣቕረበላ።

ወይዘሮ ሙሉክ፡ ኢድሪስ ዝድኾሰሉ ግዜ ከም ዝተቓረበ ብምግንዛባ፡ግዜ ከየባኸነት፡ ፍቕርን ተገዳስነትን ብዝመልኡ ድምጺ፡-"ኣንታ ወደይ ንዓይን ንሓውኻን ክትብል ብዙሕ ጽዒርካ፡ ንዓና ንምንባይ ግዜኻን ጻዕርኻን ኣይቆጠበካን። በዚ ድማ ብጣዕሚ ዕግብትን ሕጉስትን'የ። ይኹን'ምበር፡ ካብ ነዊሕ ግዜ ገለ ዝስመዓኒ ሽግር ኣሎ?" ዘረብኣ ከይወድኣት ኢድሪስ፡-" እንታይ ሽግሩዩ እዚ ክትብልዮ እትደልዩ  በልዮ።" ብምባል ኮለፉ።

ወይዘሮ ሙሉክ "ክትብልዮ እትደልዩ በልዬ" ዝብል ምስ ሰምዐት፡ ወዳ ክሳብ ክንደይ ከም ዝጨከነ ስለ ዝተገንዘበት፡ ነብሳ  ክትቆጻጸር ብዘይምኽኣላ፡ ነቲ ዓሲሉ ዝነበረ ህድኣት ብብኽያት ዘረገቶ።

ኢድሪስ መብዛሕትኡ እዋን፡ ወላዲቱ ንእትደልዮ ነገር ብኽያት ኣሰንያ ከም እትገልጾ ይርዳእ ብምንባሩ፡ ብብኽያታ ከይተገደሰ፡-"እምበይተይ ብኽያት እንታይ ኣምጽኦ? እንታይ ኢኺ እትደልዪ ዘለኺ። እንታይ'ከ ረኺቡኪ? ከም ውላድኪ ዝኾነ እትሓትዩ ከም ዘማልኣልኪ ትፈልጢ እንዲኺ?" ክብል ብልዙብ ኣገባብን ሓልዮትን ሓተታ።

ወይዘሮ ሙሉክ ሕንቕንቕ እናበለት፡-"ስራሕካ ሓደገኛ ብምኳኑ ክፈርሕ ጀሚረ፡ እቲ ትኽተሎ መገዲ ሽባሕ-ገድገድ ብኣዛብእን ሽፋቱን ስለ ዝተዓብለለ፡ ናይ መኽሰብን ክሳራን ንጎድኒ ገዲፍና፡ ጉዕዞኻ ናብ መገዲ ሞት እዩ ተቐይሩ ዘሎ።" ክትብል ደርጉሓትሉ።

ኢድሪስ፡ ወላዲቱ ሙሉክ ዓብደልቃድር፡ ነቲ ዘካይዶ ንግድ ከቋርጽ ትጠልብ ከም ዘላ ስለ ዝተረድኦ፡ ዕቱብነት ብዝመልኦ ኣዘራርባ፡-"ዘካይዶ ዘለኹ ናይ ንግድ ስራሕ፡ ቅድሚ ሕጂ ከም ዝተዘራረብናሉ ትዝክርዮ ትኾኒ። እዚ ትብልዮ ዘለኺ'ውን ሓዲሽ ኣይኮነን ሻቕሎትኪ ኣብ ግምት ዝኣቱ ይኹን'ምበር፡ ንዓኺ ንምሕጋዝ ኢለ እሰርሕ ከም ዘለኹ ትፈልጢ እንዲኺ?" ክብል ብትሪ መለሰላ።

"ብዝኾነ ነቲ ኣብ መገዲ ሞት እናተመላለስካ ተካይዶ ዘሎኻ ንግድ ደው ኣብሎ እየ ዝብለካ ዘለኹ።" እትሪራ ተዛረበት።

"ከመይ ጌርና'ሽ ንነባበር። መተካእታ ዝኾነና'ሽ እንታይ ኣሎ?" ቅሩብ ጽን ኢላ ሓሰበት፡-"ካልእ ስራሕ ምድላይ ይከኣል እዩ። ከም'ቲ ዓርክኻ እስማዒል ወዲ ሸኽ ዙቡይ ዑመሪት፡ ኣብ ወደብ ምጽዋዕ እናሰርሐ ንስድርኡ ዝናቢ ዘሎ ክትገብር ትኽእል ኢ'ኻ። ክትብል ሓሳባታ ኣካፈለቶ።

ኢድሪስ እናሰሓቐ ነቲ ናይ ወላዲቱ ሻቕሎት ንኽፋኹስ፡-"እወ ዓርከይ እስማዒል ኣብ ወደብ ምጽዋዕ እዩ ዝሰርሕ ዘሎ። ጥዑይ መንእሰይ ብምዃኑ፡ ቀልጢፉ ገዝኡ ይኣቱ። ነቲ ዝረኸቦ እቶት ብብዙሕ ጻዕሪን ጸበባን እዩ ዝረኽቦ። ስርሑ ድማ ምስ ምምጻእ መራኽብ ዝተተሓሓዘ'ዩ። ብዙሕ ድማ ስለ ዘይመጽኣ፡ እንተመጽኣ'ውን ድሕሪ ሳምን- ታት ወይ'ውን ኣዋርሕ ስለ ዝኾነ፡ ካብ'ቲ ዝሰርሖ ዘይሰርሖ ይበዝሕ።" ኢሉ ከእምና እንተፈተነ ብዙሕ ኣየቃለበትሉን።
"ኣዲኡ ወይዘሮ በኺታ ዓሊ ከይተሻቐለት፡ ኣብ ህዱእ ኩነታት ይነብር ኣሎ። እዚ ድማ እዩ ዝድለ።" ብምባል ንሳ ብእትደልዮ መገዲ ጥራሕ መለሰትሉ።
ኢድሪስ ዓቕሊ ጽበት እናኣርኣየ፡-"ዘጋጥመና ሽግር ገዲፍና፡ እቲ ካብ ስራሕ ዝረኽቦ ዘለኹ ኣታዊ ድርብ ናይ'ቲ ዓርከይ እስማዒል ዝረኽቦ'ዩ። ስለ ዝኾነ ካብ መነባብሮ ስድራ-ቤት ሸኽ ዙቡይ ዑመሪት ዝሓሸ ናብራ ኣለና።" እናበለ ነቲ ክርክር ዶብ ክገ- ብረሉ ጸዓረ።
ወይዘሮ ሙሉክ በቲ ኢድሪስ ዘቕረቦ ሙጉት ትሰማማዕ እኳ እንተነበረት፡ ቀንዲ ድልየታ ነቲ ዘካይዶ ስራሕ ክገድፍ ብምንባሩ፡-"ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ክትሰርሕ ድል- የት እንተዘይብልካ፡ ኮለል ከይበልካ ኣመት ንግድኻ ክትገብር፡ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ሓንቲ ንእሽቶይ ናይ ንግድ ዱኳን ክትከፍት ትኽእል ኢኻ።" ዝብል ሓዲሽ ምጉት ኣቕረበትሉ።
ኢድሪስ በዚ ሓሳብ'ዚ ተመሲጡ፡ ቅድሚ ሕጂ ከምኡ ብዘይምሕሳቡ ቅር እናበሎ፡ ብታህዋኽ፡-"ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ዱኳን ከኽፍተኒ ዝኽእል ገንዘብ ካበይ ክረክብ?" ክብል ንወላዲቱ ኣዋጠራ።
ወይዘሮ ሙሉክ ንኢድሪስ ክትጸልዎ ከም ዝጀመረት ብምርዳኣ፡ ተቐላጢፋ፡- "ገለ ወይ ኩሉ ካብ'ቲ ኣቦኻ ሸኽ መሓመድ ጃብር ዘውረሰና ጥሪት ሼጥካ ዱኳን ክትከፍት ተቓውሞ የብለይን።" ክትብል መለሰትሉ።
ኢድሪስ ቀዚዙ፡ ዝብሎ ስለ ዝስኣነ፡ ነቲ ወላዲቱ ዘቕረበትሉ ሓሳብ ዝነጽግ ወይ ዝድግፍ ጥሙር ሓሳብ ስለ ዘይነበሮ፡ ነቲ ጉዳይ ዕድል ረኺቡ ንኽሓስበሉ፡- "ደኺመ ስለ ዘለኹ፡ ዝድለ መልሲ ጽባሕ ከቕርበልኪ እናተመባጸዕኩ፡ ንኽድቅስ ክተፍቅድለይ እልምነኪ።" ኢሉ ነቲ ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ዝነበረ ክርክር ክዓጽዎ ዕድል ረኸበ።
ወይዘሮ ሙሉክ ከኣ ድልየታ ክሰምረላ ምዃኑ ስለ ዘረጋገጸት፡ ካልእ ኣርእስቲ ከየልዓለት፡-"ድሓን ሕደር።" ክትብል መለሰትሉ።
ኢድሪስ፡ ካብ'ቲ ዝተጸወዓሉ እዋን፡ ድቃስ ካብ ዓይኑ ስለ ዝበረረት፡ ሰለም ክብል ኣይከኣለን። ኩሉ ኣእምሮኡ ናብ'ቲ ወይዘሮ ሙሉክ ዘቕረበቶ ሓሳብ ቀንዐ። ጥሪት ሸይጡ ክንደይ ገንዘብ ይረክብ? ብኽንደይ ይሸየጥ? ናብ መን'ከ? ዝብሉ ሕቶታት ክጭነቖም ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ገለ 5-10 ከብቲ ከምኡ'ውን ክንድኣን ዝኣኽላ ጤለ-በጊዕ እንተሸጠ፡ እቲ ዝድለ ገንዘብ ከጠራቕም ከም ዝኽእል፡ ኣብ መደምደምታ ምስ በጽሐ፡ ቅሳነት ስለ ዝተሰምዖ ኣብ ዓሚቑ ድቃስ ኣተወ።

ወይዘሮ ሙሉክ፡ ሰላት ኣልፈጅር ወዲኣ፡ ብጠስሚ ዝተኸለሰት ገዓት ማሽላ ሒዛ ናብ'ቲ ኢድሪስ ዝደቀሰሉ ቦታ ኣምረሐት።
"ከመይ ሓዲርካ? ቁርሲ ተዳልዩ'ሎ።" ኢላ ካብ ድቃስ ኣበራበረቶ።
ኢድሪስ፡ የማነ ጸጋም ቁሊሕ ምሊሕ እናበለ፡ ወላዲቱ ቁርሲ ሒዛ ብጎድኑ ደዉ ኢላ ከም ዘላ ምስ ተዓዘበ ወሰን ዘይብሉ ሓጎስ ተሰምዖ። ብድድ ኢሉ ነታ ማይ ዝሓዘለት ጥቕኡ ዝነበረት ኣብሪቕ [1] ኣልዒሉ፡ ናብ'ቲ ናይ ወጋሕታ ሽንቲ ዘፍስሰሉ ቦታ ተመርቀፈ። ምስ ወድኤ ተመሊሱ፡ ናይ ንግሆ ጸሎት (ሰላት) ጸልዩ፡ ካብ'ቲ ኣዲኡ ዘዳለወትሉ ገዓት ኢናኹለሰ፡-"ነቲ ትማሊ ዘቕረ- ብክዮ ሓሳብ ንምትግባር ገለ ጥሪት ክሸይጥ ወሲነ ኣለኹ።" ክብል ኣበሰራ።
"ግርም ሓሲብካ እዚ ወደይ።"ክትብል መለሰትሉ ወይዘሮ ሙሉክ ዓብደልቃድር።
ኢድሪስ ተቐላጢፉ ጥሪቱ ኣብ ዕዳጋ ብምሻጥ ጸሓይ ከይዓረበት እንከላ ንገዝኡ ተመሊሱ ንወላዲቱ ንከበስር፡ ገና ጸሓይ ኣጸቢቓ ከይበረቐት ጥሪቱ ሒዙ ናብ ዕዳጋ ተበገሰ። ኣንጊሁ ስለ ዝመጽአ፡ ብዘይካ ክልተ ኣብ ዕዳጋ ዝሓደሩ ዝቐደሞ ሰብ ኣይነበረን።
ዕዳጋ ኣብ ዝተኸፍተሉ፡ ኢድሪስ ምስ ገለ ነጋዶ ዋጋ ዕዳጋ እናገበረ፡ ሓደ ካብቶም ነጋዶ፡ ነተን ዘምጽአን ሓሙሽተ ከብትን ትሽዓተ ጤለ-በጊዕን ብጅምላ ብዓሰርተ ሓሙሽተ ጂኔ [2] ክገዝአን ሓሳብ ኣቕረበሉ። እቲ ዝቐረበ ገንዘብ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ዱኳን ንምኽፋት የብቕዕ ብምንባሩ ኢድሪስ ከይተወላወለ፡ ነቲ ዝቐረበሉ ዕድል ተቐበሎ። ከም ምልክት ስምምዕ ምስ'ቲ ነጋዳይ ብሓባር ኮይኖም ጸለዩ፡ ገለ ቅሩብ ሽልናት ከም ናይ መሸጣ ቀረጽ ነቶም ዝምልከቶም ከፊሉ ከኣ ከይውዓለ ንዓዱ ተመልሰ።
ወይዘሮ ሙሉክ በቲ ኢድሪስ ዝተዓወተሉ ጉዳይ ሓጎስ እናተሰምዓ፡-"ድልየተይ ከም እትፍጽመለይ ልበይ ነጊሩኒ ኔሩ፡ እንሆ ድማ ሓሳብ ልበይ ብምስማሩ ንፈጣሪ ኣመስግን። ኣምላኽ ይሓግዝካ።" እናበለት መረቐቶ።
ኣስዒባ፡-"ሓንቲ ዘይተወድኤት ጉዳይ'ውን ኣላትኒ።" በለት። ሓጎስን ባህታን ብዝዓሰሎ ኩነት ኢድሪስ ብምግራም ጠመታ፡-"ሕጂ'ሽ እምበይተይ፡ ካብ ምኽፋት ድኳን ዝዓቢ ጉዳይ ኣሎ'ድዩ?" በላ።
"እወ ኣሎ።" ኢላ ድሕር ከይበለት መለሰትሉ።
ኢድሪስ ኣብ ሓድሽ ክርክር ክኣቱ ድልየት ስለ ዘይነበሮ፡-"በሊ ኣብ ካልእ ኣጋጣሚ ንዛረበሉ።" ኢሉ መገዲ ከልኣ።
ወይዘሮ ሙሉክ ብወገና ነቲ ዝነበረ ሓጎስ ክትዘርግ ስለ ዘይደለየት፡-"ሕራይ ካልእ ግዜ ይኹነልና።" ኢላ መለሰት።
ድሕሪ ሳልስቲ፡ ኢድሪስ ብመሰረት ምኽሪ ወላዲቱ፡ ምስ ሓደ ሓጅ ዑመር ኣፈንዲ ዝተባህለ ዘመድ ወይዘሮ ሙሉክ ተራኺቡ፡ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ፡ "ሓገዝካ ደልየ።" ክብል ኣተንብሃሉ።

---

[1] ኣብሪቕ፡ ማይ ዝሓዘ ካብ ቆርበት ዝተሰርሐ ኣቕሓ'ዩ ።
[2] ጂኔ ኣብ ግዜ እንግሊዝ ኣብ ኤርትራን ምብራቕ ኣፍሪቃን ዝዝውተር ዝነበረ ናይ እንግሊዝ ባጤራ'ዩ።

ሓጅ ዑመር ኣፈንዲ ትቕብል ኣቢሉ፡-“ድሓን ድዩ ?” ኢሉ ሓተቶ።
ኢድሪስ፡-“ዝነበረኒ ናይ ንግድ ስራሕ ገዲፈ፡ ኣብዚ ከተማ ንእሽተይ ክነግደላ ዝኽእል ድኳን ንምርካብ ክትሕግዘኒ መጺኤካ ኣለኹ።” በሎ ዘረባ ከየንወሐ።
ሓጅ ዑመር ኣፈንዲ፡-“ድኳን ንምርካብ ዘጸግም ኣይኮነን። ክንደይ ገንዘብ ሂብና ክንረኽቦ ከም እንኽእል ግን ሕጂ ክትምበየልካ ኣይክእልን።” ኢሉ መለሰ'ሞ ቀጺሉ፡-“ብምንታይ ክትነግድ ደሊኻ?” ክብል ሓተቶ።
ኢድሪስ፡-“እንተተኻኢሉ ናውቲ ስነ-ጽባቐ ክሽቅጥ፡ እንተዘይ ተኻእለ ሽኮር፡ ሓርጭ፡ ዘይትን ካልእን ክነግድ እኽእል'የ።” ክብል መለሰሉ ተኣኒኑ።
ሓጂ ኣፈንዲ እናተጠራጠረ፡-“ገንዘብ ካበይ ከተምጽእ ኢኻ። ወይዘሮ ሙሉክ'ከ እንታየን ክብላ?” ክብል ሓተቶ።
ኢድሪስ ትቕብል ኣቢሉ፡-“ድኳን ክኽፍት ድልየት ናይ እምበይተይ ኢዩ። ንሳ እያ ድማ ክረኽበካን ብዛዕባ'ዚ ክገልጸልካን ዝሓበረትኒ። ብዛዕባ ገንዘብ እንተኾነ ገለ ካብተን እንውንነን ጥሪት ሼጥና ኣለና።” ብምባል ካብቲ ዝነበሮ ጥርጣረ ከውጽኦ ፈተነ።
ሽኽ ኣፈንዲ ብውሕልነት ወይዘሮ ሙሉክ እናተመሰጠ፡-“ጽባሕ ናብ ሓደ ደላላይ ዓርከይ ከይደ፡ ብዝቐልጠፈ መልሲ ክቕርበልካ'የ።” ኢሉ ኣፋነዎ።
ድሕሪ ራብዕቲ፡ ሽኽ ዑመር ኣፈንዲ ናብ ገዛ ኢድሪስ መጺኡ ኣወል ቡን ምስ ሰተየ፡ ንወይዘሮ ሙሉክን ወደንን እናጠመተ፡-“ንኢድሪስ እትበቅዕ ዝተፈላለየ ኣቑሑ ስነ-ጽባቐ፡ መግቢ፡ ናይ ደቀንስትዮ ስፉያት ዝሸየጡላን ካልኦት ሰፊይቲ ክዳውንቲ ዝርከብዋ ኣብ ሹቕ ዓረቢ እትርከብ ሓንቲ ንእሽተይ ናይ ክራይ ድኳን ረኺበ ኣለኹ” ብምባል ኣበሰሮም።
ኢድሪስ ብታሕጓስ ክነጥር እናደለየ፡-“ሓቂ ድዩ ኣብ ሹቕ ዓረቢ ድኳን ረኺብካለይ? ኣብኡ ክርከብ ዝኽእል ኣይመስለንን ዝነበረ። እዚ ሹቕ ብዙሓት የመናውያን፡ ጥልያንን ኣይሁድን ዝርከብዎን ዝዕድግሉን ቦታ ኢዩ። ናይ ብሓቂ ዓቢ ዕድል እዩ። ኣብኡ ዝሰርሕ ዝተረጋገጸ መኽሰብ ኢዩ ዝሓፍስ።” ክብል ሓጎሱ ገለጸ።
ሓጂ ዑመር ኣፈንዲ ንኢድሪስ ብምኹላፍ፡-“ጽባሕ ብዛዕባ ዋጋ ናይ'ቲ ክራይ ክንረዳዳእ፡ ናብ ዋና'ቲ ዱኳን ክንብገስ ኢና፡ ጽቡቕ ዕድል ከጋጥመካ እምነየልካ።” እናበለ ዘረብኡ ዓጸወ።
ወይዘሮ ሙሉክ፡ ካብቲ ኮፍ ዝበለቶ ብድድ ኢላ፡ ንሓጅ ዑመር ኣፈንዲ ኣሞገሰትን መረቐትን። ንጽባሒቱ ብመሰረት'ቲ ቆጸራ፡ ሓጂ ዑመር ኣፈንዲን ኢድሪስን፡ ነቲ ዓቢይ ሃብታምን ብዙሕ ገዛውቲ ዝውንንን ዋና'ቲ ዱኳን ንምርካብ ንከተማ ምጽዋዕ ተበገሱ። ምስ ተራኸቡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መጀመርታ ወርሒ ኢድሪስ ፍርቂ ጂኔ ክራይ ዱኳን ክኸፍል። ከም መሓለውታ፡ እቲ ዱኳን እንተተበላሸወ መዐረይ ዝኸውን፡ ተመላሲ ናይ ሰለስተ ወርሒ ክራይ ኣቕዲሙ ከረክብ ተሰማምዑ። ነዚ ብምፍጻም ኢድሪስ ድልየትን ባህግን ወይዘሮ ሙሉክ ዓብደልቃድር ኣማልአ። በዚ ድማ፡ ነቲ ዘካይዶ ዝነበረ ናይ ጉዕዞ ንግድ ኣቋሪጹ፡ ኣብ ሓዲሽ ናይ ንግድ ሃዋህው ክጽመድ ጀመረ።

## 4- ኢድሪስን ምድስካል ስራሕን

ኢድሪስ፡ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ኣብ ዝርከብ ሹቕ ኣልዓረቢ፡ ናይ ንግድ ንጥፈታት ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን፡ ቁጠባዊ ኩነታት ተቐማጦ እናኣንቀልቀለ ክመጽእ ጀመረ። ስራሕ ኣልቦነት ኣብ ዝለዓለ ጫፍ ብምብጽሑ ከኣ ነቲ ዝነበረ ቁጠባዊ ቅልውላው እናኣዛየዶ መጽአ። ብዘይካ እቶም ንቑጠባ ሃገር ዝተቖጻጸሩ ኤውሮጳውያን፡ ኩሎም ኤርትራውያን ኣብ ሕማቕ መነባብሮ ተሸመሙ። ብሰንኪ'ቲ ኩነታት ኣብ ሞንጎ ኤርትራውያን፡ ኢጣልያውያን፡ እንግሊዛውያንን ህንዳውያንን ዓቢ ምጥምማትን ክቱር ጽልእን ሰፈነ።
ምምሕዳር መግዛእቲ ብሪጣንያ ብወገኑ፡ ንምምሕያሽ ቁጠባዊ ኩነታት ሃገር ዝኾነ ይኹን መፍትሒ ከናዲ ኣይተራእየን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣውራ ብፖለቲካዊ ምኽንያት፡ ቁጠባ ሃገር ብፍላጥ ንምዕናው ተበገሰ። ኩሎም ዜጋታት እንተላይ ደቂ ሸኽ መሓመድ ሳልሕ ጃብር፡ ኢድሪስን ኣሕመድን ናይ'ቲ እዋን ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ክኾኑ በቕዑ።
ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ማለት ኣብ መወዳእታ ኣርብዓታት፡ ከም ልምዲ ብፍላይ ተቐማጦ ዓዲ ሸኽ ሓሊብ፡ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገር ንምዝታይ ነፍሲ ወከፍ ምሸት ይእከቡ ነበሩ። ሓደ ምሸት ኢድሪስ ንሓዉ ኣሕመድ፡ ምናልባት ምስ ኣዕሩኽቱ ኣብ ዝካተዓሉ ይጠቕሞ ይኸውን ብምባል፡ ብዛዕባ "ወጽዓ እንግሊዝ" ክገልጸሉ ብምውሳን፡-"እንግሊዛውያን ቁጠባ ሃገርና ንኽዓኑ ዓቢ እጃም ከም ዝጻወቱ ዘለዉ ትግንዘብ'ዶ ኣሎኻ?" ኢሉ ምስ ሓተቶ ኣሕመድ ብምግራም፡-"ምዕናው ቁጠባ ሃገር እንታይ ማለት እዩ?" ክብል ሓተቶ።
ኢድሪስ፡-"እንግሊዛውያን ንኤርትራ ሃገርና ንምልሓቕ ዝካየድ ዝነበረ ናይ ሃይለ ስላሴ ውዲት ይድግፉ ብምንባሮም፡ ኤርትራ ቁጠባዊ መጻኢ ከም ዘይብላ፡ ደቃ ከተዐንግል ከም ዘይትኽእል፡ መጻኢኣ ክመሓየሽ እንተኾይኑ ድማ ኣብ ሞንጎ ሱዳንን ኢትዮጵያን ክትመቓቐል ይግባእ ንዝብል ሓሳቦም ክዉን ንምግባር ሃቀኑ። ንናይ ሃይለስላሴ ናይ ኢልሓቕ ድልየት ክዉን ንምግባር ድማ፡ ቁጠባ ሃገር ንምዕናው ዝከኣሎም ይሰርሑ ነበሩ።" ኢሉ ኣብርሃሉ።
ኣሕመድ ተገረመ። ነቲ ኢድሪስ ዝበሎ ምስ'ቲ ዝተፈላለዩ ተመሃሮን መማህራንን ዝብሉዎ ዝነበሩ እናኣዛመደ፡ ብዙሕ ክፈልጥ ብምድላይ፡ እዚ ድማ ካብ ኢድሪስ ክረኽቦ ከም ዝኽእል እምነት ብምሕዳር፡-"እንግሊዛውያን ቁጠባና ንምዕናው ብኸመይ ኣገባብ ይሰርሑ?" ክብል ሓተቶ።
ኢድሪስ ብሕቶ ኣሕመድ ተመሲጡ፡-"እንግሊዛውያን ዕላምኦም ንምጭባጥ ብክልተ ኣገባብ ክዓዩ ጀመሩ። እቲ ቀዳማይ ዝኾነ ይኹን ሓዲሽ ቁጠባዊ ወይ ሕርሻዊ ትካላት ከይህነጽ። ዝተፈላለያ ፋብሪካታት፡ ኣባይቲ መንግስቲ፡ ድልድላትን መዕረፊ ነፈርትን ንከይጽገን ዝከኣለካ ምግባር ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ኣገባብ ንብረት ሃገር ኣብ ዕዳጋ ኣውሪድካ ምሻጥ ስለ ዝነበረ ((Picture ዝተሸጠ ንብረት)) ፡ ኣብ ምጽዋዕ ጸዓንትን ሰፍሰፍቲ ኣቑሑትን፡ ዝተፈላለያ መራኽብ፡ መኻዚኖታት

ነዳዲ፣ ተለፈሪካ፣ ኣቑሑት ፍተሻ ነዳዲ፣ ፋብሪካ ሰመንቶ፣ ፋብሪካ ፖታስዩም፣ ባጎኒታት ባቡር...ናብ ካልኦት ሃገራት ብምግዓዝ ምሻጥ ነበረ። እዚ ኩሉ ንብረት ናብ ኢጣልያውያንን ህንዳውያንን ነጋዶ ብዝሓሰረ ዋጋ ኢዩ ተሸይጡ።" ብምባል ብሓውሲ ዝርዝር እናገለጸ ኣስዒቡ፡-"እንግሊዛውያን ከምዚ ዝገበሩ ንድልየትን

ህርፋንን ኢትዮጵያውያን፣ ገለ ዓበይቲ ሃብታማት ኤርትራውያን፣ (ከም'ቲ ድኳን ዝተኻረናሉ ሃብታም) ንምምላእ ኢዩ።" ኢሉ ክገልጽ ፈተነ።

ኣሕመድ ነቲ ብኢድሪስ ዝቐርብ ዝነበረ ትንታኔ ዕላማ ብሪጣንያ ብዙሕ'ውን እንተዘ-ይ ኣኮማስዮ፣ ገለ ኤርትራውያን ሃብታማት ቁጠባ ሃገር ንኽዕንዉ፤ ወይ'ውን ምስ ኢትዮጵያውያን ክተሓጋገዙን ድልየታቶም ከማልኡሎምን ዝደረኾም ምኽንያት ብፍጹም ክርድኦ ስለዘይከኣለ፡-"ስለምንታይ እንግሊዛውያን ንንጉስ ሃይለስላሴን መሻር- ኽቱ ኤርትራውያንን ክሕግዙ ወሲኖም?።" ክብል ሓተቶ።

ኢድሪስ ከም ልማዱ እናስሓቐን ርእሱ እናሓኸኸን፡-"ሃይለስላሴ መሓዛ እንግሊዝ ብምንባሩ ኤርትራ ክትወሃቦ፣ ብኡኡ ኣቢሉ ኣፍደገ ባሕሪ ክረክብን ክተሓጋገዙዎ ጀመሩ። እዚ ድማ ካብ ጥንቲ ሕልሚ ኢትዮጵያውያን ስለ ዝነበረ፣ ንዕኡ ንምፍጻም ኣበርቲዖም ተንቀሳቐሱ። ብተወሳኺ እዚ ክፍጸም እንተኾይኑ ሃገራዊ ቁጠባና ከዕንውዎ ብሓደ ሸነኽ፣ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ንንጉስ ሃይለስላሴ እቲ ዝድለ ፖለቲካዊ ደገፍ ከቕሪቡ ነይሩዎም ማለት ኢዩ። እቲ ሓገዛት'ቲ፣ ኢትዮጵያ ኣብ ሞንጎ ገለ መራሕቲ ኦርቶዶክሳዊት ቤት-ክርስትያንን ገለ ናይ'ቲ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ተዓቝቦም ዝነበሩ ምሁራትን፣ ከም ኣቡነ መንቀርዮስ፣ ሎረንዞ ታእዛዝን ደጃዝማች ገብረ መስቀል ሃብተማርያምን ካልኦትን ንዝኣመሰሉ፣ ገንዘብን ህያባትን እናኣቕረበት ነቲ "ታሪኻዊ ሓድነት ኤርትራን ኢትዮጵያን" እትብሎ ዝነበረት ንኸተግብሩላ፣ ኣብ ሞንጎኦም ኮይና ክትንቀሳቐስን ክትኸስብን ኽኣለት።" ኢሉ መለሰ።

ኢድሪስ፣ ተገዳስነት ሓዉ ብምዕዛብ ዘረብኡ ክቕጽል ወሰነ፡-"እንግሊዝ፣ ሃገራዊ ቁጠባና ኣብ ምዕናውን ፖለቲካዊ ደገፍ ንሃይለስላሴ ኣብ ምውፋይን ከይተሓጽረ፣ ንሕብረተ-ሰብና ንምብትታን፣ ንሃገርና ኣብ ሞንጎ ሱዳንን ኢትዮጵያን ንምምቃልን ብዝብል ስልቲ፣ ኣስላም ዝኾንና ብዓረብ ክንማሃር ክርስትያን ዘበልና ድማ ብትግርኛ ንክንማሃር ዝኽልክል ፖሊሲ ኣውጺኡ። እዚ'ውን ከይኣኽሎ፣ ሃይማኖታዊ ናዕቢ ዘለዓዕል ውዲት ኣካየደ። ውጽኢቱ ድማ፣ ብ1946 ብሱዳናዊያን ዝተዓብለለ ወተሃደራዊ ኣሃዱ፣ ጃምላዊ ቅትለት ኣብ ልዕሊ 50 ንጹሃት ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትና ኣብ ኣስመራ ኣካየደ። ብተወሳኺ እንግሊዝ፣ ነቲ ብናይ ኢትዮጵያ ሸፋቱን ደገፍታን፣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራዊያን ዜጋታት ዝፍጸም ዝነበረ ገበን፣ ክሸፍን'ውን ተራእየ።"

ኣሕመድ እናተገረመ ሕቶታቱ ብምቕጻል፡-"ብኸመይን በየናይ ኣገባብን ድዮም እዚኦም ሰባት፣ ንገለ ካባና ክጸልዉ ዝኸኣሉ?።"

ኢድሪስ፣ ፖለቲካዊ ስራሕ የካይድ ኣለኹ ዝብል ስሚዒት ስለዘሕደረ፣ እናተ-ሓጎሰ፡-"ደገፍቲ ኢትዮጵያ፣ ነቲ ብሰንኪ ተሳዓርነት ጥልያን ዝመጽአ ስራሕ

ኣልቦነትን ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ጸዓዱ ኣውራ ኣብ ልዕሊ ጥልያንን፡ ብዝሰፍሐ መልክዑ እናመዝመዙ፡ ነቲ እንግሊዝ ዘፍቀዶ ናይ ምዝራብ መሰል ተጠቒሞም፡ ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ኣውራ ኣብ ልዕሊ ተኸተልቲ ሃይማኖት ምስልምና ዘሳውር ጽሑፋትን ፖለቲካዊ ኣኼባታትን ከውጽኡን ከካይዱን ክኢሎም። ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ኣቡነ መንቀርዮስ ንዕላማ- ታት ኢትዮጵያ ዘይድግፍ ወይ ዝጻረር ካብ ቤተ-ክህነት ክውገዝ'ዩ ዝብል መጠን- ቀቕታ የውጽእ ነበረ።" ክብል መለሰሉ።

ኣሕመድ ቀጺሉ፡-"ኤርትራውያን (ኣውራ ናህና ናይ ምጽዋዕ ሃብታማት) ስለምንታይ ምስ'ዚ ኣዕናዊ ዕላማ ተደጋጊፎም?።" ክብል ሓተቶ።

ኢድሪስ ኣገዳሲ ሕቶ ኮይኑ ስለዝረኸቦ፡-"ብዙሓት ነጋዶ ወነንቲ መሬት፡ ገለ መሻይኽን ኣቕሽሽትን ረብሕኦም ምስ ረብሓታት "ዓባይ ኢትዮጵያ" ዝብሉዋ ስለ ዝተኣሳሰር፡ ምስ ዕላማታት እንግሊዝ ክሰማምዑን ክደጋገፉን ናይ ግድን ኮይኑዎም። እዞም መሳርሒ ኢትዮጵያን እንግሊዝን ዝኾኑ፡ "ኤርትራውያን፡ ናቶም ፍሉይ ሃገር ከቕውሙ ኣይኽእሉን። ኤርትራ እኹል ምሁር የብላን። ንደቃ ክትዕንግል ዘይትኽእል ዓዲ'ያ።" ዝብል እምነት ዝነበሮም፡ ንሃይለስላሰ ከም ሓደ ካብ እግዚኣብሄር ዝተላእከን ዝተባረኸን ሰብ ገይሮም'ውን ይርእይዎ ነበሩ።" ክብል ብሙሉእ ምትእምማን መለሰ።

ኣሕመድ፡-"ኤርትራ ነዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ዝቃወሙ ክትፈጥር ኣይከኣለትን ድያ?።" ክብል ብቑጠዐ ሓተተ።

ኢድሪስ ቁጠዐ ሓዉ ተገንዚቡ፡-"ከምዚ ትብሎ ዘሎኻ ኣይኮነን። ብዙሓት ንደገፍቲ ኢትዮጵያ ዝጻረሩን ዝቃወሙን፡ ህዝቢ ዘንቅሑን ዘበራብሩን፡ ዝተፈላለየ ኣዋጃት እናኣውጽኡ፡ ኤርትራ ምሉእ ናጽነት ክወሃብ፡ እንተዘይ ተኻእለ ክሳዕ ኩነታት ዝረጋገጽ ንዉሱን ዓመታት ኣብ ትሕቲ ሞግዚትነት ሕቡራት ሃገራት ጸኒሓ፡ ናጽነታ ክወሃባ ዝጠልቡን፡ ሓሶት፡ ጽልኢን ቅርሕንትን ዝጸልኡን ዝቃወሙን ዓበይትን ፈላጣትን ምሁራትን ነይሮምዮም። ኣብነት ንምጥቃስ ከም የስሓቅ ተወልደ መድህን፡ ኢብራሂም ሱልጣን ዓሊን ወልደኣብ ወልደ-ማርያምን ክንጠቅስ ንኽእል። ብኸምዚ ዝገለጽኩልካ፡ ቃልሲታት ስለ እተኻየደ፣ ሃገራዊ ንቕሓት ክዕንብብ ስለዝኻኣለ፡ ኣብ ሞንጎ ደገፍትን ተጻረርትን ሃይለስላሴ ኣውራ ኣብ ውሽጢ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ዝዓበየ ምምቕቓላት ተፈጥረ።" ክብል መለሰሉ።

ኣሕመድ ኣዕሚቑ ኣስተንፈሰ። እቲ ዕላል ስለዝሰሓቦ ከኣ፡-"ደሓር ከ?" ክብል ንኢድሪስ ሓተቶ።

ኢድሪስ፡ ነቲ ካብ ገጹ ኮረር ዝብል ዝነበረ ርሃጽ እናደረዘ፡- "በሊሕ ብምዃንካ ብመጠኑ ኣንቢብካን ጽሒፍካን ስለ እትኽእል፡ ንኢትዮጵያ ዝድግፉ እንታይ ከም ዝጸሓፉን ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት በዓላትን ሓዘንን ተጠቒሞም ንኢትዮጵያ ከመይ ከም ዝወደሱን ብኡ ኣቢሎም ረብሓታቶም ንክረኽቡ ዝገበሩዎ ላዕልን ታሕትን ክትርዳእ ትኽእል ኢኻ።" ክብል መለሰሉ።

ክልቲኦም ኣሕዋት ሓፈሻዊ ኩነታት ሃገር እናኣዕለሉን እናተዛተዩን ከለዉ፡ ብሃንደበት ወይዘሮ ሙሉክ ዓብደልቃድር ኣብ ቅድሚኦም ተገቲራ፡-"እንታይ

ትገብሩ ኣለኹም፡ ምሉእ ግዜኹም ክትካትዑ ኣይጽልኣኩምን ድዩ? ግዜ ተባኺኑ ኣለኹም፡ ፍርቂ ለይቲ  ክኸውን ደልዩ፡ ስለዚ ንመደቀሲኹም ተበገሱ።" ዝብል ትእዛዝ ዝተሓወሶ ቃላት ኣስምዓቶም።
ክልቲኦም ኣሕዋት ትእዛዝ ወላዲቶም ብምኽባር ናብ መደቀሲኦም ኣምርሑ።

## 5- ስድራቤት ወ/ሮ ሙሉክን ኩነታት ሃገርን ኣብ ቀጻሊ ለውጢ

ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገር እናኸፍአ ብምምጽኡ፡ ቁጠባዊ ኩነታት ክጽሎ'ውን ናይ ግድን ነበረ። ብሪጣንያውያን ብሓደ ሸነኽ ሃይማኖታውን ቀቢላውን ናዕብታት ክነግስ፡ ንኤርትራ ናብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ንምምቃል ንዝድግፉ ውልቀ-ሰባትን ፖለቲካዊያን ማሕበራትን ከተባብዑ እንከለዉ፡ ብኻልእ ሸነኽ ንጉስ ሃይለ-ስላሴ ንኤርትራ ኣብ ግዝኣቱ ንምሕዋስ (ንምልሓቕ) ብዝብል ዕላማ፡ ንሃገራውያን ባእታታት ከም ((Picture))ዓብደልቃድር ከቢረን ወልደኣብ ወልደማርያምን ንምቕታልን ንምድ- ሃልን ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ሽፋቱ ይምስርት ነበረ።

ስለዚ እቲ እዋን እናጸንከረ መጽአ። መነባብሮ እናኣንቀልቀለ ከደ። ብዙሓት በቲ ዝነበረ ጸጥታ ኣልቦ ኩነታት እናሰግኡ ክመጽኡ ጀመሩ። ወይዘሮ ሙሉክ ዓብ-ደልቃድር፡ ኣብ ሻቕሎት ክትነብርን ኩነታት ጥዕንኣ ክንቀልቁልን ስለ ዝጀመረ፡ ንደቃ፡ ኣውራ ድማ ንኢድሪስ ከመይ ገይራ ከም እተድሕኖን መጻኢኦም ከም እተረጋግጽን ክትሓ- ስብ ጀመረት። ንኢድሪስ እቲ ዝስምዓ ዝነበረ ክተካፍሎ ወሰነት። ኢድሪስ ዘይንቡር ኩነታት ወላዲቱ ስለ ዝተዓዘበ፡ ሓንቲ መዓልቲ እናኣዕለላ እንከሎ፡-"ከመይ ኣለኺ እምበይተይ?። ጽቡቕ ከም ዘየለኺ ዘመልክት ዘይልሙድ ዝኾነ ድቃስ ተብዝሒ። ከምኡ'ውን ብግቡእ ኣይትበልዕን ዘለኺ፡ ድሓን ዲኺ?።" ክብል ብጭንቕ መንፈስ ሓተታ።

ወይዘሮ ሙሉክ ተገዳስነት ኢድሪስ ብምምዝማዝ፡-"ዕድመ እናደፋእኩ ይመጽእ ስለ ዘለኹ፡ ነዚ እንነብረሉ ዘለና ሃዋህው ክጻወር ዓቕሚ ስኢነ ኣለኹ።" ክትብል ብትሑት ድምጺ መለሰትሉ።

ኢድሪስ ምኽርን መምርሒታትን ወላዲቱ ኣብ ዝደልየሉ ዘሎ እዋን ከይትፍለዮ ብምስጋእ፡-"ኣጆኺ እምበይተይ ጽቡቕ'ኺ ዘለኺ።" በላ ኣብ ገጹ ናይ ስንባደ ምልክት እናኣርኣየ።

ኣስዒቡ ከኣ፡-"ጥዕናኺ ካብ ኣሞይ በኺታ ዝሓሸን ዝተማልአን'ዩ ዘሎ። ገና ንመርዓ ትጽበ ዘላ ጎርዞ ኢኺ ትመስሊ ዘለኺ።" እናበለ ፍሽኽታ ኣሰንዩ ከዘናግዓ ፈተነ። "ገና ዋዛን ቁምነገርን ክትፈሊ ዘይትኽእል ቆልዓ ኢኻ ዘለኻ።" ኢላ ብፍሽኽታ መለሰትሉ።

ኢድሪስ ነቲ ፍሱህ ሃዋህው ተጠቒሙ፡-"ንዓኺ ቆልዓ ንኻልኦት ግን ዓቢ እየ እምበይ- ተይ።" ኢሉ ምስ መለሰ፡ ክልቲኦም ኣብ ዲቕ ዝበለ ስሓቕ ኣተዉ። ወይዘሮ ሙሉክ ግን እቲ ዝነበረ ፍሱህ ሃዋህው ከየምልጣ ተቐላጢፋ፡-"ግዜ ከይጠለመኒ እንከሎ ደቕኻ ክርኢ ምንዮተይ ኢዩ።" ኢላ ነቲ ዝሓሰበቶ ወስ ኣበለትሉ።

ኢድሪስ ከም'ዚ ዓይነት ድቦላ ሃንደበት ከም በርቂ ክወድቆ ኣይተጸበየን። ክምርያ ዝብል ግምት'ውን ኣይነበሮን። ወይዘሮ ሙሉክ ዕድል ከይሃበት፡-"ስለምንታይ ብሃንደ- በት ናብ ጸማም ተለዊጥካ፡ ዘይትምልሰለይ።?" ክትብል ካብቲ ሰጢምዎ ዝነበረ ሓሳብ ኣበራበረቶ።"

ኢድሪስ ብዘይ ምስትውዓል፡-“እወ እምበይተይ ኣነ…” ሓሳባቱ ከይወድአ ኣስዕብ ኣቢላ
፡-“እንታይ ኮይንካ? ምምርዓው ግቡእ’ዶ ኣይኮነን? ኣቦኻ መንግስተ ሰማይ የዋርሶ ኣይ ክንዳኻ ዕድመ ከለዎ እንድዩ ተመርዕዩኒ?። ከም ዘይምልስ ክትገብሮ ፈተነት።
ኢድሪስ ካብ ምዕውንዋን ከይወጽአ፡-“እምበይተይ ትብልዮ ዘለኺ ሃንደበት ኮይኑኒ፡ እንታይ ከም ዝብል ሓርቢቱኒ፡ ኣነ ኣብ ዘይጥዕም…” ብዝተቖራረጸ ድምጺ መለሰላ። ወይዘሮ ሙሉክ ስንባደ ወዳ ተረዲኣ፡-“እዚ ዝሓቶ ዘለኹ ኣብ ሓደ ረፍዲ ክፍጸም ኢለ ዘይኮንኩ፡ ምናልባት ንኽትምርያ እንተተሰማማዕና፡ ኣስዒብና ድማ ነታ ክትኮነካ እትኽእል ጓል-ሰብ ንምምራጽ ጥራይ እየ ሓሳብ ዘቕርብ ዘለኹ።” እናበለት ክተህድኦ ፈተነት።
ኢድሪስ ነዚ ብምስማዕ፡ ዝን እናበለ ሰበይትን ቆልዑን ክህልዉ ግቡእ’ውን ምዃኑ እናኣመነ፡ ነቲ ወላዲቱ እትብሎ ዘላ ብኸመይ ከም ዝትግበሮ ክሓስብ ጀመረ። ወይዘ- ሮ ሙሉክ፡ ወዳ ኣብ ካልእ ሓሳብ ጥሒሉ ከም ዘሎ ብምርዳእ፡-“እንታይ ዓነደካ? ኣብ ካልእ ዘጥሕለካ ዘሎ እንታይ’ዩ? ኢላ ብምግራም ሓተተቶ።”
ኢድሪስ፡-“ዝኾነ እትሓትዮ ከም ዝፍጽመልኪ ትፈልጢ ኢኺ። እቲ እትብልዮ ዘለኺ ንረብሓይ ከም ዝኾነ ኣጸቢቑ ይርድኣኒ ኢዩ። ግን እታ እትኾነኒ ቆልዓን ነቲ መርዓን ምምስራት ሓዳርን ዘድሊ ወጻኢታትን በየን’ዩ ክርከብ?” ክብል ብዕቱብን ሕቶ ብዝዓብለሎ ኣገባብን መለሰላ።
ንቑሩብ ደቓይቕ ጸጥታ ድሕሪ ምዕሳሉ፡ ወይዘሮ ሙሉክ፡-“ተሓታቲት ኣነ ስለ ዝኾንኩ፡ ብናተይ ኣጠማምታ ገና ቆልዓ ስለ ዘለኻ፡ ንዓኻ ዝምልከት ባዕለይ እየ ዝውስኖን ዝውድኦን። እዚ ድማ ብኣቦታትናን ኣባሓጎታትናን ዝጸንሐ ወግዒ ስለ ዝኾነ፡ ኣነ እየ ኣቦኻን ኣዴኻን።” ክትብል ትርን ትእዛዝን ዝመልኦ ዘረባ ኣስመዓቶ።
ኢድሪስ ብዘረባ ኣዲኡ እናተገረመ፡ ሓዳጊትን ገባሪትን ንሳ ምዃና ኣጸቢቑ ስለ ዝተረድኦ፡ ካብ’ቲ ሓሲባቶ ዘላ ክትርፋ ከምዘይኽእል ብምርዳእን፡ ሜልኡ ብምቕያርን፡-“ሕራይ ባህ ዝበለኪ ግበሪ።” ኢሉ ዘረብኡ ደምደመ።
ወይዘሮ ሙሉክ ዓለም ዝተቘጻጸረት ኮይኑ ስለ ዝተሰምዓ፡ ድሕሪ ሳምንቲ ንኢድሪስ ጸዊዓ፡-“ወዲ ኣሞይ ዝብጽሓኒ ሓጅ ዑመር ኣፈንዲ፡ ብዛዕባ መርዓ ኣካፊለዮ ናብ ገዛ ያሲን ዑመር ሸኽ ንክኸይድን ንጓሉ ክሓጽየልካን፡ ከምኡ’ውን ብዛዕባ ዕለተ መርዓን ገዝምን ክንዘራረብ ሓቲተዮ ኣለኹ።” ኢላ ዘረባኣ ከይወድአት፡ ኢድሪስ ኰሊፉ፡- “እምበይተይ ምቅርራብና ከይወዳእና ስለ ምንታይ ትህወኺ? ክሳብ ሕጂ ጓል ኣቦይ ያሲን እንታይ ከም እትመስል ኣይፈልጣን እየ።” ብምባል ከቋርጻ ፈተነ።
ወይዘሮ ሙሉክ ግን ስሚዒታ ከይተቖጻጸረት፡-“ብዛዕባ’ዚ ጉዳይ’ዚ ርእይቶ ክትህብ ወይ ክትዛረብ መሰል የብልካን። ቅድሚ ሕጂ ኣነ ወሳኒት ከም ዝኾንኩ ኣብሪህልካ ነይረ እየ። ንዓኻ እትኸውን ድማ፡ ኣነ ንበይነይ እየ ዝውስን፡ ንጓል ክቡር ሸኽ ያሲን ክትፈልጥን ክትርኢን ቁሩብ’ከ ኣይትሓፍርን።” ክትብል ነዲራ መለሰትሉ።

ኢድሪስ ሕርቃን ወይዘሮ ሙሉክ ስለ እተዓዘበ ከደዓዕሳ ብምሕሳብ፦“ዝበልክዮ ከም ዘተግብር ትፈልጢ ኢኺ። እዚ ድማ ኩሉ ግዜ ዝገልጾ ጽኑዕ እምነተ'ዩ። ንዓይ እትኸውን ከም እትመርጽለይ ድማ ዝኾነ ምጥርጣር የብለይን።”ክብል ከረሳርሳ ፈተነ።

ወይዘሮ ሙሉክ፦“ሓጅ ያሲን ነሕዋቱን ኣዝማዱን ምስ ኣማኸረ ንጓሉ ፋጥማ ከመርዕወካ ፍቓደኛ እዩ ዘሎ። እንተኾነ ጓሉ ገና ዓሰርተ ሸውዓተ ዓመት ስለ ዘይመ- ልአት፡ ንዓመታ እቲ ሕጸን መርዓን ብሓደ ከም ዝኸውን ተሰማሚዑ ኣሎ።” ኢላ ከም ናይ ቤት ፍርዲ ዝመስል ውሳኔ ወሰነት።

ኢድሪስ ንምርግጋጽ፦“ንስኺ'ኸ እቲ ዝበሎ ትቕበልዮ ዲኺ ?” ኢሉ ሓተታ። “ ከመይ ዘይቕበሎ እቕበሎ'ወ። ክሳብ ዝመጽእ ዓመት ኩነታትካ ኣመዓራሪኻ ንመርዓ ምድላው እዩ ተሪፉ ዘሎ።” ክትብል ኣብ ውሳኔኣ ደረቐት።

ኢድሪስ ንመርዓ ዘድሊ ነገራት ንምቕራብ፡ ንምሉእ ዓመት እንተላይ ኣብ መዓልቲ ዕረፍቲ ከይተረፈ፡ ኣብ ስራሕ ተጸምደ። ኣብ ውሽጢ ዓመት ሓሙሽተ ጂኔ ንገዝሚ መርዓት፡ ካብ ዕስራ ክሳብ ዕስራን ሓሙሽተን ጂኔ ዝኸውን ንኽዳውንቲ፡ ንብሩራዊ ሒጂል፡ ንወርቃዊ ዝማምን ተላልን፡ ንስነ-ጽባቐ ዘገልግሉ ኩሕሊ፡ ጨናን ሒናን ካልእን ኣቕረበ።

ብመሰረት ስምምዖም ኣብ ሓጋይ 1946 ኣብ ሓንቲ ዓርቢ መዓልቲ፡ መርዓ ኢድሪስ ምስ ወይዘሮ ፋጥማ ጓል ያሲን ዑመር ሸኽ፡ ብኣላይነት ሸኽ ዓዲ ሸኽ ሓሊብ ሑመድ ማንታይ ክፍጸም ተወሰነ።

ኣብ ወጋሕታ ናይታ ዕለት ኣዕሩኽ  ኢድሪስ በብቑሩብ ናብ ገዛ ኢድሪስ ዘርጠብጠብ ክብሉ ጀመሩ። ቁጽሮም ምስ መልኤ፡ ብዙሕ ከይጸንሑ ንኢድሪስ ሓጺቦም ርእሱ ቀምቂሞም፡ ጭሕሙን ሸነቡን ኣጽፋሩን ኣመዓራርዮም፡ ዓይኑ ኩሒሎም፡ ነዊሕ ሱርዋልን ጻዕዳ ቐሚስ ዓረብን ኣልቢሶም፡ ካብ ሓሪር እተሰርሐት ኮፍያን ጻዕዳ ዕማመትን ኣብ ርእሱ ጠምጢሞም፡ ብሩራዊ መትሓዝ ኢድ ዘለዎ ሴፍን ብቖርበት ኢራብ ዝተሸፈነት በትርን ሂቦም፡ ነቲ ወግዒ ንምጽንባል ተቐረቡ። ፍርቂ መዓልቲ ምስ ኣኸለ። ኢድሪስ ብሽም ብሻሪ ዝፍለጥ፡ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ መርዓ ዝጥቀሙሉ ዝተሸላለመ ገመል ተወጢሑ፡ ሓጅ ዑመር ኣፈንዲን ገለ ኣሕዋትን ኣዕሩኽቱን ጻዕዳን ዝጸረየን ክዳውንቲ ለቢሶም፡ እናደረፉን እናሳዕስዑን፡ ናብ ገዛ ያሲን ዑመር ሸኽ ኣምርሑ። መርዓውን ዓጀብቱን ኣብ ገዛ መርዓት ምስ በጽሑ፡ ከም መርኣያ ምጅማር ወግዒ መርዓ፡ ጣቕዒት፡ ጫውጫውታ ቆልዑን ዕልልታ ኣዴታትን ወይዘራዝርን ነቲ ገዛ ኣጨነቖ።

ወግዒ ናይ መርዓ ንምፍጻም፡ ኢድሪስ ኣብ'ታ ኣብ መሬት ዝተነጽፈት፡ ብቀይሕ፡ ብጫን  ሰማያውን ሕብሪ ኣጭርቕቲ  ዝተፈትለትን፡ ብዑንቂ ባሕሪ ዝተሸለመትን ውቅብቲ ስጀዳ [1] ኮፍ በለ። ፊት ኢድሪስ ኣቦ መርዓት ኮፍ ክብል ከሎ፡ ኣብ ሞንጎ ክልቲኦም ድማ ሸኽ ሑመድ ማንታይ ኮፍ በለ። ተሳተፍቲ ሱረት ኣልፋቲሓ [1]

---

[1] መንጸፍ ማለት እዩ።

[1] ሓንቲ ካብ ናኣ ቁርኣን ምዕራፍ'ያ።

ምስ ኣንበቡን፡ ንነቢ መሓመድ ግቡእ ሰላምታን ዝኽርን ምስ ገበሩን፡ ሸኽ ሑመድ ማንታይ የማነይቲ ኢድ ያሲን ዑመር ሸኽ ኣብ ልዕሊ የማነይቲ ኢድ ኢድሪስ ጌሩ፡ ብጻዕዳ መንዲል ሸፊኑ፡ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ኣእዳው ክልቲኦም ኣምቢሩ፡-“ጓልካ ፋጥማ ንኢድሪስ መሓመድ ሳልሕ ብመሰረት ፍቓድ ኣላህን ሕጊ ነቢ መሓመድን ክትም-ርዖን፡ በቲ ዝቐረበላ ገዝሚ ክትቕበልን ፍቓደኛ ዲኻ?” ኢሉ ንያሲን ዑመር ሸኽ ሓተቶ፡ ያሲን ከይደንጎየ፡-“እወ እቕበል።” ክብል ምስ መለሰሉ፡ ሸኽ መንታይ ገጹ ናብ ኢድሪስ ብምቕናዕ፡-“ንፋጥማ ብሕግን ብፍቓድ ኣላህን ነቢ መሓመድን ትቕበላ’ዶ?” ኢሉ ሓተቶ።

ኢድሪስ ከም ልሙድ፡-“እወ እቕበል።” ኢሉ ምስ መለሰ። ብኹሉ ኩርንዓት ገዛ ያሲን ዕልልታን ጣቒዒትን ተደርጎሐ። ሸኽ ማንታይ ብወገኑ ንመርዓውቲ ጸሎትን ቡራኸን ድሕሪ ምቕራብ፡ ወግዒ ናይ መርዓ ከም ዝተፈጸመ ንተሳተፍቲ መርዓ ኣወጀ። ብዙሕ ከይጸንሑ ስድራ-ቤት መርዓት፡ ብቡንን ቃርፋን እተሰርሐ፡ ብተቐማጦ ዓዲ ሸኽ-ሓሊብ ብ “ቓሕወት ሒለት” ተባሂላ እትፍለጥ ቡንን፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ጸባ ኣግማል፡ ከብትን ጤለ-በጊዕን ዝመልኣ ስልጣንያታት ንተሳተፍቲ መርዓ ቀረበሎም።

ስርዓተ-መርዓ ምስ ተፈጸመ፡ ኢድሪስን ዓጀብቱን ካብ ገዛ ኢድሪስ ተመልሱ። ኣብኡ ምስ በጽሑ ኣቶ ዑመር ኣፈንዲ፡ ኣብ ፊት ባብ’ቲ ገዛ ሓንቲ ካብተን ዝውንነን ኣግማል ሓሪዱ፡ ንኢድሪስ ቅድሚ ገዛ ምእታዉ ሰለስተ ግዜ ንኽሰጋገሮ ጠለበ። ሳልሰይቲ ምስጋር ምስ ወድኣ፡ እቲ ከባቢ ብድምጺ ከበሮን ዕልልታን፡ ንስድራ-ቤት መርዓዊ ዘመጉስ ደርፍታትን ተዓብለለ። ድሕሪ ቅሩብ ደቓይቕ ብሄል፡ ቃርፋን ስጋ ኣባጊዕን ዝበሰለ ሩዝን፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ጸባን ንተሳተፍቲ መርዓ ኢድሪስ ወግዒ ብዝመልኦ ኣገባብ ቀረበ። ኣዴታትን ወይዘራዝርን፡ እንተላይ ወላዲት ሙሉክ ዓብደልቃድር፡ ኣብ ሞንጎኣን ደቂ ተባዕትዮ መንእሰያት ከይሓወሳ ክደርፋን ክለሃያን ጀመራ።

ድሕሪ ሰላት ኣልዓሲር [2] ሓጅ ዑመር ኣፈንዲን ገለ ኣዕሩኽቱን፡ ኣዝማድ ኢድሪስን ፈተውቱን፡ ንመርዓት ከምጽኡ ናብ ገዛ መርዓት ተበገሱ። ዝተቐረበሎም ቡን “ቓሕወት ሒለት” ምስ ሰተዩ፡ ነታ ክዳውንታን ሽልማታን ወድያ እትጽበ ዝነበረት መርዓት ሒዞም ንዓዶም ንኽምለሱ ፍቓድ ሓተቱ። ምስ ተፈቕደሎም ሓደ ካብቶም ምስ ኣቶ ዑመር ኣፈንዲ ከም ኣሰላፊ ዝመጸ መንእሰይ፡ ተቐዳዲሙ ነታ መርዓት እትውጠሖ ስሉም ብሻሪ ገመል ኣቕረበ።

ሓጅ ዑመር ኣፈንዲ ንብዙሓት ብዘደነቐ ንጥፈት ጥር ኢሉ ኣብ ዝባን’ቲ ኣብሪኹ ዝነበረ ገመል ኮፍ በለ። ኣጣጢሑ ከም ዘሎ ምስ ኣረጋገጸ፡ ነታ መርዓት ከምጽኡ ምልክት ገበረ። ያሲን ዑመር ሸኽ ተቐላጢፉ ጓሉ ፋጥማ ብምምጻእ፡ ንሓጅ ዑመር ኣፈንዲ ኣቐበሎ።

---

[2] ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ከባቢ ሰዓት ኣርባዕተ ዝፍጸም ምስጋድ።

ሓጅ ዑመር ኣፈንዲ ብግዲኡ ነታ መርዓት ኣብ ሐቑፉኡ ኮፍ ኣቢሉ፡ ኣብ ቅድሚ ሰብ ንኽይትቕላዕን ንኽይትርኣን ኣጎልቢቡ፡ ብዘይ ስማዕ ድምጺ ገለ ናይ ቁርኣን ጥቕስታት እናኣንበበ፡ ነቲ ገመል ኣብ ኩሊቱ ትንክፍ ብምባል ኣበገሶ።
ድሕሪ ናይ ፍርቂ ሰዓት ጉዕዞ፡ ሓጅ ዑመር ኣፈንዲን ኣሰነይትን ናብ ገዛ ኢድሪስ ደበኽ በሉ። ኩሎም ኣብኡ ዝጸንሑ ዕዱማት ደው ብምባል ከበሮ ዲም……ዲም እናኣበሉ፡ ንመርዓት እንቋዕ ብድሓን መጻእኪ ብዘስምዕ ደርፌ ተቐበልዋ። ኣሕመድ ሓዉ ኢድሪስ ተቐላጢፉ ነታ መርዓት ካብ ኣቶ ኣፈንዲ ተቐቢሉ ብኽልተ ድልዱላት ኣእዳዉ ተሰኪሙ፡ ናብ'ቲ ዝተዳለወላ ቦታ ኣውረዳ። መርዓ ምስ ሓለፈ ከም'ቲ ልሙድ ሰብ እናሳዕሰዐ፡ እናበልዐን እናሰተየን፡ መንእሰያት ኣወዳት ንመርዓዊ፡ ኣዋልድ ድማ ንመርዓት እናኣዘናግዐ፡ ሕጽኖት ንሓደ ሰሙን ብዘይ ዕረፍቲ ቀጸለ።
ከም ልምዲ ተቐማጦ'ቲ ከባቢ፡ መርዓዊ ቅድሚ ሳልስቲ ተቐዳዲሙ ንመርዓት ክቐርባ ኣይግብኦን። ኢድሪስ'ውን ካብ'ዚ ባህሊ ኣይወጽኣን። ድሕሪ ሳልስቲ ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ ኢድሪስ ናብ መርዓቱ ኣተወ። ኮፍ ኢላ ኣብ ዓሚቑ ሓሳብ ዝጠሓለት መርዓት ንሰብኣያ ምስ ረኣየት፡ ብሕፈርትን ምናልባት'ውን ካብ'ቲ ንሓዳሽ መርዓት ከጋጥም ዝኽእል ፍጻሜ ብምስጋእን ድንን በለት። ኢድሪስ ኣብኡ ከሎ ሰላም ብምባል፡-“ከመይ ኣለኺ?መርዓ ከመይ ሓሊፉ?” እናበለ ከዕልላ ፈተነ።
ከይመለሰት ሱቕ ኢላ ምስ ረኣያ፡ ደጊሙ፡-“እንታይ ተረኺቡ? ካብ ሰብኣይካ ይሕፈር ድዩ? ድሕሪ ሕጂ ንዓኺ ጓና ኣይኮንኩን።”
ኢሉ እኳ እንተተዛረባ መልሲ ሰኣነ።
ኣብ ከምዚ ዓይነት ኣጋጣሚ፡ መርዓት ተቐላጢፋ ንሰብኣያ እንተመለሰትሉ፡ ወይ እንተ ሰሓቐቶ፡ ወይ'ውን ብቐሊሉ ክረኽባን ድንግልናኣ ከፍርሰላን እንተኸኢሉ፡ እታ መርዓት ክትንወርን ክትጽረፍን፡ መዛረቢ ዓዲ ክትከውንን ባህሊ ዓዲ ሸኽ ሓሊብ የፍቅድ'ዩ። ኣብ ከም'ዚ ኣጋጣሚ ኣወዳትን ኣዋልድን፡ ኣብ ከባቢ'ቲ ገዛ ተሓቢኦም ክጸናጸኑ፡ መርዓት ተዛሪባዶ፡ ኣይተዛረበትን ንምርግጋጽ ክጽዕሩ ይፍትኑ'ዮም። ስለ ዝኾነ መርዓት ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ንሰብኣያ ዘይምምላስን ናብ ነብሳ ዘይምቕራብን ሓደ ካብ'ቲ ክትጽዕረሉ ዝግባእ ጉዳይ ይኸውን። ፋጥማ ነዚ ኣጸቢቓ ስለ ዝተረድኣቶ ንኢድሪስ ክትምልሰሉ ቅርብቲ ኣይነበረትን።
ኢድሪስ ንፋጥማ ከዛርብ ብዙሕ ፈቲኑ ስለ ዘይሰለጦ፡ ኣብ ጎድና ኮፍ ኢሉ ብኢዱ ክሕዛ'ውን እንተጽዓረ፡ ፋጥማ ኣብ ሰብነታ ከይለግብ ብምስጋእ ካብቲ ዝነበረቶ ብድድ ብምባል፡-“በጃኻ ግዚኡ ኣይኣኸለን።” ክትብል ካብ ነብሳ ኣርሓቐቶ።
ኢድሪስ፡-“ስለምንታይ? ሰብ ከይሰምዓና ዲኺ ፈሪሕኪ? ክልቴና ጥራሕ ኣምሲና ስለ ዘሎና፡ ዝኾነ ዝጸናጸነና ሰብ የለን።” ፍሽኽ እናበለን ርእሱ እናሓኸኸን መለሰላ።
ፋጥማ ብቐሊሉ ምስ ሰብኣያ እንተተወሃሂዳን ብቐሊሉ ክራኸባ እንተ ኣፍቂዳትሉን፡ መዛረብን መነወርን ዓዲ ንኸይትኸውን እናፈርሐት፡ ብሃንደበት ንጓል ሓትንኣ ሳዕድያ ዘጋጠመ ሓደጋ ዘከረት።

ሳዕድያ ሰብኣያ ኣብ ዝኣተወላ ፋልማይ መዓልቲ፣ እስትንፋስ ብዘይህብ እንስሳዊ ኣገባብ ተኸቲሉ ክብረት ድንግልናኣ ከፍርስ ብምፍታኑ፣ ብዙሕ ጸገም ከምዘጋጠማ ዘኪራ። ንዓኣ'ውን ከየጋጥማ ሰግአት።

ኢድሪስ ግን ኣዕሩኽቱ ብዛዕባ'ዛ ምሸት ዝነበረ መኸተ ክፈልጡ፣ ተቓውሞ ፋጥማ ከመይ ነይሩ? ብቐሊሉ ክረኽባ'ዶ ክኢሉ? ዝብሉ ሕቶታት ክፈልጡ ህርድግ ክብሉ ምኻኖም ስለ ዝፈልጥ፣ ንሰበይቱ ብኸመይ ከም ዝረኸባ ጥራይ ይሓስብ ስለ ዝነበረ፣ እቲ ዝደልዮ ኣብ'ታ ዝኣተወላ መዓልቲ ብዝኾነ ዋጋ ክርከብ ኣለዎ ዝብል ንቕጽና ኣሕደረ። ሓቝፉ ናብ'ቲ ጥርሑ ዝነበረ ፍርቂ ኣካላቱ ከጥብቓ እንተፈተነ ስለ ዘይተዓወተ ብልስሉስ ድምጺ፡-"ፋጥማ፣ ካብ ሎሚ ወግዓዊት ሰበይተይ'ኺ። እዚ ድማ ኩሉ ዝፈልጦ ጉዳይ ስለ ዝኾነ ዘድልየኒ ካባኺ ክረክብ ግቡእ'ዩ።" ዝብል ዘረባ ምስ ኣስመዓ ንኣዕሩኽቱ ብምዝካር፡-"ዝድለ ርክብ ሕጂ ክንውድኦ ኣሎና። ብዙሓት ኣዝማድናን ኣዕሩኽትና ውጽኢት'ዛ ምሸት'ዮም ዝጽበዩ ዘለዉ።" ክብል ተዛረባ።

ፋጥማ ብዘረባ ኢድሪስ ከይተገደሰት ኣእምሮኣ ናብቲ ብናይ ፈላሚ ጾታዊ ርክብ ከስዕብ ዝኽእል ኣበሳ ኣድሂቡ እንከሎ፣ ጸላም ክትቅንጠጥ እናተቐራረበት፣ ብሃንደበት ክልቲኦም ድምጺ ወይዘሮ ሙሉክ ሰምዑ'ሞ። ናብኦም ገጻ ትመጽእ ከም ዘላ ተረድኡ። ኢድሪስ ነቲ ዝሓሰቦ መኸተ ከም ዘይሰልጥ ብምርዳእ ተቐላጢፉ ክዳውንቱ ወደየ።

ወይዘሮ ሙሉክ ብመዓር ዝተጠምዐ ሉቕመት ኣልቃዲ [1] ግዓት ስርናይን ጸባን ዝትሕዝቶኡን ቁርሲ ሒዛ ንመርዓውቲ ደበኽ በለቶም።

ሰላም ከይበለት፣ መኸተ ምሸት ኣብ ምንታይ ከም ዝበጽሐ ንምርግጋጽ፣ ኣዒንታ ናብ'ቲ ፍርናሽ መርዓውቲ ወርወረተን። ሓዲሽ ነገር ዘይብሉ፣ ከም'ቲ ትማሊ ምሸት ዘንጸፈቶ ስለ ዝጸንሓ፣ እቲ ዝድለ ነገር ከም ዘይተፈጸመ ተረድኣት። ከምዛ ቀባሕባሕ ዘይበለት፡-"ከመይ ሓዲርኩም'ዞም ደቀይ? ባዕለይ ዝሰራሕኩልኩም ቁርሲ ተማሊኣል- ኩም ኣለኹ።" በለቶም።

ኢድሪስ ከም ልማዱ ኢብሪቕ [2] ማይ ተማሊኡ፣ ቐልቐል ወጋሕታ ኣብ ደገ ሰዲዱ። ተሓጺቡን ናይ ወጋሕታ ጸሎት ገይሩን ናብ ገዝኡ ተመልሰ። ካብ'ቲ ወላዲቱ ዘምጽ- ኣቶ ቁሩብ ኩላሶ ወሲዱ ተረፍ ንመርዓቱ ገዲፉ፣ ናብቶም ድሃይ መኸተ ምሸት ንም-ርካብ ዝጽበዩ ዝነበሩ ኣዕሩኽቱ ተሓወሰ። ኣዕሩኽቱ ዝኾነ ናይ መኸተ ምልክት ኣብ ገጽ ኢድሪስ ስለ  ዘይተዓዘቡ፣ እቲ ጉዳይ ከም ዘይሰለጠ ተረድኡ።

ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ኢድሪስ፣ ዘድልየኒ ሎሚ ለይቲ ክፍጽም ኣሎኒ ብዝብል መንፈ- ስ፣ ናብ ፋጥማ ደቂሳትሉ ዝነበረት ቦታ ኣተወ። ፋጥማ ብርግጽ ድልየት ኢድሪስ እንታይ ከም ዝኾነ ስለ ዝተረድኣት፡-"ሃሩር ኣሎ'ዶ?" ኢላ ካብ ድልየቱ ንምኹላፍ፣ ዘረብኣ ብምቕጻል፡-"ካብ'ዚ ሃሩር ክንናገፍ፣ እዛ ምድርቤት'ዶ ባይታ ብማይ ክርብርባ?" ክትብል ሓተተቶ።

---

[1] ሉቕመት ኣልቃዲ ካብ ሓርጭ ስርናይ ዝተሰርሐ፣ ብዘይቲ ዝተቐልወ ክቢ ቅርጺ ዘለዎ ሓውሲ ልስሉስ ሕምባሻ እዩ።

[2] ኢብሪቕ ብቆርበት ዝተሰርሐ ንእሽተይ ማይ ዝዕቆረሉ ኣቕሓ ኢዩ።

በንጻሩ፡ ኢ.ድሪስ ኢ.ድ ፋጥማ ይደራርዝ ብምንባሩ ሃሩር ዘይኮነ ሙቐት ስለ ዝተሰምዖ፡ ዘረባ ፋጥማ ከይ ኣቃለበሉ፡ ብሃንደበት ጅማውቱን ሰራውር ደሙን ተገታተረ። ነብሱ ለመምቲ ዓዲ ሸኽ ሓሊብ ተኣኪበን ዝሓኹርአ ዘለዋ ኮይኑ ስለ ዝተሰምዖ፡ ስግድግድ በሎ። ዝኾነ ኣካላቱ እንተላይ ጸጉሪ ርእሱን ጭሕሙን ……..ብቐጽበት ደው በለ። ንፋጥማ ብኢዱ ወጢጡ ናብ'ቲ ዓርቃይ ስሒቡ ብሓባር ረማዕ በሉ'ሞ፡ ሕቑፍ ምስ ኣበላን እቲ ዝተለኽየቶ ሽታ ከረስርሶ ምስ ጀመረን፡ ዓርቃይ፡ ገዛን ባይታን ዝዘሩዎ ዘለዉ ኮይኑ ተሰምዖ።
ኣብ'ቲ ህሞት ብዙሕ ከይጸንሑ፡ ፋጥማ ገለ ዝጸናጸኖም ሰብ ከም ዘሎ ተገንዘበት። ዋላ'ውን እታ ትጸናጸን ዝነበረት ወይዘሮ ሙሉክ ምኻና ከተረጋግጽ እንተዘይከኣለት፡ ዝጸናጸን ሰብ ከም ዘሎ ግን ስለ ዘይተጠራጠረት፡-"ዝጸናጸነና ሰብ ኣሎ፡ እቲ እትደልዮ ዘለኻ ንጽባሕ ይኹነልካ።" ኢ.ላ ንኢ.ድሪስ ብትሑት ድምጺ ኣሕሸኹሸኹትሉ፡ ኣጻብዕቲ ኢ.ድሪስ ንኣካላት ፋጥማ ይድህስሳ ብምንባረን፡ ኢ.ድሪስ ነቲ ፋጥማ ዝበለቶ ኣብ ግምት ከየእተወ። ኣጻብዕቱ ነጻ ስለ ዝገደፈን ድሕሪ ካልኢ.ት ናብ የማናይ ጡብ ወይዘሪት ፋጥማ ኣዕረፉ። ጥዑም ስለ ዝተሰምዐን ከይተሰከፉ እናኣንቀልቀላ ናብ'ቲ ሕሩም ቦታ በጽሓ። ፋጥማ እዘን ኣጻብዕቲ ኣበይ ከም ዝበጽሓ ስለ ዝተረድኣት ካብቲ ዝጠሓለቶ ላዛ ብምብርባር፡-"ኢ.ድሪስ ሓወይ ንጽባሕ ዘይኮነልና፡" ኢ.ላ ብልስሉስ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ድምጺ ሓተተቶ። እንተኾነ፡ እቲ ክፍጸም ዝግብኦ ተፈጺመ ፍሰሃ ዎ ሰላም ከኣ ኮነ።
ኢ.ድሪስ ኣንጊሁ ምስ ተሰአ፡ ፋጥማ ኢ.ዳ ኣብ ትሕቲ ከብዳ ኣንቢራ ተኾርምያ ኮፍ ኢ.ላ ረኸባ። ብዙሕ ከይተገደሰ፡-"ኣጆኺ፡ እቲ መኸተ ብዓወት ተዛዚሙ እዩ።" በላ።
ወይዘሮ ሙሉክ፡ ከም ልማዳ ኣንጊሃ ናብ መደቀሲ መርዓውቲ ምስ ኣተወት፡ እቲ ኣንጺፋቶ ዝነበረት ጻዕዳ ነጸላ ከም'ቲ ዘንጸፈቶ ዘይኮነስ፡ ወጅሃቱ ጠፊእዎ ጸንሐ። ገለ ገለ ንጣር ናይ ደም ከኣ ረኣየትሉ። ነቲ ወጋሕታ ብዕልልታ ብም- ጭዳድ፡ ሰበይቲ ወዳ ብጓላ ከም ዝጸንሐት፡ ነቶም ደቂሶም ዝነበሩ ኣዝማድን ኣዕሩኽን ኣበሰረቶም።
ግዜ ከይወሰደት ወይዘሮ ሙሉክ ከም ናይ ጽቡቕ ምልክት ንምምስራት ሓዳርን ምእዙዝ ውላድን ብዝብል እምነት፡ ነቲ ኣቐዲማ ኣዳልያቶ ዝነበረት ማይ ቁሩብ ሽኮር፡ ጻዕዳ ማሽላን ጨውን ሓዊሳ ብገረወይና ኣምጽኣቶሞ ንወዳ ካብኡ ክሕጸብ ኣዘዘቶ።
ኢ.ድሪስ ከም'ቲ ወላዲቱ ዝኣዘዘቶ ተሓጺቡ፡ ክቖርስ ናብ'ቶም ዝጽበይዎ ዝነበሩ ብጾቱ ተጸንበረ። ምልክት መኸተ ምሸት ኣብ ገጹ ስለ ዝተዓዘቡ፡ ገለ ከይበሉ ነንሕድሕዶም ተጠማሚቶም ተሰሓሒቖም፡ ኣመት ቁርሶም ገበሩ።
ግዜ ምፍናው ምስ ቀረበ ነፍስ-ወከፎም ዕድል ኢ.ድሪስ ከጋጥሞም እናተመነዩ፡ ንኢ.ድ- ሪስን መርዓቱን ጽቡቕ ዕድልን ምእዙዝ ውላድን ክረኽቡ እናተመነዩ ነናብ ስርሖም ተበገሱ። በዚ. ድማ ድሕሪ ናይ ሓደ ሰሙን ስሓቅን ጥዑም ዕላልን ወግዓዊ መርዓ ኢ.ድሪስ መሓመድ ሳሊሕ ጃብር እንተተዛዘመ፡ ዓዲ ሸኽ ሓሊብን መላእ ሃገርን ኣብ ሓዲሽ ኣህጉራዊ ምዕባለታት ክጥሕሉ ናይ ግድን ኮነ።

## 6- ረብሓታት፣ ዕላማታትን ጎንጽታቶምን

ኣብ መፋርቕ 1946፡ ብስንኪ ናይ ወጻኢ፡ ኣውራ ናይ ሃጸይ ሃይለስላሴ ምትእትታው፡ ሓፈሻዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ እናተጎሃሃረ ክመጽእ ጀመረ። ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ሞንጎ'ተን ኣብ'ቲ እዋን ዝተራእያ ሓውሲ ፖለቲካዊ ሓይልታትን ወገናትን፡ ዓቢ ጋግ ተፈጥረን ስርዓት ኣልቦነት ነገሰን። ገሊኣን ደለይቲ ሓድነት ምስ ኢትዮጵያ፡ ገሊኣን ሓተቲ ሞግዚትነት ኣብ ትሕቲ ናይ ወጻኢ መንግስታት፡ ገሊኣን ከኣ ናጽነት ብዝብል ፖለቲካዊ ፍልልያት ዝተመቓቐላ'ኳ እንተነበራ፡ ካብ'ቲ ቅልውላው ንምውጻእ፡ ንመጻኢ ሃገር ዝዝቲ ሓፈሻዊ ኣኼባ ክግበር፡ ዝኾነ ካብአን ተቓውሞ ኣይነበሮን።

እንተኾነ ግን ከም በዓል ፕረዚደንት “ማሕበር ፍቕሪ ሃገር” ፈተውራሪ ገብረመ- ስቀል ወልዱ፡ ኣቶ ተድላ ባይሩን ካልኦት መራሕትን፡ ረብሓታቶም ምስ ረብሓታት ኢትዮጵያ ኣዛሚዶም ይርእዩዎ ብምንባሮም፡ ደገፍ ሃጸይ ሃይለስላሴን ቡራኸ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያንን ስለ ዘሎና፡ ሓፈሻዊ ኣኼባ እንተተገይሩ፡ ምድንጋጽን ደገፍን ብዙሓት ኤርትራውያን ኣውራ ተኸተልቲ ሃይማኖት ክርስትና ክንረክብ ንኽእል'ና ዝብል እምነት ከሕድሩ ከለዉ፣ እቶም ካልኦት፡ ኤርትራ ንውሱን እዋን ኣብ ትሕቲ ሞግዚትነት ሕቡራት ሃገራት ጸኒሓ፣ ሃገራዊ ናጽነት ክወሃባ ኣለዎ ዝብሉ ዝነበሩ፡ ከም በዓል ጂላኒ ባሻ ኣልሑሰን ካብ ኣውራጃ ባርካ፡ ኣዝማች ኣስፍሃ ኣስመሮም ካብ ኣውራጃ ሰራየ፡ ደጀዝማች ሓሰን ዓሊን ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያምን ካብ ኣውራጃ ሓማሴን፡ ኣቶ መሓመድ ኑር ሓሰን ናይብን ኣቶ ሓሰን ኩርዲን ካብ ኣውራጃ ቀይሕ ባሕሪ፡ ባሻ ናስር ኣቡበከርን ራእሲ ተሰማ ኣስመሮምን ካብ ኣውራጃ ኣከለጉዛይ፡ ሓፈሻዊ ኣኼባ እንተተገይሩ፡ ንኹሉ ኤርትራዊ ዘዕግብ፡ ንህርፋን ሃጸይ ሃይለስላሴ ዝገትእን ንሓድነት መሬት ኤርትራን ህዝባን ዝዕቅብን ማእከላይ ፍታሕ ክርከብ ይከኣል'ዩ ዝብል እምነት ነበሮም።

እንተኾነ ነፍስ-ወከፍ ወገን፡ ነቲ ኣኼባ በብናቱ ረብሓ ይጥምቶ ብምንባሩ፡ ዕውት ወይ ስሉጥ ኣኼባ ተኻይዱ፡ ውጽኢት ክርከብ ዝከኣል ኣይነበረን። እቲ ሓደ ክንፊ ብኢትዮጵያ እናተደገፈ፡ ንረብሓታት ገለ ክርስትያናዊ ኣንፈት ዝነበሮም ሰበ- ስልጣን ስርዓት መግዛእቲ ብሪጣንያ ዝኾኑ ዓበይቲ ኤርትራውያን፡ መራሕቲ ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን፡ ወነንቲ መሬት፡ ዓበይቲ ዓዲ ከገልግልን ክጣበቕን እንከሎ፡ እቲ ካልእ ወገን፡ ካብ'ቲ መግዛእቲ ብሪጣንያ ዝነዝሖ ዝነበረ ምስልምናዊ ኣንፈት ነጻ ዘይኮነ ንናይ ገለ ባእታታት ሃብታማት፡ ምሁራት ኢና ዝብሉ መራሕቲ ቀቢላታት፡ ናይ ስልጣን ህርፋን ዝነበሮም ውልቀ-ሰባት፡ ኣብ ከበሳታት ኤርትራ መሬት ክግብቱ ዝደልዩን ካልኦትን ይውክልን ይጣበቕን ብምንባሩ፡ ክልቲኦም ወገናት ንናይ ኤርትራ ናይ ሓዋሩ ፖለቲካዊ ዕድል ወይ መጻኢ ክስእሉ ዓቕሚ ወይ ድልየት ነይርዎም ክበሃል ዝከኣል ኣይነበረን።

ኩነታት ንኹሎም ዜጋታት፡ እንተላይ ንበዓል ኢድሪስ መሓመድ ሳልሕ ጃብር፡ ሓጎስ ኣርዓዶምን ኢስማዒል ዙቡይ ዑመሪትን እናመረሮም ከደ፡ ሻቅሎት ድማ

እናሰፍሐ መጽኣ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ነናቱ ምንዮት፡ ብነናቱ ኣገባባ ክገልጾ ፈተነ። ገሊኦም ነቶም ንኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ክጽንብሩዋ ዝደልዩ፡ “ብኢድና ክንኣትዎም ኣሎና” ክብሉ እንከለዉ፡ ገሊኦም “ብዓቃል ኣገባብ ሓድነትና ኣትሪርና፡ እቲ ክነድሕኖ እንኽእል ከነድሕን ኣለና” ይብሉ ነበሩ።
ኢስማዒል ዙቡይ ዑመሪት፡ ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ናይ ወርሒ መስከረም 1946 ፡ ከም ልማዱ፡ ኣብ ሓንቲ ካብተን ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ወደብ ምጽዋዕ ዝርከባ ኣግራብ ኣጽሊ- ሉ እንከሎ፡ ሓጎስ ኣርዓዶም ብማዕዶ ናብኡ ገጹ ክጎዱ ተዓዘበ። ምስ ነብሱ “ደሓን ዶ ይኸውን?” እናበለ፡ ሓጎስ ደበኽ በለ’ሞ፡-“ደሓንዲኻ ሓጎስ፡ ስለምንታ’ዩ’ዚ ጉያ?” ክብል ሓተቶ። ሓጎስ፡ ደገፍቲ ሃይለስላሰ ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ከይርእዮዎ ሰጊኡ፡ የማነ ጸጋም ቁልሕ ምልሕ እናኣብዝሐ፡-“ምስ ሰዓብቲ ሃይለስላሰ፡ ስለ ዘይተጸንበርና፡ ግዳይ ኣጸያፊ ጸርፍታቶም ገይሮሙን፡ብዘይካ’ዚ ኣብ ትሕቲ ናታቶም ምጒብዕባዕ ኣቲና ኣለና።” ክብል ተዛረበ።
ኢስማዒል ካብ’ቲ ኣጽሊልሉ ዝነበረ ብድድ ብምባል፡-“እዚ ትብሎ ዘሎኻ መዓስ ሓዲሽ ኮይኑ። ኣብ ልዕሊ ጸላእትና ክንዕወት እንተኾይንና፡ ንህዝብና ብትዕግስትን ጽንዓትን ክንጥርንፍ ኣለና።” ኢሉ እንተመለሰ፡ ሓጎስ ቅሱን ብዘይምንባሩ- ፡“ኢንግሊዛውያን ኣረኻኺቦምልና፡ ህዝብና ከም ሕምባሻ መቓቒሎሞ እናሃለዉ፡ ብኸመይ ኣገባብ ኢና ናይ ምጥርናፍ ስራሕ ክነካይድ? ህዝብና ሓድነት ስለዝሰኣነ፡ ኣብ ቀቢላውን ሃይማኖ- ታውን ምጉጅጃል ጥሒሉ ይርከብ። ስለ ዝኾነ ኸኣ ንሰዓብትን ደገፍትን ሃይለስላሴ ክብድህ ዝኽእል ኣይኮነን። ኢሉ ብምቑዛም መለሰ።
ሓጎስ፡ ብሓደ ሸነኽ ዘይተቐባልነት ዘረብኡ፡ ኣብ ገጽ ኢስማዒል ስለዝረኣየ፡ ኣብ ሳዕቤን መጻኢ፡ ክቱር ፍርሒ ስለዘሕደረ፡ በቲ ኻልእ ሸነኹ፡ ነቲ ክብሎ ዝደለየ ርእይቶኡ ብምኽቓል፡-“ኢስማዒል፡ ህዝብና ሰለስተ ጸላእቲ ይብድሁዎ ኣለዉ፡ ክገጥ- ሞም ድማ ዓቕሚ የብሉን።” በለ። ብሓውሲ ዓቅሊ-ጽበት፡-“በዓል መን’ዮም እቶም ሰለስተ ተጻባእቲ?” ክብል ኢስማዒል ሓተተ።
ሓጎስ፡ ተቐላጢፉ ብትሑት ድምጺ፡-“እቲ ቀዳማይ ተጻባኢ፡ እቲ ካባና ንላዕሊ ዓቕሚ ዘለዎ፡ እምነት ሰባት ክቆጻጸር ብዘይ ስክፍታ ገንዘብ ዘፍስስ፡ ኣንጻር ተጻረርቱ ካብ ኣዲስ ኣበባ ብዝተለገሰሉ ብረት ዘቕንዕ፡ ሰዓባይ ሃይለስላሰ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ጸላኢ ኸኣ፡ ንሕና እቶም ክንሰምር ብዘይምኽኣልና ስለ ዝተመቓቐልና፡ ገና ኣብ ነንሕድሕድና ምትእምማን ዘጥፋእና፡ ኣብ ሃይማ-ኖታውን ቀቢላውን ሽግራት ጥሒልና ዘለና ኢና። እቲ ሳልሳይ ጸላኢ ድማ፡ ኢቲ ንረብሓ ነብሱ ጥራይ ዝሰርሕ መግዛእቲ እንግሊዝ’ዩ።” ዝብል ርእይቶ ኣቕረበ።
ኢስማዒል ተገሪሙ ጽን ኢሉ ድሕሪ ምስማዕ ብሃንደበት፡-“እቲ ኩሉ ዝበልካዮ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። እንተኾነ፡ ሰብ ሓቂ ስለ ዝኾንና፡ ሞራልና ብቲ ዝበልካዮ ክትንከፍ የብሉን።” እናበለ፡ ከየዕረፈ፡-“ንሕና ኣብ ተኣፋፊ ኩነታት ስለ እንርከብ፡ ነቲ ግቡእ እንብሎ ክንክተል ኣለና። ትማሊ ምሸት ኣቶ ዑመር ኣፈንዲ ምስ ጎረቤቱ ኣቶ ዓብደላ ጥሉል፡ ‘ብዙሓት ከም በዓል፡ ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን፡ ኣቶ ወልደኣብ ወልደ ማርያም፡ ዝኣመሰሉ መራሕቲ፡ ካብ’ዚ ዘጋጥም ዘሎ ሽግራት

ንምውጻእን መጻኢ ሃገር ንምርኣይን፡ ምስ ፊተውራሪ ገብረመስቀል ወልዱ ኣቦ-መንበር'ታ ብኢትዮጵያ እትድ- ገፍ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ክራኽቡ ይሓስቡ ኣለዉ'፡ ክብሉ ሰሚዐዮም።" ኢሉ ሓበሬትኡ ኣፍሰሰ።

ሓጎስ ንዘራባ ኢስማዒል ብምንኣድ፡-"እሞ ካባና ዝድለ እንታይ'ዩ?" ክብል ሓተተ። ኢስማዒል ከይተሃወኸ፡-"ኣብ ሕማቕ ሃዋህው ስለእንርከብ፡ እቲ ክንገብሮ እንደሊ፡ ኣጸቢቕና ክነሓስበሉ ይግባእ። ትዕግስትን ልዑል ቆራጽነትን ክህልወና ኣለዎ። ግዜ ንረብሓና ስለ ዘየለ፡ ቅልጡፍን ዕቱብን ምንቅስቓስ ክንገብር ኣሎና።" ኢሉ መለሰ።

ክልቲኦም ብጾት ገለ ከይወሰኑ ግዜ ስራሕ ስለ ዝኣኸለ፡ ሓደ ካብ ተቖጻጸርቲ ወደብ ምጽዋዕ ህሩግ በሎም'ሞ ብልዑል ድምጺ፡-"እንታይ ትገብሩ'ለኹም? ግዜ ዕረፍትኹም ስለ ዝተወድአ ነናብ ስራሕኩም ተበገሱ።" ምስ በሎም፡ ክልቲኦም ተጠማሚቶም፡ ነቲ ዘይወድእዎ ቁምነገር፡ ድሕሪ ምፍዳስ ክቕጽሉዎ ተሰማሚ- ዖም፡ ነናብ ስርሖም ኣምርሑ።

ግዜ ምፍዳስ ምስ ኣኸለ፡ ኣብ ሓንቲ ካብተን ኣብ ጥቓ መእተዊ ወደብ ምጽዋዕ እተዘርገሓ ኣብያተ-ሻሂ ኮፍ በሉ። ብዙሕ ከይጸንሑ፡ እታ ንኢስማዒል፡ ኣብ እትርእየሉ እዋን፡ ቀበዝበዝን ፍሽኽታን እተበዝሕ ወናኒት'ታ ቤት-ሻሂ ወይዘሮ ትብለጽ፡ ደበኽ ክትብልን "እንታይ ክእዘዝ" ዝብል ድምጺ ክተስምዕን ሓደ ኮነ።

ኢስማዒል ኣዒንቱ ካብ'ቲ ኩሉግዜ፡ ዓትዒቱ ክሓቝፎ ወትሩ ዝምነዮ ቅርጺ ኣካላት ወይዘሮ ትብለጽ ከይኣውረደ ድምጹ ኣሕፍስ ኣቢሉ፡-"ክልተ ሻሂ።" ኢሉ ክእዝዝ ተሰምዐ።

ሓጎስ፡ ብወይዘሮ ትብለጽ ብዙሕ ከይተገደሰ፡-"እንታይ ክንገብር ኢና፡ ካባና ዝሕተት እንታ'ዩ?። ሓድነት ህዝብና ብኸመይ ክነረጋግጾ ኢና?" ክብል ኣዋጣሪ ሕቶታት ሓተተ።

ኢስማዒል፡ ወላ'ውን ፍሱህ ገጽ ወይዘሮ ትበለጽ ስሒብዎ እንተነበረ፡ ብሃንደበት ብርቱዕ ናይ ርእሲ ቃንዛ ሓዞ። ቤት-ሻሂ ወይዘሮ ትብለጽ፡ መተኣኻኸቢ ካብ ዝተፈላለየ ቦታ ዝመጽኡ ስለዝኾነ፡ ንዕቱብ ክትዓት ብቑዕ ከምዘይኮነ ብምርድኡ፡-"እዚ ቦታ፡ ነቲ ክንዛረበሉ ዝጸናሕና ንምቕጻል ምቹእ ስለ ዘይኮነ፡ ናብ ድኳን ዓርክና ኢድሪስ እንተኸድና ይሓይሽ።" ክብል ሓሳብ ኣቕረበ። ሓጎስ፡ ዝፍለ ርእይቶ ስለ ዘይነበሮ፡ ነቲ ዝጠለብዎ ሻሂ ፊት-ፊት ኢሎም ሰትዮም፡ ተታሓሒዞም፡ ናብ ኢድሪስ ኣምርሑ።

"ከመይ ኣምሲኻ ኢድሪስ?" ክብል ኢስማዒል ተሰምዐ። ኢድሪስ፡ ብፍሱህ ገጽ ተቐቢሉ፡ ተቐላጢፉ ዝሑል ማይ ኣቕረበሎም። ቅሩብ ምስ ጸንሑ፡ ኢስማዒልን ሓጎስን ዘልዓሉዎ ንኢድሪስ ገለጽሉ ኢድሪስ ከአ፡-"ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ መራሕቲ ኣኼባ ክግበር ከምዝኾነ፡ ምስጢር ዕዳጋ'ዩ ዘሎ። ኩሉ ሰብ ድማ ብሃረርታ ይጽበ'ሎ።" በለ። ኣስዒቡ'ውን፡-"እቲ ዝድለ ዘሎ፡ ኣኼባ ኣብ ሞንጎ ውሱናት ሓለፍቲ ጥራይ ዘይኮነ፡ ወላ'ውን ብዙሕ ውልቃውን ሓፈሻውን ፖለቲ-ካውን ህልኽ ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ መራሕቲ እንተሎ፡ ሓደ ንኹሎም ዘሳትፍ፣ ንናይ ሃገር መጻኢ ዚዝቲ ዋዕላ ምክያድ ብጣዕሚ ኣድላ'ዩ።" ክብል ሓሳባቱ ኣፍሰሰ።

ሓጎስ ኣርዓዶም ብዘረባ ኢድሪስ ተመሲጡ፡ ተወሳኺ ርእይቶ ክሰምዕ'ኳ ባህጊ እንተነበሮ፡-"ካባና ዝሕተት እንታይ'ዩ? ነቲ ዝሕሰብ ዘሎ ኣኼባ በብዓቕምና ንምዕዋቱ፡ ብኸመይ ክንንቀሳቐስ ይግባእ?" ክብል ሓተተ።

ኢድሪስ፡ ኣገዳስነት ኣኼባ ይርዳእ ብምንባሩ ከይተቐጠበ፡-"ነብስና ጠርኒፍና፡ ኣንጻር ሓድነትና ዝግበር ናይ ጸላኢ ሽርሕታትን ውዲታትን፡ ንህዝብና ብጉቡእ ክንገልጽ የድሊ። ነዚ ክንፍጽም እንተኺኢልና፡ ብርግጽ ንሕቶናን ድልየትናን ሰማዒ ከም እንረክብ ርግጸኛ'የ። ሎሚ ካብ ንግሆ ጀሚረ፡ ነቶም ኣብ ዱኳነይ ዝመላለሱ ዓማዊል፡ ኣገዳስነት ሃገራዊ ዋዕላ እናገለጽኩ ከፋንዎም ውዒለ።" ምስ በለ፡ ክሳብ ክንደይ ጽልዋ ከምዘሕደረ ንምፍላጥ ንካልኢት ድሕሪ ምጽናሕ፡-"ኣብ'ቲ ኣብ ቤትገርጊስ ኣስመራ ክካየድ ተሓሲቡ ዘሎ ኣኼባ ክንሳተፍ ኣሎና፡" ዝብል እማመ ኣቕረበ።

ኢስማዒል ትኽ ብል ኣቢሉ፡-"ኣብ ኣኼባ ክንሳተፍ ብጣዕሚ ጽቡቕ'ዩ፡ እንተኾነ ኩልና ነቲ ደው ከነብሎ ዘይንኽእል ስርሓትና ጠንጢንና፡ ኣብ'ቲ ኣኼባ ክንውዕል ዝከኣል ኣይመስለንን።" ክብል ንኢድሪስ እናጠመተ መለሰ። ኢድሪስ ብወገኑ፡ እቲ መልሲ ባህ ስለዘየበሎን፡ ኢስማዒል ባህ ከምዘይበሎ ስለዝተገንዘበን፡ ነቲ ዘቕረቦ እማመ ንምምሕያሽ ተቐላጢፉ፡-"ኩላህና ክንከይድ እንተዘይ ከኣልና፡ ሓደ ካባና ክሳተፍ ግቡእ ኮይኑ ይስመዓኒ።" በለ።

ሓጎስ ኣርዓዶም፡ ኢድሪስን ኢስማዒልን፡ ነቲ ዘለዎም ስራሕ ገዲፎም ክኸዱ ከምዘይክእሉ፡ ኩላቶም ብሓደ እዋን እንተተበጊሶም፡ ንኣዒንቲ ሃሱሳት ሃይለስላሴ ቅሉዓት ክኾኑ ከምዝኽእሉ ብምርዳእ፡ ንሱ ዝያዳ ካብቶም ካልኦት መገዲ ቤት ገርጊስን ቋንቋ ናይቲ ከባብን ስለ ዝፈልጥ፡ ደቂ'ዝተፈላለዩ ዓድታት ብቐሊሉ ስለ ዘለሊ፡ ካብ ደገፍቲ ሃይለስላሴ ተኸዊሉ፡ ናብ'ታ ጥቓ ቤት ገርጊስ እትርከብ ዓዲ ንፋስ ብቐሊሉ ክበጽሕን ምስ ኣሙኡ ወይዘሮ ልኡል ክሓድር ከምዝኽእልን ስለ ዝተረድኦ፡-"ንቤት ገርጊስ ንምኻድ ቅሩብ'የ።" ክብል ኣመመ።

ኢድሪስ፡ ብተብግሶ ሓጎስ እናኾርዐ፡-"ብናትካ ተብግሶ ሕጉስ'የ፤ ምስ ነፍስኻን ምሳናን ብጣዕሚ እሙን ከም ዝኾንካ ብዘየማትእ ኣረጋጊጽካልና።" ክብል ብህዱእ መንፈስ ተዛረበ።

ኢስማዒል ብወገኑ ካብ ናይ ኢድሪስ ዝፍለ ስሚዒት ስለ ዘይነበሮ፡-"ብዳሓን ወፈርካ ብደሓን ተመለስ።" ኢሉ ንሓጎስ መረቖ።

## 7- ሃንቀውታ ዋዕላ ቤት-ጊዮርጊስ

ሓጎስ ኣርዓዶም ንኣዕሩኽቱ ኣፋንዩ፡ ድሕሪ 14 ሰዓታት ናይ እግሪ ጉዕዞ፡ ልክዕ ሰዓት ሹዱሽተ ድሕሪ ቐትሪ ከም'ቲ ዝመደቦ ናብ ገዛ ኣሙኡ ናብ ዓዲ ንፋስ ከደ'ሞ፡ ምስ'ታ ቡን ክትሰቲ ዝጸንሓቶ ጎረቤታ ጓል ዓሰርተ-ሸውዓተ ዝዕድመኣ ወይዘሪት ትርሓስ ተራኺበ። ኣሙኡ ወይዘሮ ልኡል ንኣስታት ሰለስተ ዓመት ስለ ዘይ ረኣየቶ ምስ መጽአ ብሓጎስ ተፈንጨሐት።
እቲ ዝተራእየ ደስታ ኣብ ወይዘሮ ልኡል ዝተሓጽረ ኣይነበረን። እቲ ሓሪሱ ካብ መሬት ዝረኸቦ ምህርቲ፡ ከም ኮመደረ፡ ድንሽን ካልእ ኣሕምልትን፡ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ እናሸጠ ዝናበር፡ ብፖለቲካ ብዙሕ ዘይግደስ፡ ምቕሉል ሓረስታይ በዓል-ቤት ወይዞሮ ልኡል ኣቶ ነጋሽ ወዲ ኣስፈሃ'ውን ከይተረፈ፡ ተፈሲሁ ነበረ።
ሓጎስ፡ ሰላምታ ኣብ ምልውዋጥን ደሃይ ስድራ ቤት ኣብ ምትሕታትን ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ብጎቦ ዓይኑ ሰሰሪቑ ነታ ብሽም ትርሓስ እትፍለጥ ጓል ጎረቤት ኣሙኡ ክጥምት፡ ንሳ ኣብ እተስተብህለሉ ድማ የዒንቱ ናብ ካልእ ክጥምዝዝ ተራእየ። ከም ልማድ ዓድታት ከበሳ ኤርትራ፡ ወይዘሮ ልኡል ወዲ ሓዋ ኣእጋሩ ንኽሕጸብ፡ ነታ ኣብ ጎድና ኮፍ ዝበለት ትርሓስ ማይ ክተምጽእ ሓበረታ። ትርሓስ ማይ ሒዛ ምስ መጻኣት፡ ኣብ ውሽጢ ኣካላቱ፡ ካብ ርእሱ ክሳብ ኣእጋሩ፡ ዘይፈልጦ ሓውሲ ኣቕርር ዘብል ስሚዒት ተሰመዮ። ትርግታ ልቡ ተቐላጠፈ፡ ካብ መታልሑ ረሃጽ ኮረር ክብል ምስ ኣስተውዓለ፡ ናብ መናኹቡ ከይልሕኹ ብምስጋእ ተቐላጢፉ ደረዞ።
ሓጎስ፡ ኣብ'ቲ ብዕንጸይቲ ዝተሰርሐ መንበር ኮፍ ኢሉ እንከሎ ትርሓስ፡ ኣብ ቅድሚኡ ኮፍ በለት'ሞ፡ ናብተን ኣብ ጥስቲ ዝተዘርገሓ ኣእጋሩ በብቑሩብ ማይ ከተንጠብጥብ ምስ ጀመረት፡ ማሕማሕ ዝብል ናይ ጥዕና ምልክት ዝዓሰሎ ወጅህ ትርሓስ ተዓዘበ። ኣብኡ ከይተሓጽረ፡ ኣዕንቱ ናብ'ተን ካብ ደረት ኣፍልቢ ፈንጺገን ክነጥራ ዝደልያ ኣጥባት ትርሓስ ተሰመራ። ሓጎስ፡ ምሕጻብ ኣእጋሩ ምስ ወደአ፡ ወይዘሮ ልኡል ብድድ ኢላ፡ ንወዲ ሓዋ ሓዲሽ ስዋን ውዕይቲ ጸብሒ ብርስን (ዓደስ) ዝተጸብሐት ጣይታን ቀረበትሉ።
ሓጎስ፡ ምስ ተደረረ፡ ኣፍቂዱ ናብ'ቲ ክድቅስ ዝተወሰነሉ ቦታ ተበገሰ። እንተኾነ ብሕልሚ ድቃስ፡ ምስሊ ትርሓስ ካብ ኣእምሮኡ ክስወር ብዘይምኽኣሉ፡ ንጽባቄኣ እናኣስተማቐረን ንግሩም ገጻ ንኽስዕም እናተመነየን፡ ክሳብ ደርሆ ነቆን ድምጺ ናይቶም ንመጓሰ ዝወፈሩ ጓሶትን ዝሰምዕ ኣብ ዓሚቝ ድቃስ ጠሓለ። በቲ ድምጺ ተበራቢሩ ዓይኑ ቋሕ ምስ ኣበለ፡ ሰብኣይ ኣሙኡ ኣብ ሓንቲ ኢዱ ካብ'ታ ዝፈትዋ ላሙ ዝመልአ ጓጉድ ጸባ፡ በታ ካልኣይቲ ኢዱ፡ ጨውን በርበረን ዝተነስነሰት ፍርቂ ጣይታ ሒዙ፡-"ሓደርካ።" ክብሎ ሰመዐ። ኣስዒቡ'ውን፡-"ኣስመራ ከይደ፡ ገለ ንገዛ ዝኸ- ውን ዘይቲ፡ ሽኮርን ሕሩጭን ክሽምት መደብ ስለ ዘለኒ፡ ፍቓደኛ እንተኾንካ፡ ኣብ መገሻይ ካልኣይ ክትኮነኒ በዓል ተስፋ'የ።" ብምባል ድልየቱ ገለጸ።

ሓጎስ ርእሱ እናሓኸኸ፡ እንታይ ከምዝምልስ ሓርበቶ። ጸኒሑ፡ ንኣቶ ነጋሽ ይኣምኖ ስለ ዝነበረ ነቲ ዝመጽኣሉ ጉዳይ ብጋህዲ ክሕብሮ ወሰነ።
"ኣብቲ ኣብ ቤት-ጊዮርጊስ ተሓሲቡ ዘሎ ኣኼባ ክሳተፍ'የ መጺአ። ቀልጢፌ ድማ ናብ ዝሰርሓሉ ቦታ ክምለስ'የ።" ክብል ብድፍረት ሓሳባቱ ገለጸሉ።
ሓጎስ፡ ንቤት-ገርጊስ ንምብጻሕ፡ ገና ገለ ናይ ክልተ ሰዓት ጉዕዞ ይጽበዮ ከም ዘሎ ብምርዳእ ግዜ ከይበልዐ፡ ንኣቶ ነጋሽን በዓልቲ ቤቱን በቲ ዝገበሩሉ እንግዶት ኣመስጊኑ፡ ሰላምታ ኣጽጊቡ፡ ናብቶም መገዲ ቤት-ገርጊስ ሒዞም ዝጓዓዙ ዝነበሩ ጓሶት ተጸንበረ። መገዱ ሒዙ ድማ፡ ኣብ ግዚኡ ኣብ ቅርዓት ቤት-ገርጊስ ደበኽ በለ።
ከም'ቲ ዝተመደበ፡ ብ25 ታሕሳስ 1946፡ ካብ ወጋሕታ ኣትሒዙ፡ ክሳብ ሰዓት ዓሰርተ ቅድሚ ቀትሪ፡ ዝተፈላለዩ ሰባት፡ ናብ ቤት- ገርጊስ ክውሕዙ ጀመሩ።
ኣብ መንጎ'ቶም ኣብ ቤት-ጊዮርጊስ ዝተኣከቡ ሰባት፡ ፖለቲካዊ ፍልልያት'ውን እንተነበረ፣ ኤርትራ ኣብ ሞንጎ ሱዳንን ኢትዮጵያን ንኽትመቓቐል ዝድግፍ ዋላ ሓደ ሰብ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ፡ ጆግራፍያውን ህዝባውን ሓድነት ኤርትራ ከምኡ'ውን ውሽጣዊ ናጽነታ ንኽሕሎ ዝድግፉ ነበሩ። እንተኾነ፡ ብዛዕባ ሃገሮም ዝምልከት፡ ኣብ ሓደ ጥሙር ርእይቶ ክበጽሑ ስለ ዘይካኣሉ፡ ዋዕላ ቤት-ገርጊስ ኣብ ሓደ ቁምነገር ከይበጽሐ በርዒኑ ተረፈ።
ሓጎስ ኣርዓዶም ከም ኩሎም ካልኦት ዜጋታት፡ ዋዕላ ቤት-ጊዮርጊስ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ክበጽሕ'ዩ ዝብል ግምት ኣይነበሮን። ድሕሪ ምስታፉ ግን፡ እቲ ዋዕላ ኣብ ፋይዳ ዘሎዎ ነገር ክበጽሕ ከምዘይኮነ ምስ ተዓዘበ፡ ምስ'ቲ ዝሓደሮ ኣሉታዊ ስምዒት፡ ተቐላጢፉ ጭንቀቱ ተሰኪሙ፡ ኣመት ናብርኡ ንምግባር ንምጽዋዕ ክምለስ ወሰነ። ንጽባሒቱ ስርሑ ንምጅማር ናብ ወደብ ተበገሰ።
ምስ ኢስማዒል ፊት ንፊት ኣብ ዝተራኸብሉ ከኣ ኢስማዒል ብሕጉስ መንፈስ፡-
"እንቋዕ ብደሓን መጻእካ።" በለ'ሞ፡ ብዛዕባ ዋዕላ ቤት-ጊዮርጊስ ሓበሬታ ስለዘይነበሮ፡ ውጽኢት ክፈልጥ፡-"እንታይ ደሃይ ኣምጺእካልና?" ኢሉ ብታህዋኽ ሓተቶ፡
ሓጎስ ስለ ዘይተበረሆ ነቲ ሕቶ ከይመለሰ፡-"ምሸት ምስ ተራኸብና ክገልጸልካየ።" ኢሉ መለሰ'ሞ ኢስማዒል ደስ ስለዘይበሎ፡ ብባህሪኡ ከኣ ንዝኾነ ነገር ብደቂቕ ክፈልጥ ስለ ዝደሊ፡-"ክፈልጥ ኣለኒ፡ ክሳብ ንራኸብ ክጽበ ኣይክእልን'የ።" በለ ብሕርቃን።
ሓጎስ፡ ክገድፎ ከም ዘይኽእል ስለ ዝተረደአ፡-"ዋዕላ ቤት-ጊዮርጊስ ብዘይ ቁምነገር ተፈንጢሑ፡ ንኻልእ ግዜ ክእከብ'ውን፡ ዝኾነ ተስፋ የለን።" ኢሉ ነቲ ሓቂ ደርጓሓሉ። ኢስማዒል፡ በቲ መልሲ ስለ ዝሰንበደ፡ ብቕጽበት ምዕጉርቱ ቀይሑ፡ ትርግታ ልቡ ብናህሪ ዛየደ፡ ረሃጽ ካብ ኩሉ ኣካላቱ ክውሕዝ ጀመረ። ሓጎስ፡ ነዚ ብምስትብሃል፡-"ሓላፊ እንጌራና ንኸይቆርጸልና ናብ'ቲ ዝወንዘፍናዮ ስርሓት ክንከይድ ኣለና። ምሸት ሰዓት ሓሙሽተ፡ ኣብ ድኳን ኢድሪስ ንራኸብ።" ኢሉ ከረሳስዮ ፈተነ።

ከም’ቲ ዝተመደበ፡ ሰለስቲኦም ኣዕሩኽ ናብ’ቲ ብዛዕባ ፍሽለት ዋዕላ ቤት-ጊዮርጊስ ደሃይ ዘይነበሮ ኢድሪስ ተኣኻኸቡ። ኢድሪስ ንሓጎስ ምስ ረኣየ፡ ዘይተረደአ ደስታ ተሰመዮ። ከም ልሙድ ዝሑል ማይ ኣቕረቡ፡ ነቲ ካብ ድኳኑ ክሽምት ዝመጽአ ሳሊሕ ዝተባህለ መንእሰይ፡ ካብ’ታ ጎሮቤቱ ዝኾነት እንዳሻሂ ሰለስተ ኩባያ ሻሂ ከምጽኣሉ ኣዘዞ። ነቲ ዝተቐረበሎም ምስ ሰተዩ ኢድሪስ፡ ንሓጎስ እናጠመተ፡-“እንቋዕ ብደሓን መጻእካ፡ ቀልጢፍካ ክትመጽእ ኣይተጸበኹን፡ እን- ታይ ደሃይ ሒዝካልና መጺእካ?” ፍሽኽ እናበለ ሓተተ።

ድኳን ኢድሪስ ንቕሩብ ካልኢት ስቅታ ምስ ዓሰሎ፡ ሓጎስ ነቲ ዝነበረ ሃዋህው ንምቕያር፡-“ከም’ቲ ኣቐዲምና ዝተሰማማዕናሉ፡ ኣብ ዋዕላ ቤት-ጊዮርጊስ ተሳቲፈ መጺአ ኣለኹ፣ ነብሰይ ጸሊአ፡ እንተዘይሳተፍ ምሓሸ። እቶም ዓበይቲ’ዮም ኢለ ዝኣምኖም ዝነበርኩ፡ ዓበይቲ ከምዘይኮኑ በሪሁለይ፡ እቲ ንየኦም፡ ኣውራ ነቕሽ-ሽትናን ሰበ-ስልጣንናን ዝህቦ ዝነበርኩ ኣኽብሮት፡ ኣብዘይ ቦትኡ ነበረ። ኣሕፊሮምናን ኣዋሪዶ- ምንና.....ኣሕ..” ምስ በለ፡ ገለ ከም ዝሓነቖ፡ ኣፉ ተቖሊፉ ቃላት ምውጻእ ኣበዮ። ዘረበኡ ክቕጽል ስለ ዘይከኣለ፡ ኣብ ዲቕ ዝበለ ብኽያት ኣተወ። እቶም ምስኡ ዝነበሩ፡ ናይ ስንባደ ምልክት ከርእዩ ጀመሩ። እቲ ቦታ፡ ከም መልኣክ-ሞት ዝዘንበዮ፡ ብስቕታ ተዋሕጠ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዓይነት ኩነታት፡ ኢድሪስ፡ ካብ ቦትኡ ብድድ ብምባል፡ ማይ ዝመልአ መቕድሒ ሒዙ ንሓጎስ፡-“ኣንታ ሓወይ፡ ብኽያት ኣብ ልምድና ስለ ዘየለ፡ ጠጠው ኣብሎ። ንዘጋጠመና ብትብዓትን ቆራጽነትን ክንብድሆ ከምዘለና ክትዝክር ይግባእ።” ኢሉ ነቲ ሒዙዎ ዝነበረ መቕድሒ ማይ ኣቐበሎ።

ሓጎስ፡ ነቲ ዝተቐበሎ ዝሑል ማይ ምስ ሰተየ፣ ካብ’ቲ ዝነበሮ ቅሩብ ክፈኽሶ ጀመረ። ነቲ ኢድሪስ ዝተዛረቦ ኣብ ግምት የእትዩ፡ ተመዓራርዩ፡-“ናይ ብሓቂ ሕፍረት’ዩ ነይሩ። እቶም መራሕቲ፡ ኣብ ዝኾነ ምርድዳእ ክበጽሑ ኣይከኣሉን። ኣብ’ቲ ዋዕላ፡ ሃጸይ ሃይለ ስላሴን ኮራኹሩን’ዮም ዝተዓወቱ፡” በለ፡ ኣሕ! ዝብል ድምጺ ኣኸቲሉ።

ኢድሪስ፡ እታ “ሃጸይ ሃይለስላሴን ኮራኹሩን’ዮም ዝተዓወቱ” እትብል ሓረግ ስለ ዘቖጠዓቶ፡ ኣብ’ቲ ዋዕላ ዝተኻየደ ክትዓት፡ ኣብኡ ዝተሳተፉ ሰባት፡ እቲ ዋዕላ ብኸመይ ከም ዝበርዓነ፡ ኣስፍሕ ኣቢሉ ክገልጸሎም፡ ብዕቱብነት ንሓጎስ ሓተቶ።

ሓጎስ ነዚ ብምርዳእ፡-“ንግሆ ሰዓት ዓሰርተ ቅድሚ ቀትሪ፡ ከባቢ ኣርባዓ ዝኾኑ ኣባላት ደገፍቲ ናጽነት መጽኡ። ቀንዲ ካብኦም ደጀዝማች ሓሰን ዓሊ፡ ኣቶ ወልደኣብ ወልደ ማርያም፡ ሸኽ ኢብራሂም ሱልጣን፡ ኣቶ ብርሃኑ ኣሕመዲን፡ ኣቶ ጸሃየ ኣብርሃ፡ ኣቶ ገረንኪኤል በራኺ፡ ኣቶ ዮውሃንስ ጸጋይን ካቮልየረ ዑመር ስፉፍን ነበሩ። ነዞም ንኹሉ ከባቢታትን ሃይማኖታትን ዝውክሉ፡ ጎበጣ ኢትዮጵያ ዝነጽጉ፡ ንናጽነት ዝመርጹ፡ ዓበይቲ ዓዲ ምስ ረኣኹ ብጣዕሚ ተሓጎስኩ።” ምስ በለ። እቶም ሰማዕቱ ተወሳኺ ሓበሬታ ክረኽቡ ኣብ ሃረርታ ከም ዘለዉ ስለ ዝተሰመዮ ብምቕጻል፡-“እቶም ካልኦት፡ ኣብ ግዚኦም ኣይመጽኡን፡ ብዙሓት ብሰንኪ ምድንጓይ ሰዓብቲ ኢትዮጵያ ከዕዘ- ምዝሙ ተራእዩ። ድሕሪ ቅሩብ፡ ብዙሓት ዳርጋ

ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ዝገማገሙ ንኢት- ዮጵያ ዝድግፍ ጭርሖታት ዘልዓሉ፣ ገሊኦም ብረት ዝተሓንገጡ፣ እናደበሉን እናጨ- ፈሩን ናብ ቅርዓት ኣኼባ ተጸንበሩ። ኣትኲረ ምስ ጠመትኩ፣ ደገፍቲ ኢትዮጵያ ኮይኖም ረኺበዮም።" ክብል መግለጺኡ ሃበ።
ኢድሪስ፣ ደገፍቲ ኢትዮጵያ ክሳብ ክንዲ'ዚ ዝኣኽሉ ተሳተፍቲ፣ ገለ ካብኦም ድማ ብረት ዝዓጠቑ ምንባሮም ምስ ሰምዐ ተገረመ። ምምሕዳር መግዛእቲ ብሪጣንያ፣ ብረት ምሕንጋጥ ከልኪሉ እንከሎ፣ ደገፍቲ ኢትዮጵያ ከመይ ገይሮም ብረት ከምዝዓጠቑ ንኽፈልጥ፡-"እዞም ሰባት፣ ብረት ካበይ ኣምጺኦሞ?" ክብል ሓተተ።
"ካበይ ከምዝመጽአ ኣይፈልጥኩን።" ኢሉ መለሰሉ። ቀጺሉ'ውን፡-"ብመጀመርያ፣ ደጀዝማች በየነ በራኺ፣ ብላታ ደምሳስ ወልደሚካኤል፣ ኣቶ ገብረመስቀል ወልዱ፣ ደጀዝማች ሓጎስ ገብረ፣ ብገለ ሓውሲ ዕቡዳት ዝኾኑ ዕጡቓት ተዓጂቦም፣ ኣብ'ቲ ኣኼባ ክኣትዉ እንከለዉ፣ ኣስዒቦም'ውን፣ እቶም ዝተረፉ ዕጡቓት፣ ጽዩፍ ጸርፍታትን ምጒብዕባዕን ዝመልኡ ቃላት፣ ኣንጻር ተጻረርቶም ከዘውትሩ ምስ ጀመሩ፣ ብዙሓት ኣኼበኞታት ተገረሙ። ገለ ካብኦም ድማ ብፍርሒ ተዋሕጡ። ሕማቕ ከይርእዩ ወይ ከየጋጥሞም ኣዝዮም ሰጊኦም ነበሩ።" ምስ በለ። ንቅሩብ ካልኢት ንኽዕርፍ ዘረባ ኣቋረጸ። ኢድሪስን ኢስማዒልን፣ ዘይተጸበይዎ ዘሕዝን መግለጺ ብምስማዖም፣ ተንከስ ከይበሉ፣ ኣብ'ቲ ኮፍ ኢለሞ ዝነበሩ ተሰመሩ።
ሓጎስ እናኣስተንፈሰ፡-"ምጒብዕባዕ ናይቶም ዕጡቓት ህድእ ምስ በለ፣ ብላታ ደምሳስ ወልደሚካኤል ንክዛረብ ብድድ በለ።"
ኢድሪስን ኢስማዒልን ብላታ እንታይ ከምዝበለ ንምፍላጥ ኣዝዮም ተሃዊኾም ስለ ዝነበሩ፣ ኢስማዒል ተቐዳዲሙ፡-"ብላታ እንታይ በለ?" ክብል ብታህዋኽ ሓተተ።
ሓጎስ፡-"ብላታ ደምሳስ፣ ውርዝነት ብዝጎዶሎን ንዕቀት ዝተሓወሶን ትዕቢታዊ ኣዘራርባ፣ ንገለ ካብቶም ኣኼበኞታት እናጠመተ እቶም ካብ ኢትዮጵያ ክፈልዩና ዝጽዕሩ ዘለዉ ኣሕዋትና ኣስላም፣ ካብ መገዲ ስሕተት ክእለዩ ይግባእ። እንተዘይኮነ፣ ሕማቕ ሳዕቤን ክህሉ'ዩ።" ዝብል ቃል ሃበ።
ኣስዒቡ መልሰ-ግብሪ ቃል ብላታ ደምሳስ ከብርህ እንከሎ፡-"ብላታ ደምሳስ ቃሉ ምስ ኣፍሰሰ፣ እቲ ከባቢ ብጣቕዒትን ፊስካታትን ተናወጸ። ስዒቡ ገብረ መስቀል ወልዱ ተሲኡ፣ ነቲ ብላታ ደምሳስ ዘስመዖ ቃል ንኢዱን ብዘይ ምኽኑይ መጒሱን።"
ሓጎስ ዘረባኡ ብምቕጻል፡-"ኣሉታዊ ቃል ብላታ ደምሳስ ገዲፍካ፣ እቲ ኩነታት ብሓፈሻኡ ህዱእ'ውን እንተነበረ፣ ኣቶ ተድላ ባይሩ ካብ'ቲ ኮፍ ኢሉሉ ዝነበረ ብድድ ብምባል፣ ብዛዕባ ወልደኣብ እንተዘይኮይኑ፣ ብዛዕባ ካልኦት ክዛረብ ኣይኮንኩን። እዚ ሰብ፣ ካብ ትግራይ ብምዃኑ፣ ሓደ ካባና ስለዘይኮነ፣ ብዛዕባ መጻኢ ሃገርናን ዘድልያ ውሕስነት ክዛረብ መሰል የብሉን። ምስ በለ፣ እቶም ኣኼበኞታት ከም'ዚ ዓይነት ዘለፋ ይጽበዩ ብዘይምንባሮም፣ ኣብ ገጽ ነፍሰ-ወከፍ፣ ናይ ቁጠዐ ምልክት ክረአ ጀመረ። ኣቶ ወልደኣብ ንኤርትራ ብዙሕ ዝሰርሐ ሰብ ከምዝኾነ ብዙሓት ዝምስክርዎ ሓቒ'ዩ። ከም'ቲ ተድላ ባይሩ ዝበሎ ትግራዋይ ነይሩ እንተዝኸውን፣ ብዕቱብ ንረብሓ ሃገርናን ህዝብናን ኣይምሰርሐን፣ ናብ ኣኼባ ቤት-

ጊዮርጊስ ክሳተፍ ምስቶም ኣብኡ ዝነበሩ መራሕቲ ኣይም-ተጸንበረን ነይሩ።" ክብል ሓውሲ መደረ ኣስመዐ።
ኢድሪስን ኢስማዒልን፡ ብዛዕባ ኣቶ ወልደኣብ እንተዘይኮይኑ፡ ዝኾነ ይሕመቕ ይጸብቕ፡ ብዛዕባ ኣቶ ተድላ ባይሩ ሰሚዖም ስለዘይፈልጡ፡ ኣብ ልዕሊ ኣቶ ወልደኣብ ዝወረደ ዘለፋ ፈጺሙ ካብ ትጽብቶም ወጻኢ ነበረ። መራሕቲ ዋዕላ ቤት-ገርግስ፡ ብዛዕባ መበቆልን ምጽራይ ዓሌትን ንኽዛረቡ ብዘይ ምጽባዮም፡ ነቲ ኣቶ ተድላ ዝበሎ ኾኒኖም፡ እቶም ኣዕሩኽ፡ ድሕሪ ገለ ካልኢት ጽን ድሕሪ ምባል፡ ሓጎስ ብሃንደበት፡-"ተድላ ባይሩ፡ ዘረባኡ ውድእ ምስ ኣበለ፡ እቲ ከባቢ ኣብ ሞንጎ ደጋፍን ተቓዋምን ቃል ተድላ ባይሩ ብሩኡይ ተመቕለን ኣብ ዳንኬራ ተለወጠን። ገለ ካብ ደገፍቲ ናጽነት፡ ነቲ ናይ ተድላ ባይሩ ቃል ክኹሩን ክጠልቡ እንከለዉ፡ ካልኦት ድማ፡ እቲ ዋዕላ ክለዓል ወይ ክዕጾ፡ ኩነታት ምስ ኣፍቀደ ዳግማይ ክእከቡ ሓተቱ።" ክብል ዘረባኡ ደምደመ።
ኢድሪስ፡-"ተድላ ባይሩ ይኹን ካልኦት፡ ብዛዕባ ኤርትራውነት ኣቶ ወልደኣብ ከቀናጽቡ ዝኾነ መሰል የብሎምን። ኣቶ ወልደኣብ ትግራዋይ መበቆል እንተለዎ'ውን ዘነውር ኣይኮነን። ተድላ ባይሩ፡ ክንዲ ብዛዕባ መበቆል ዝዛረብ፡ ብዛዕባ ህሉው ፖለቲካዊ ቅልውላው ሃገርና ክዛረብን መፍትሒ ክናድን ይግባእ ነበረ።" ኢሉ ብነድሪ ተዛርበ።
ኢስማዒል ንዘረባ ኢድሪስ ብምድጋፍ ኣስዒቡ፡-"ዋዕላ ቤት-ገርግስ፡ ብዛዕባ ፖለቲካዊ መጻኢ ኤርትራ ክዛረብ'ምበር፡ ብዛዕባ መበቆልን ዓሌትን ክዝቲ ኣይተዳለወን።" ድሕሪ ምባል፡-"ተድላ ባይሩ መን ኮይኑ'ዩ፡ ብዛዕባ ኣቶ ወልደ- ኣብ ዝዛረብ።" ኢሉ ዘረባኡ ደምደመ።
ሓጎስ በቲ ዝተባህለ እናተመሰጠ፡-"ተድላ ባይሩ፡ ኣንጻር ወልደኣብ ከምዝኾነ ካብ ዝኾነ ዝተሰወረ ኣይነበረን። ኣንጻርነቱ፡ ብሓደ ሸነኽ ንሃይለስላሴ ንምሕጓስ ክኸውን እንከሎ፡ በቲ ኻልእ ሸነኽ ከኣ ነቲ ዘጋጥሞ ዝነበረ ናይ መንነት ቅልውላው ንምህዳእ ተባሂሉ እዩ ኢልና ክንዛረብ ንኽእል። እዚ ድማ ክሰሓት ዘይብሉ'ዩ።" ምስ በለ፡ ኢድሪስ ስለዘይተረደኦ፡-"ናይ መንነት ቅልውላው ክትብል እንከለኻ እንታይ ማለትካ'ዩ?" ክብል ሓተተ።
ሓጎስ፡-"ኣቦ-ሓጎ ኣቶ ተድላ ባይሩ፡ ተቐማጣይ ናይ'ቲ ዘለዎ ዓዲ ዘይኮነ፡ ካብ ጎዳም ከም ዝመጸ'ዩ ዝውረ። ስለ ዝኾነ፡ ተድላ ብዛዕባ መበቆል ዜጋታት ከበሳ ኣብ ዝለዓለሉ እዋን፡ ንክዛረብ ፍቃደኛ ከምዘይኮነ ይዝረበሉ'ዩ።" ኢሉ ከብርህ ፈተነ።
ሓጎስ ዘረባኡ ከይወደአ፡ ኢስማዒል ትቕብል ኣቢሉ፡-"ብዛዕባ መበቆል'ቶም ኣብ ዋዕላ ዝተሳተፉ እንተዘይተዛረብና ይሓይሽ። ብዛዕባ ዘምጽኣና ንግበር።" ክብል ርእይቶ ኣቕረበ። ኩሎም ብዛዕባ መበቆል፡ ንግዚኡ ገዲፎም፡ ኣብ'ቲ ቁምነገር ክኣትዉ፡ ስለ ዝተረዳድኡ፡ ሓጎስ ዘረባኡ ብምቕጻል፡-"ሰዓብቲ ኢትዮጵያ፡ ኣንጻር ደገፍቲ ናጽነት ዝተፈላለየ ክስታት ክቕርቡ ተራእዩ። ክድዓት፡ ጥልመት... ዝብላ መኽፈቲ ኣፍ ደገፍቲ ኢትዮጵያ ኮና። እቲ ሃዋሁ ክሳብ ሰዓት ክልተ ድሕሪ ቀትሪ፡ ኣብ ምቅርራብ ወይ ኣብ ምርድዳእ ከይተበጽሐ ቀጺሉ። ኣቶ ወልደኣብ

ብተደጋጋሚ ክዛረብ'ኳ እንተፈተነ ዕድል ናይ ምዝራብ ስለ ዘተነፍጎ፡ ደገፍቱን ምስኡ ዝመጹኡ ሰባትን፡ ካብ ካልእ ኣሉታዊ፡ ኣውራ ካብቶም ዕጡቓት ደገፍቲ ኢትዮጵያ ክበጽሕ ካብ ዝኽእል መጥቃዕቲ ብምስጋእ ካብ'ቲ ናይ ዋዕላ ኣዳራሽ ተቓላጢፎም ከም ዝእለዩ ገበሩ።" ክብል፡ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ክገልጽ ፈተነ።
ኢድሪስ፡ ዓቕሉ እናኣጽበበ፡-"ጸለመ ደገፍቲ ኢትዮጵያ እናተኻየደ፡ እቶም ካልኦት፡ ኣውራ ደጀዝማች ሓሰን ዓሊ፡ ኢብራሂም ሱልጣን እንታይ ይገብሩ ነበሩ?" ክብል ሓተተ።
ሓጎስ፡-"እቲ 64 ዝዓመቱ ደጀዝማች ሓሰን ዓሊ ካብ ጸርፍታትን ጸለመን ደገፍቲ ኢትዮጵያ'ውን ኣይደሓነን። እቶም ዝተረፉ ካልኦት ዝኾነ መልሲ ክህቡ ኣይከኣሉን። እቲ ዋዕላ ካብ ዝጀምር ኣትሒዙ፡ ኣብ ምጽብጻብ መበቆልን ቆይቑን ስለ ዝተሸመ፡ እቲ ኩነታት ክንዲ ብዛዕባ መጻኢ ፖለቲካዊ ዕድል ኤርትራ ምዝታይ ዝኸውን፡ ኣብ ሞንጎ ክርስትያን ብሓደ ሸነኽ፡ ኣብ መንጎ ኣስላምን ክርስትያንን ብቲ ኻልእ ሸነኽ፡ ናይ ምቁሩቛስ ባይታ እናኾነ ምስ መጽአ፡ ዕላምኡ ስሒቱ ዝተጠምዘዘ ዋዕላ ኮነ። ኢብራሂም ሱልጣን ድማ ክምልስ ኣይከኣለን ወይ ኣይደለየን ክበሃል ይከኣል።" ክብል ብቑጡዕ ኣገባብ መለሰ።
ኢስማዒል፡ ካብ'ቲ ዝሰምዖ ኣዝዩ ተረቢሹ ብምንባሩ፡-"እቲ ኹሉ ዝበልካዮ ሓቂ'ውን እንተነበረ፡ እቶም ካልኦት ናይ ኣስላም መራሕቲ ወላ'ውን ብፈኩስ ኣገባብ ክምልሱ ዘይከኣልሉ ምኽንያት ኣይተረድኣንን?።" ክብል፡ ኣጥቢቑ ሓተተ።
ሓጎስ ነቲ ናይ ኢስማዒል ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩነታት ኣብ ግምት እናኣእተወ፡-"ደገፍቲ ናጽነት፡ ከምቶም ናይ ኢትዮጵያ ሰዓብቲ ብጥርኑፍን ውዱብን መልክዕ ህላወኦም ከረጋግጹ ኣይከኣሉን። ከም'ቲ ዝድለ ተጠርኒፎም፡ ነቶም ዝተፈላለዩ ቀቢላታት ትግረ፡ ዓሳውርታ፡ ሳሆ፡ ብለንን ደንከልን ዝውክሉ መራሕቲ'ውን ከየሳተፈ ተረፉ። ብኣንጻሩ፡ ሰዓብቲ ኢትዮጵያ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣባላቶም፡ እንተላይ ዕጡቓት፡ ሃብታማት፡ ንጡፋት ኣባላት ቤተ-ክርስትያን፡ ኣብ ምምሕዳር ብሪጣንያ ዝተቖጽሩ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ'ቲ ዋዕላ ከሳተፉ ከኣሉ። ኣሰታትፋ ኣስላም ኣብ'ቲ ዋዕላ ኣዝዩ ድኹምን ዘይጸላ- ውን ነበረ።" ኢሉ ከብርህ እናፈተነ፡ ኣስዒቡ፡-"ኢብራሂም ሱልጣን ብተደጋጋሚ ክዛረብ እንተፈተነ'ውን ዕድል ብምስኣኑ፡ እቲ እንኮ ክገብሮ ዝፈተነ፡ ኣውራ ሓደ ካብቶም ብረት ዝዓጠቑ ዕሉላት፡ ንሕና ቃል መራሕቲ ኣስላም ክንሰምዕ ኣይመጻእናን። እቶም ኣስላም፡ ፈትዮም ጸሊኦም፡ ንሕና ክርስትያን እንብሎ ክሰምዑ ይግባእ። በቲ ዘሎና ዓቕምን ስልጣንን ድማ ናብ'ቲ ረብሓና ዝሕልወልና መገዲ ክንመርሖም ብቑዓት ኢና፡ ክብል ምስ ተዛረበ።" ኣብ'ቲ ዋዕላ ምስሕሓብ ተላዕለ። ክብል መለሰ።

## 8- ሕሉፍ ባህጊ

ኢድሪስ መሓመድ ሳልሕ፡ ተመኩሮ ብምቕሳም፡ ጥበብ ምሻጥን ምዕዳግን ክመልኮ ክኣለ። ኣብ እዋን ክራማት፡ ተቐማጦ ዓዲ ሽኽ ሓሊብ፡ ካብ ወርሒ ታሕሳስ ኣትሒዞም ክሳብ ወርሒ መጋ-ቢት፡ ንኣጋጣሚታት ሕጸን መርዓን ተባሂሉ፡ ብብዝሒ ናይ ቁንጅና ሃለኽቲ ነገራት ካብ ድኳን ኢድሪስ ክገዝኡ ተራእዩ።
ኢድሪስ ዘቕርቦ ዝነበረ ናይ ቁንጅና ሃለኽቲ ነገራት ብዓይነቱ ልዑል ብምንባሩ፡ ዝበዝሕ ሰብ፡ ኣውራ ድማ ኣዋልድ እቲ ከባቢ ይብህግኦን ይደር- ፋሉን ነበራ። ስለ ዝኾነ ኢድሪስ ንብዙሓት ደቂ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ክተዓ- ራረኽ፡ ልምድታቶምን ባህልታቶምን ፍሉይ ጉዳያቶምን ፖለቲካዊ ዝምባሌታቶምን ከይተረፈ ክፈልጥን ከዳቕቕን ክኣለ።
ምስ ግዜ ኢድሪስ ብዛዕባ ዕዳጋን ኣገባብ ኣተኣላልያ ዓማዊልን ክፈልጥን ክሕዝን ብቕዓት'ኳ እንተኣጥረየ ኣብኡ ከይተሓጽረ ብዛዕባ ኣብ ሃገር ዝካየድ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ክፈልጥን ክከታተልን'ውን ክኣለ። ብኻልእ ሸነኽ ድኳን ኢድሪስ ስራሕ ኣብ ዝዝሕትለሉ እዋን፡ መኣከብን መኣዲ መካትዒትን ናይቶም ብፖለቲካ ሃገር ዝግደሱ ኣዕሩኽ፡ ኣውራ ኢስማዒልን ሓጎስን ክትከውን'ውን ብቕዐት።
ከም ልሙድ ሰላት ኣልመቕርብ ክእወጅ ወይ ክለዓል እንከሎ ኢድሪስ፡ ኣብሪቕ ማዩ ኣልዒሉ ወድኦ [1] ጌሩ፡ ድኳኑ ዓጽዩ ንክሰግድ ናብ መስግድ ይብገስ። ምስ ወደአ ብምቕጻል ናብ ዓዱ፡ ዓዲ ሽኽ ሓሊብ ከይጸልመተ ይሕምበብ። ቤቱ ምስ ኣተወ ነታ ሰላት ኣልመቕርብ ወዲኣ እትጽበዮ ወላዲቱ ወይዘሮ ሙሉክ ዓብዱልቓዲር ተቐላጢፉ ተሳሊሙ፡ ርእሳ ስዒሙ፡ ነታ ካብ ሑበዘት፡ ሕብር-ትኩስ [2] ዝዓይነቱ ዓሳን ቁሩብ ናይ ጤል ጸባን ዝትሕዝቶኡ ድራር እተዳሉ በዓልቲ-ቤቱ ወይዘሮ ፋጥማ ያሲን ዑመር ሽኽ፡ ሰላም ክብል ናብ ውሻጠ ይኣቱ። ሰላት ኣልዒሻ ሰጊዱ፡ ምስ ተደረረ ብጀካ ንናይ ሓዳሩ ግቡእ ምፍጻም፡ መዓልታት ሓሙስን ሰሉስን፡ ብእዋኑ ኣብ ዓሚቑ ድቃስ ጥሒሉ ወጋሕታ ምስ ምውፋር ጓሶት ይበራበር።
ኢድሪስ በቲ ዝረኽቦ ዝነበረ ናይ ገንዘብ ኣታዊታት ዕጉብ ኮይኑ፡ ኣብ ግዜ ጾም ሮሞዳን ኣውራ ንገለ ድኻታትን ሽጉራትን ካብ'ቲ ኣታዊታቱ ይዕድል ነበረ። ይኹን'ምበር ገለ ውልቃዊ ጸገማት ማለት፡ ኣብ ሃገር ዝነበረ ፖለቲካዊ ቅልውላው ቅሳነት ክኸልኦ እንከሎ፡ ልዕሊ ኹሉ ሰበይቱ ኣብ ቀዳማይ ዓመት ዘይምውላዳ ዓቢ ናይ ኣእምሮ ሃስያ ኣስዓበሉ።
ዓመት ድሕሪ ምምርዓዉ ኣብ ሓጋይ 1947 ዓርቢ መዓልቲ፡ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ትሕቲ ጽላል "ኡም ዓብዱ" ኢሉ ዝሰምያ ዝነበረ ገረብ ተምሪ፡ ብዛዕባ ኣገዳስነትን ኣድላይነትን ዝወርስ ቈልዓ ናይ ምውላድ ሕቶ እናሓሰበ እንከሎ፡ ብሃንደባት

---

(1) ወዱእ፡ ቅድሚ ሰላት ዝግበር ናይ ኣካላት (ኢድ፡ ገጽ፡ እግሪ፡ ኣፍን ኣፍንጫን) ምሕጻብ ስነ-ስርዓት'ዩ፡፡
(2) ሕበር- ቱኩስ፡ ኣብ ግዜ ሓጋይ ብብዝሒ ዝርከብ ኣብ ጭርኡ ጸሊም ነጥቢ ዘለዎ ዓይነት ዓሳ'ዩ።

ወላዲቱ ሙሉክ ኣብ ርእሱ ደው ከምዝበለት ተዓዘበ። ርእይ ምስ ኣበላ፡ ቃል ከየውጽአ ኣብ ጉንዲ'ታ ገረብ ተምሪ፡ ኮፍ ኣበሃህልኡ ኣጣጢሑ፡ ገጹ ናብ ወላዲቱ ብምቕናዕ፡-"መርሓባ፡ እምበይተይ እንታይ ክንእዘዝ" በለ።"ፍቓደኛ እንተኹንካ ክዛረበካ።" ክትብል መለሰት ወላዲቱ።" "ሕራይ ደሓን።" ከይተገደሰ መለሰላ።

"ኣንታ ወደይ ካብ ትምርያ ዳርጋ ዓመት ኣሕሊፍካ፡ ኣነ ድማ በኹሪ ወላድካ ክርኢዩ ትምኒተይ።" ክትብል'ኳ እንተ ኣንፈተትሉ። ኢድሪስ ሕጂ'ውን ብዙሕ ከይተገደሰላ፡-"ምሉእ ጥዕናንን ዕድመን ክህልወኒ ግዳ ጸሎት ዘይትገብርለይ?" ክብል ምስ መለሰ፡ ወላዲቱ ዋላ'ውን ኣጸቢቓ ከምትጽልየሉ እንተፈለጠት፡ ብዙሕ ከይተገረመት፡-"ኣንታ ወደይ፡ ተቐማጦ ዓዲ ሽሕ ሓሊብ ኣብ ህይወቶም ዝም-ነይዎ እንተሎ፡ ደቆም ኣብ ቀዳማይ ዓመት ምምርዓዎም ንኽወልዱሎም'ዮ፡ ከምኡ እንተዘየጋጠመ፡ እታ መርዓት መኻን ከምዝኾነት ወይ'ውን ሓደ ካብቶ- ም መጻምዲ ዘየውልድ ሕማም ተታሒዙ'ዩ፡ ኢሎም ይኣምኑ። ኣነ ድማ መርዓትካ መኻን ከይትኸውን፡ ወይ ዘየውልድ ሕማም ከይህልዋ ዝምነ ሰብ'የ።" ኢላ መለሰትሉ።

ኢድሪስ፡ ብኣበሃህላ ወላዲቱ ሕጉስ ስለ ዘይነበረ፡ ብዘይ ምስትውዓል፡-"ብዛዕባ ባህልን እምነትን ዓዲ ሸኽ ሓሊብ ዝምልከተኒ ኣይኮነን።" ክብል ሕርቃን ዝተሓወሶ መልሲ ኣስምዓ።

ወይዘሮ ሙሉክ፡ ምዕጉርታ ንፋስ ካምስን ከም ዝጨልገሞ በርበረ መሰለ፡-"ካብ ዘረባታትን ጽውጽዋያትን ዓዲ ሸኽ ሓሊብ እናተሰከፍኩ'የ ዝነበር ዘለኹ።" ክትብል ድማ መለሰት።

ኢድሪስ ብሕርቃን ጣዕ በለ። ከይተረደኦ ድማ ካብ'ቲ ኮፍ ዘበለሉ ሰፈር ብድድ ብምባል ንደገ ብቑልጡፍ ወጽአን ኣብ ጐደናታት'ታ ዓዲ ኮለል ክብል ጀመረን። ልሙድ ብዘይኮነ ድማ፡ ድሕሪ ምፍጻም ሰላት ኣልዒሻእ ንገዝኡ ኣትዩ፡ ድራር ከይተደረረ ናብ መደቀሲኡ ኣምረሐ።

ወይዘሮ ፋጥማ፡ ሰብኣያ እንታይ ከምዘጋጠሞ ክትፈልጥ ስለ ዘይከኣለት፡ ካብ ትምርያ ኣትሒዛ ሰብኣያ ከይተደረረን ሰላም ከይበላን ናብ መደቀሲኡ ከምርሕ ፈለማዩ ስለ ዝነበረ፡ ገለ ሕማቕ ነገር ኣጋጢምዎ ከይኸውን ዝብል ጥርጣረ ስለ ዘሕደረት፡ ብቕጽ- በት ናብኡ ቀሪባ ኣብ ጫፍ ዓራት ኮፍ ብምባል፡-"እንታይ እዩ ኣጋጢሙካ! ከይተደረርካ ናብ ድቃስ ምምራሕ'ከ እንታይ ይበሃል?" ኢላ ሕቶ ኣቕረበትሉ።

"ኣንስቲ ጎዶሎ ኣእምሮ ብምዃነን ምስአን ምዝራብን ምምኽኻርን ነውሪ ስለ ዝኾነ፡ ሰብኡተን ዝበልወን ንኽሰምዓን ክምእዘዛን እየን ተፈጢረን" ዝብል ሓደ ካብ እምነታት ተቐማጦ ዓዲ ሸኽ ሓሊብ ስለ ዝኾነ፡ ኢድሪስ በዚ ግጉይ ብሂል ተደሪኹ ነቲ ዘሻቕሎን ምስ ወላዲቱ ዝተዛረቦን ንበዓልቲ ቤቱ ክገልጸላ ስለ ዝደለየ ነቲ ንሳ ዝሓተተቶ ግምት ከይሃበ፡-"ወላ ሓንቲ ኣይኮንኩን።" ክብል መለሰላ።

ፋጥማ ግን፡ ንሰብኣያ ዘሻቕል ነገር ከምዘሎ ብቕልጡፍ ስለ ዝተረደአት፡ ነቲ ካብ ዝተፈላለያ ኣንስቲ ዝሰምዓቶ ምኽሪ ማለት፡ "ሰብኣይካ ኣብ ዝሓርቀሉ እዋን፡ ተቖላ-

ጢፍካ ብጥዑም ቃላት እናተዛረብካ፡ ኣብ ጎድኑ ደቂስካን ሓቝፍካን፡ ከተረሳርሶ ኣሎኻ” ንዝብል ኣብ ግብሪ ክተውዕል ወሰነት። ከምኡ እናገበረት ድማ፡-“ብዓልቲ እንዳኻ'የ፡ ደስ ዘየበለካ ክትነግረኒ'ውን ድልየተይ ኣይኮነን፡ ግና ሓሪቕካ ክሎኻ ክትድቅስ ኣይደልን'የ።” ክትብል ኣብ የማነይቲ እዝኑ ኣሕሾኽሽኸት።

ፋጥማ እቲ ዝተጠቐመትሉ ሜላ ፍረ ክህብ ስለ ዝኸኣለ፡ ማለት ኢድሪስ ክቃወማ ስለ ዘይካኣለ፡ ሕቑኡ ሂብዋ ዝነበረ ናብኣ ተገልቢጡ ክሓቝፋ ጀመረ።

ጅማውቲ ኢድሪስ ካብ'ቲ ተጨቢጠንኦ ዝነበራ ተገላጊለን ክዝርገሓ ብምጅ- ማረን፡ ፋጥማ ነዚ ስለዝተረደአት፡ ምስኡ ብድልየታ ክትወሃሃድን ሓዳራዊ ግቡኣ ክትፍጽምን ወሰነት። ብኸም'ዚ ድማ ክሳብ ትወግሕ ተላፊኖም ሓደሩ።

ኢድሪስ፡ ባህታ እናተሰመዮ ወጋሕታ ብምትሳእ ተሓጺቡ፡ ሰላት ኣልፈጅር ምስ ሰገደ፡ ወይዘሮ ፋጥማ ዘዳለወትሉ ቁርሲ እናበለዐ፡ ነቲ ትማሊ ዘሻቐሎ ዝነበረ ከይ ሓብአ ክገልጸላ ወሰነ።

“ወይዘሮ ሙሉክ ስለ ዘኾረይትኒ ሓሪቐ ነይረ። ንስኺ ኢድ ኣይነበረክን።” ክብል ድማ ብትብዓት ገለጸላ። ፋጥማ፡ ወይዘሮ ሙሉክ ክሳብ ንወዳ ዘሕርቕ ዘረባ ክትዛረብ ኣይትኽእልን'ያ ዝብል እምነት ስለ ዝነበራ፡ በቲ ኢድሪስ ዝበላ እናተገረመት፡-“ስለምንታይን ብኸመይን ድኣ ወይዘሮ ሙሉክ ተኾርየካ?።”ዝብል ሕቶ ኣቕረበትሉ።

ኢድሪስ፡ ተቐቢሉ፡“ካብ እንምርዖ ዳርጋ ዓመት ኮይኑ'ሎ።” ክብል ነጎዳ ዝኾነ ዘረባ ደርበየላ። ፋጥማ በቲ እትመልኮ ልቦና ንኢድሪስ ክትርዳእ ስለ ዘየሸገራ ተቐቢላ፡-“ወይዘሮ ሙሉክ፡ ከም ኩለን ኣዴታት፡ ኣውራ ንደቀን ዝፈትዋን ጽቡቕ ዝምነያን፡ ወዲ ወዳ ኽትርኢ ምምናያ ባህሪያዊ'ዩ። እዚ ድማ ዘኾሪ ጉዳይ ኣይኮነን።” ኢላ ምስ መለሰት፡ ኢድሪስ፡ ከም'ዚ ዝበለ ልቦና ዝመልኦ መልሲ ካብ ፋጥማ ይጽበ ብዘይ ምንባሩ፡ እናተገረመ፡-“ኣንታ ወደይ ካብ ትምርዖ ዳርጋ ዓመት ኣሕሊፍካ፡ ኣነ ድማ ቦኽሪ ውላድካ ክርእ'የ ትምኒተይ ክትብለኒ ከላ፡ እተባጭወለይ ዘላ መሲሉኒ ....”

ፋጥማ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሰብኣያን ወላዲቱን ዝተዘርበ ክድገም ስለ ዘይደለየት፡ ዕድል ከይሃበት ተቐላጢፋ፡-“ወይዘሮ ሙሉክ ውላድ ሃልዩካ ኣብ ቅድሚ መሳቱኣ ክትሕበ-ነሉ'ኮ ዘነውር ጉዳይ መዓስ ኮይኑ።” ኢላ ኮለፈቶ።

ኢድሪስ፡ ዝያዳ እናተገረመ፡ ምሉእ ቕሳነት እንተረኸብኩ ብዝብል ስምዒት፡ ተወሳኺ ልቦና ዝመልኦ ዘረባ በዓልቲ ቤቱ ክሰምዕ እናተሃንጠየ፡-“ሓቂ'ዩ ውላድ ክህልወና ይግባእ። ክሳብ ሕጂ ግን ክሰምረልና ኣይከኣለን። ኣምሳይኡ መልሓስ ተቐማጦ ዓዲ ሸኽ ሓሊብ ከየረኻኽበልና'የ ዝሰግእ።” ክብል መለሰላ ሕንቕንቕ እናበለ።

ፋጥማ ከም ፋኑስ ውልዕ ኢላ፡-“ስለምንታይ ከ መዛረቢ ዓዲ ሓሊብ ንኸውን፡ እንታይ በደል ዲና ፈጺምና?” ክትብል ተዛረበት።

ኢድሪስ ትኽብል ኣቢሉ፡-“ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ዘይትወልድ ሰበይቲ መኻን'ያ ወይ ድማ ገለ ሕማም ኣለዋ ዝብል እምነት ኣሎ።” ኢሉ፡ ብህድእ ዝበለ ኣገባብ

ተዛረበ። ፋጥማ ብኣዘራርባ ኢድሪስ እናተገረመት ሰሓቕ ሞሎቓ። ኢድሪስ ግን ባህ ስለ ዘይበሎ፡-“ሰሓቕ እንታይ ኣምጸኦ፡ ተቐማጦ ዓዲ....”ክብል ከሎ፡ ዘረበኡ ከይወደአ፡ ፋጥማ ተቐላጢፋ፡-“ተቐማጦ ዓዲ ኣብ ከም’ዚ ዓይነት ኩነታትን ጉዳያትን እንታይ ከምዝብሉን ከምዝኣምኑን ኣጸቢቐ እፈልጥ’የ” ክትብል መለሰትሉ።

ፋጥማ፡ ቅድሚ ወርሒ ኣቢሉ ገለ ኣብ ውሽጢ ከርሳ ዝንቀሳቐስ ነገር ከምዘሎ ብምግንዛብ፡ ሓደ ካብ’ቲ ጠንቅታት ምናልባት ኣብ መርዓ ናይ ሓደ ዘመዳ ብዙሕ ስጋ ስለዝበልዐት፡ ብኡ ዝኣክል ቅርጸት ከብድን ቃንዛን ስለ ዝገበረላ ይኸውን ብምባል፡ ብዙሕ ኣየድሃበትሉን። ጽንሕ ኢላ ግን ንኸልተ ኣዋርሕ ዝኣክል ወርሓዊ ጽግያት ስለ ዘቋረጸ፡ ጠኒሰ ኣለኹ ዝብል ጥርጣረ ሓዛ። ኣብ ሳልሳይ ወርሒ ምቁራጽ ጽግያት ስለ ዝቐጸለ፡ ብመሰረት ጓል ኣኮኣ ሳዕዲያ ዝሃበታ ሓበሬታ ከምዝጠነሰት ክተረጋግጽ ስለ ዝኸኣለት፡ ተቐማጦ ዓዲ ሸኽ ሓሊብ፡ ንሰብኣያ ነገሩ እንተደልየሞ መልሓሶም ከም ዝሕይኹ ክትገብር ከም እትኽእል ዓቢ እምነት ኣሕደረት።

ፋጥማ፡ ምስ ነብሳ ዓብይ ምትእምማን ብምውናና፡ ንጉዳይ ጥንሳ ኣብ ካልእ ግዜ ክትዛረበሉ ብምምራጽ ንኢድሪስ፡“ግዜ ስራሕካ ስለ ዝኣኸለ፡ ብዛዕባ ተቐማጦ ዓዲ ክብልዎ ዝኽእሉ ኣብ ካልእ ግዜ ንዛረበሉ።” ኢላ ንስርሑ ክብገስ ደፋፍ- ኣቶ።

ወይዘሮ ሙሉክ፡ ወዳ ናብ ስርሑ ንምብጋስ ውጽእ ክብል እንከሎ፡ ተጓይያ ንፋጥማ ብምርካብ፡-“ከመይ ሓድርኪ’ዛ ጓለይ፡ ሓጎስ ዝዓሰለኪ ትመስሊ ንጹቡቕ ይኹን።” ኢላ ኣተንፈሰትላ። ፋጥማ ትቕብል ኣቢላ፡-“ሓቅኺ ኣደይ፡ ከመይ ሓደርኪ፡ ዝያዳ ሓጎስ ክዓስለና ንኣላህ እልምን።” ኢላ መለሰትላ።

ፋጥማ፡ ብኣዘራርባ ወይዘሮ ሙሉክ ሕጉስቲ ኣይነበረትን። እቲ ዝበለቶ ብዛዕባ ጥንሳ ከይኮነ ኣይተርፍን’ዩ ዝብል ግምት ስለዘሕደረት ድማ፡ እቲ ዘረባ ናብ ካልእ ከየምርሐ ብምባል፡ ቡን ክተፍልሓላ ሓተተታ። ሕራይ ምስ በለታ፡ ተቐላጢፋ ናውቲ ቡን ማለት፡ ጀበና፡ ፊናጅል፡ ምሸረቐረቕ፡ ፈርነሎ፡ መጐድኢ፡ ቁሩብ ዕማኾ ቡን፡ ጅንጅብልን ቁሩብ ፈሓምን ኣምጸአት። ነቲ ቡንን ጅንጅብልን ቆልያን ኀዲኣን፡ እታ ጀበና ማይ፡ ዝተቐልወን ዝተጣሕነን ቡንን ጅንጅብልን ምስ ኣእተወትላ፡ ኣብ ፈርነሎ ሰኸተተታ። መስርሕ ቡን ምስ ተፈጸመ፡ ፊናጅላ ሓጺባ፡ ቅሩብ ዕጣን ኣብ ሞቦኮርያ ነስኒሳ፡ ዒግ ምስ ኣበለቶ፡ ብሃነንታ ቡንን ጅንጅብልን ዝተዓብሎኸ ኣወል ፍንጃል ንወይዘሮ ሙሉክ ጆባእ በለታ። ክልቲኦን ብዛዕባ ኩነታት ኣየርን ተኽእሎ ምምጻእ ንፋስ “ኻምስንን” እናኣዕለላ እንከለዋ፡ ብብቅሩብ እቲ ዕላል እናተጸንቀቐ ኣብ ምኻዱ ዝስሕብ ጉዳይ ክቕልቀል ስለ ዝጀመረ፡ ወይዘሮ ሙሉክ፡-“ኣካላትኪ ብዘይተፈልጠ ክቀያየር ጀሚሩ’ሎ።” ክትብል ሕቶ ኣቕረበት።

ፋጥማ፡ ወይዘሮ ሙሉክ፡ ናብ ምንታይ ከተመርሕ ከምዝደለየት ብምግንዛብ፡-“ሓቅኺ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ ስጋ፡ ጠስምን ጸባን ዝተሓወሶ ጽቡቕ ንምገብ ብምንባርና፡ ቁሩብ ዝገዘፍኩ ኾይኑ ይስመዓኒ’ሎ።” ኢላ ብጉርሒ ዝተጐልበበ መልሲ ሃበታ።

ወይዘሮ ሙሉክ፡ ዝፍቶ ናይ ኣሸካዕላል መልሲ ሰበይቲ ወዳ ተገንዚባ፡ ትርጉም ዘለዎ ፍሽኽታ እናኣርኣየትን መንኩብ ፋጥማ እናጠብጠበትን፡-“ምልስላስ ቈርበት ሰብነትክን ቁሩብ ምርጓድኪን ካብ ዝዕዘብ ሓያሎ ኮይኑ’ሎ። ቅድሚ ወርሒ ኣቢሉ’ውን ከይረኣኽኪ ከተምልሲ ኣስተውዒለልኪ። እዚ ኹሉ ድማ ምልክት ወይ መርኣያ ጥንሲ- ’ዩ። ምናልባት’ውን ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ጥንሲ ከይሃለወኪ ኣይተርፍን’ዩ። ስለ ዝኾነ፡ ማዕረ ኣዴኺ ስለ ዝኾንኩ፡ ንስኺ ድማ ሰበይቲ ወደይ ስለ ዝኾንኪ፡ ክንዲ ተጎራሪሕና ንኸይድ እቲ ሓቂ ዘይ ትነግርኒ፡” ክትብል ብልዙብ መንፈስ ሓሳባታ ገለጸትላ። ኣስዒባ’ውን፡-“ብተመክሮ ጥንስቲ ከም ዘሎኺ እጥርጥር እንተኾንኩ፡ ሓቅነት ናይ’ዚ ጉዳይ ከረጋግጽ ትማሊ ምሸት ምስ ኢድሪስ ክዛረብ ፈቲነ ግና ክርድኣኒ ስለ ዘይከኣለ፡ በርደግ ኢሉ ሓዲጉኒ ከይዱ።” በለት።
ፋጥማ፡ በቲ ሓደ ብዘረባ ሓማታ ተጸልያ ክትምልስ፡ በቲ ኻልእ ድማ ትም ክትብል ከምዘየዋጽእ ስለ ዝተገንዘበት፡ ኣኽብሮታ ንወይዘሮ ሙሉክ ኣብ ቦትኡ ከም ዘሎ ከተእምን፡ እቲ ሓቂ ክትወጽእ ስለ ዝወሰነት፡ ብምሉእ ምትእምማን፡- “እወ፡ ኣብ ሰብነተይ ምቅይያራት ካብ ዝርኢ ሓያሎ ኮይኑ’ሎ። ክልቲኣን ጫፍ ኣጥባተይ ክሓብጣን ክቐይሓን ስለ ዝጀመራ ክሕዘን’ውን ቃንዛ ክገብራለይ ካብ ዝጀመራ ብዙሕ ገይረን ኣለዋ። ናይ ኣዴታተይ ወርሓዊ ተርእዮ ደው ኢሉን ኣለዋ፡ ጸጸኒሑ መሬት ይዞረኒ፡ ብተደጋጋሚ ንከምልስ ክቱር ድልየት ይስመዓኒ፡ ሽንቲ ማይ ንነዊሕ እዋን ክዓቍር ምኽኣል ስኢነ ኣለኹ...”ብምባል ተናዘዘት።
ወይዘሮ ሙሉክ ብሃንደበት፡-“እዚ ኹሉ ትብልዮ ዘሎኺ ምልክት ጥንሲ’ዩ።” ኢላ፡ ዘረባኣ ኣቋሪጻ፡ ግዜ ከየባኸነት፡ ገጻ ንመካ ኣቕኒዓ፡ ንኣላህ ንምምስጋን ክልተ ረክዓ [1] ምስ ሰገደት፡ ንሰበይቲ ወዳ ሓቝፋ ድሕሪ ምስዓም፡-“ዘሎኒ ሕልሚ ክትግበር ስለ ዝኾነ፡ ንኣላህ ብኽንዕና ኣመስግን።” እናበለት ንፋጥማ ደጊማ ሰመዓታ።
ፋጥማ ነዚ ምስ ረኣየትን ሰመዐትን ኣዕንታ ንብዓት ክቕጽራ ጀመራ። ክትብለን ዝደለየት ቃላት ኣብ ኣፋ ስለ ዝተለኽታ ግን፡ ነቲ ዝነበረ ህሞት ብስቕታን ምድናንን ሰገረቶ’ሞ፡ ንሓማታ ካልኣይ ፍንጃል ቡን እናኣቐበለት ብሃንደበት፡- “ንኢድሪስ፡ ብኸመይ ክንነግሮ ኢና።” ክትብል ሕቶ ኣቕረበት።
ወይዘሮ ሙሉክ ተቐቢላ፡-“ንኢድሪስ ባዕልኺ እኺ ክትነግርዮ፡ ኣብ ዓድና ብዙሓት ቀናኣትን ሓሳዳትን ስለ ዘለዉ፡ ናታቶም ዓይኒ ንጥንስኺ ኸይብርዘልና፡ ንዝኾነ ሰብ ብዛዕባ ጥንስኺ ክትዛረቢ የብልክን። ብዛዕባ’ዚ ዝምልከት ድማ እቶም ተቐማጦ ዓዲ ነቲ ጥንስኺ ባዕሎም ከም ዝፈልጥዎን ከምዝዕዘብዎን ክንገብር ኣለና። ብወገነይ ጽባሕ ንግሆ ናብ ስድራኺ ከይደ ንኣዴኺ ክነግራ’የ።” በለታ።
ወይዘሮ ሙሉክ፡ ኣብ ዝበለቶ ክትሕጸር ስለ ዘይደለየት ስምዒታ ከይ ተቖጺ- ጸረት፡- “ካብ ሕጂ ንንየው ብዛዕባ ጥዕናኺ ክትግደሲ ኣለኪ።ዕንጨይቲ ክትኣርዪ፡ እኽሊ ማሼላ ክትጥሕኒ፡ ማይ ክትወርዲ ፈጺመ ኣየፍቕደልክን’የ። ኩሉ ዝድለ ባዕለይ ከማልኦ’የ። እቲ ካባኺ ዝድለ ሓሙሽተ ግዜ ክትሰግዲ፡ ጸሎት ክተብ- ዝሒ፡ መቓብር መሻይኽን፡ ዓበይቲ ጻድቃናን ኣውልያእን ክትበጽሒ፡ ኣብ ጸላም ለይቲ

---

[1] ንኣልህ ንምምስጋን ዝውሰድ ጸሎት’ዩ።

ከይትጎዓዚ፣ ጽላል ኣግራብ ሰፊር ሰይጣውንቲ ብምዃኑ ብለይቲ ኣብ ትሕተኤን ከይትሸኒ።"ብምባል ንፋጥማ ክትመክርን ክተጠንቅቕን ፈተነት።
ምሸት ከም ልሙድ ኢድሪስ ናብ ዓዱ ምስ ተመልሰ ወይዘሮ ሙሉክ ኣብ ባብ'ቲ ገዝኦ ፍሽኽ እናበለት ተቐበለቶ። ኢድሪስ ርእይ ምስ ኣበላ ተቐላጢፉ ኢዳ እናሰዓመ፡-"ከመይ ኣምስኺ እምበይተይ ታሕጓስ ዝምልኣኪ ትመስሊ።" በላ።
"ከመይ ኣምሲኻ'ዚ ወደይ፣ ካብ ትማሊ ምሸት ስለ ዘይረኣኹኻ ናፊቐካ፣ እቲ ትማሊ ኣብ ሞንጎ ክልቴና ዝተኻየደ ክትዕ እንተ ኣኹርዩካ ይቕረታ ግበረለይ፣ ንዓኻ ብዓይኒ ንዕቐት ርእየካ ኣይፈልጥን'የ።" በለቶ።
ኢድሪስ፣ ኣዚዩ ድሕሪ ምግራም ነቲ ብድሮ ዘርኣዮ ተግባር ዘይግቡእ ምዃኑ ስለ ዝተገንዘበ፡-"ትማሊ ብሓደ ሸነኽ ብዛዕባ ውላድ ክህልወኒ ምሕታትኪ ሃንደበት ስለ ዝኾነኒ፣ ብኻልእ ሸነኽ ድማ መራሕትና ብሰንኪ ናታቶም ፍልልያት፣ ነቲ ኣብ ሃገርና ኣንጸላልዩ ዘሎ ፖለቲካዊ ሃዋህው ዘምጸኦ ሃስያ ዘይምርዳኦም ዘሕደረለይ ግብረ-መልሲ ምጽዋር ስለ ዝሰኣንኩ፣ ዘይድለ ሕርቃን ኣርእየ'ሞ ይቕረ ክትብልለይ እልምን።" ክብል ነቲ ዝፈጸሞ ክፍውስ ፈተነ፣ ወይዘሮ ሙሉክ ደስታ እናተሰመዓ፡-"ኣንታ ወደይ ኣብ ዝተፈላለየ ጉዳያት፣ ይዕበ ይንኣስ፣ ምሳኻ'ዩ ምድንጋጸይ። ዘይምውላድካ ከስዕቦ ዝኽእል ዘረባታት ደቂ ዓድና ጥራሕ'ዩ ዝረኣየኒ ዝነበረ።" ኢላ ክተደዓዕሶ ፈተነት። ኢድሪስ ብወገኑ ነቲ ዘዛረቦም ጉዳይ ንምውዳእ፡-"እቲ ዝሓለፈ ሓሊፉ'ዩ፣ ብዛዕባ ምውላድን ዘይምውላድን፣ ወይ'ውን ብዛዕባ ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ምዝራብ ትርጉም ስለ ዘይብሉ፣ ካልእና እንተገበርና ይሓይሽ።" ክብል ኣመመ።
ወይዘሮ ሙሉክ ነቲ ዝተፈጥረ ዘይምርድዳእ ክትዓጽዎን ንወዳ ይቕረ ክትብልን ወሰነት። ስለ ዝኾነ፣ ኢድሪስ ንውሽጢ ገዛ ኣትዩ፣ ነታ እትጽበዮ ዝነበረት በዓልቲ ቤቱ ሰላም ኢሉ፣ ተቐሪቡሉ ዝነበረ ድራር እና በልዐ፣ ቕድሚ ሕጂ ስሕት ኢሉ ዘጋጥሞ ዝነበረ ጥዑም ሽታ ክሽትቶ ስለ ዝጀመረ ቁልሕ ምሊሕ በለ። ብሃንደበት ድማ ኣብ ኩርናዕ'ቲ ገዛ ናይ ዕጣን ትኪ እትተፍእ መግበረት [1] ምስ ረአየ እናተገረመ፡-"ብምንታይ ኣጋጣሚ'ዩ ዕጣን ተትክኺ ዘሎኺ?።" ክብል ንበዓልቲ ቤቱ ሓተታ።
ፋጥማ፣ ኣብ መጀመርታ እንታይ ከም ትብል ሓርበታ። ብዙሕ ከይጸንሐት ግና፡-"ገዛና ጥዑም ክሽትተልና ስለዝደለኹ ዓጢነዮ።" ኢላ መለሰት።
ኢድሪስ እናተገረመ ገዝኡ ኣብ ኣጋጣሚታት እንተዘይኮይኑ፣ ተዓጢኑ ስለዘይፈልጥ፣ ምናልባት ገለ በዓል ናይ ተቐማጠ ዓዲ ከይኮነ ኣይተርፍንዩ ዝብል ሓሳብ ጠብላሕ ስለ ዝበሎ፡-"ናይ መን በዓል ድዩ ሎሚ?።" ክብል ንፋጥማ ሓተታ።
ፋጥማ፡-"ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ናይ ሾኽ ደርቡሽ መዓልቲ ኣብዒልና ነይርና። ሎሚ ግን ዝኾነ በዓል የብልናን።" ፍሽኽ እናበለት መለሰት። ኣስዒባ'ውን፡-"ከም'ቲ ዝበልኩኻ ገዛና ጥዑም ክሽትት'የ ዕጣን ዝገበርኩ? ጥዑም ክሽትት ኣይትድልዮን ዲኻ?።"

---

[1] መቦኮርያ ማለት'ዩ

ፍሽኽታኣ እናዛየደት ተወከሰቶ።
ኢድሪስ፡ ብሓደ ሽነኽ ወላዲቱ ጌራቶ ብዘይትፈልጥ ኣገባብ ኣብ ኣፍደገ ገዛ ብፍሱህ ገጽ ክትቅበሎ፡ ብኻልእ ሽነኽ ድማ ሰበይቱ ብዘይ ኢጋጣሚ ንገዝኡ ክትዓጥን ብምዕዛብ ብዝያዳ እናተገረመ፡ ትዕዝብቱ ንኽኽሽሕ ብምባል፡-“ኣንቲ ፋጥማ ገለ ካባይ እትሓብእዮ ምስጢር ከምዘሎ ጥርጣረ ስለ ዘሎኒ፡ ብጋህዲ እንተትሕብርኒ ደስ ምበለኒ።” ዝብል ሕቶ ኣቕረበላ።
ፋጥማ ነቲ ዘጋጠማ ዘሐጉስ ጉዳይ ንሰብኣያ ክተበስር ወይ ምስጢር ክትሕሉ ብሓሳባት ጠልጠል ክትብል ጀመረት። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ግቡእ ስለ ዝኾነ ንሰብኣያ ክትነግር ስለ ዝወሰነት ብህዱእ ድምጺ፡-“እቲ ትሓልሞ ዝነበርካ ክዉን ክኸውን'ዩ ዝመስል ዘሎ።” ክትብል መለሰት'ሞ ኢድሪስ ስለ ዘይተረደኦ፡-“እንታይ ማለትኪ'ዩ? ናብራና ካብ ብዙሓት ደቂ ዓድና ስለ ዝሓይሽ ጽቡቕ ኢና ዘሎና፡ ካብኡ ንላዕሊ ዝሓልሞ ነገር ኣሎድዩ።?” ክብል ሓተታ።
“እንሕጐሰሉን እንሕበነሉን ቆልዓ ክህልወልና'ዩ።” ምስ በለት፡ ኢድሪስ ካብ'ቲ ዝነበሮ ብድድ ብምባል፡-“ቖልዓ ክህልወኒ ማለትኪድ'ዩ?።” ብታሕጓስ ዝመልአ ድምጺ ሓተታ። “እወ ኣላህ እንተፈቒደ።” ኢላ መለሰት።
መዓልታትን ኣዋርሕን ብቕልጡፍ ሓለፉ።ኣብ መወዳእታ ወይዘሮ ፋጥማ ኣብ ሰነ 1948 መንሱር ዝተባህለ በኹሪ ወዳ ወለደት።

## 9- ጎንጺ ሓሳባት

እቲ ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ኤርትራውያን ዝተራእየ ፖለቲካዊ ምስሕሓባት፡ ናብ ካልእ ሓፈሻውን ውልቃውን ጉዳያት ዝደባለቐሉ ፖለቲካዊ ሕንፍሽፍሽ ኣምረሐ። ሰባት ኣብ ክንዲ ሓፈሻዊ ኣጠማምታ ዝህልዎም፡ ናብ ጉጅላዊ ምምቕቓላት ዝፈጥር ኣወዳድባ ኣድሃቡ። እዚ ድማ ብግዲኡ ሃይማኖታዊ፡ ኣውራጃውን ቀቢላውን ስምዒታት፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራዊ ሕብረተ-ሰብ ንኽቕልቀል ባይታ ኮነ። ሓባራዊ ፖለቲካዊ ንጥፈ- ታትን ስርሓትን ንምክያድ እናጸገመን እናጸንከረን መጽአ'ሞ፣ ኣብ ቦትኡ ፖለቲካዊ ስራሕ ንሓፈሻዊ ሃገራዊ ረብሓ ኤርትራ ዘይኮነ፡ ንውልቃዊ ረብሓታት ዝሕሉ መሳር- ሕን መዋገይን ናብ ምዃን ተለወጠ።
ብሰንኪ ኣብ ዋዕላ ቤት-ገርግሽ ዝተፈጥረ ሕንፍሽፍሽ፡ ጠመተ ብዙሓት ኤርት- ራውያን፡ ኣብ ምምእራር ዕለታዊ ናብራ ወይ ኣብ ውልቃዊ ሽግራትን ጉዳያትን ምድሃብ እንተዘይኮይኑ፡ ብዛዕባ ዝሰምዕዎን ዘንብብዎን ጉዳያት ክግደሱን ግዲኦም ከበርክቱን ኣይበጋገሱን ነበሩ።
እቲ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ዘንጸላለወ ሓፈሻዊ ኩነታት፡ ንሰለስቲኦም ኣዕሩኽ ክጸሉ ብምጅማሩ፡ ነቲ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ጉዳይ ሃገሮም ንምዝርራብን ንምክታዕን ዝገብሩዎ ዝነበሩ ኣኼባታት ኣቋረጽዎ። ኹሉ ግዜኦምን ጸዓቶምን ንውልቃዊ ጉዳያቶም ከወፍዩዎ ጀመሩ። ሓጎስ ኣርዓዶም ግን ፍልይ ብዝበለ፡ ኣድህቦኡ ኣብ'ታ ኣብ ገዛ ኣሙኡ፡ ኣብ ዓዲ ማዓሎ ዝረኣያ ትርሓስ ኣዛየዶ።
ኩነታት ከምኡ እናቐጸለ ሓንቲ ምሸት ኢድሪስ ንወዱ መንሱር እናኣጻወተ እንከሎ፡ ከም ቀደም ምስ ኣዕሩኽቱ ኣኼባ ጌርካ ብዛዕባ ህዝቢ ዘሕልፎ ዘሎ ሕማቕ ኩነታትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ጉዳያትን ዝድለ ጻዕሪ ዘይምክያድ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ብሃንደበት ዘከረ። ግቡኦም ይፍጽሙ ከም ዘየለዉ ምስ ኣስተብሃለ ድማ፡ ነዚ ኹሉ ንምግጣም ምሕዳስ መብጽዓ ከምዘድሊ ወሰነ።
ከይወዓለ ከይሓደረ ተበግሶ ክወስድ ከምዘለዎ ምስ ተረደአ፡ ምስ ኣዕሩኽቱ ኮይኑ ኣኼባ ክካየድ ዕድመ ኣቕረበ። ሰለስቲኦም ኣዕሩኽ ከም ልሙድ ኣብ ድኳን ኢድሪስ ምስ ተራኸቡ፡ ድሕሪ ሰላምታን ኩነታት ሓድሕድ ምትሕታትን ኢድሪስ፡- “ንሃገርናን ንነብስናን ከም ዝወጻዕና ይርደኣኒ'ዩ። ካብ ቀደም ኣዕሩኽ ብምዃንና እተን ዘቀራርባና ካብተን ዝፈላልያና ይበዝሓ።” ክብል ዘረባ ፈለመ።
ኢስማዒል፡ ኣብ ዝምድናታቶም ዝኾነ ምቅይያራት ከምዘየለ ብምእማን፡ ብኣበ- ሃህላ ኢድሪስ ተገረመ'ሞ እንታይ ይብል ከምዘሎ ክርዳእ ስለ ዘይከኣለ ተቐዳዲሙ፡- “እንታይ ትብል ከምዘለኻ ኣይተረዳኣንን። ኣብ ሞንጎና ፍቕርን ሕድሕዳዊ ምክብባርን ጥራይ ዘይኮነ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ሕውነትን ሓባራዊ ፖለቲካዊ ጠመተን ዘሎና ኣዕሩኽ እኮ ኢና።” በለ።
ሓጎስ ክዛረብ'ኳ ድልየት እንተነበሮ ንኢድሪስ ዕድል ከይሃበ፡-“ካብ ዘይንራኸብ ብዙሕ ግዜ ኣሕሊፍና፡ ሓጎስ ካብ ዋዕላ ቤት-ገርግሽ ምስተመልሰ'ኳ እንተ- ተራኺብና፡ ካብ'ቲ እዋን'ቲ ንመዓልታት ዘይኮነ ንሳምንታት ከይተራኸብና ጸኒሕና

ኣለና። ብናተይ ግምት፡ ነቲ ኣዝዩ ወጥሪ ዝመልኦ ፖለቲካዊ ኩነታትና ረሲዕና ወይ ግምት ከይሃብና፡ ኣብ መዓልታዊ ጉዳይናን ሕቶ ስድራ-ቤታትና ኣድሂብና ነይርና።" ብምባል ነቲ ኣቐዲሙ ዝበሎ ከብርህ ፈተነ።
ሓጎስ ጽን ኢሉ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ፡-"ሓቂ'ዩ፡ ብሰንኪ ዝተፈላለየ ውልቃዊ ሽግራትና ካብ ዘይንራኸብ ብዙሕ ጌርና እንተለና፡ ክንራኸብ ድልየት የብልናን ክንብል ግን ዝከኣል ኮይኑ ኣይስመዓንን።" ክብል ተሰምዐ።
ኢስማዒል፡ ዘይተረደኦ ዘረባ ምስ ዝሰምዕ ኣንጸርጺሩ ስለ ዝምልስ፡-"ብዛዕባ እንታይ ትዛረቡን ትእምቱን ከምዘለኹም ኣይርደኣንን'ዩ፡ ከም ቀደምና እንተ ዘይተራኸብና ተባቲኽና ማለት ኣይኮነን። ንኣብነት ኣነ ንገዛእ ርእሰይ፡ መዓልታዊ ጉዳያትኩም ከይተረፈ እፈልጥ'የ። ሕጂ እንታይ ሓድሽ ነገር ተረኺቡ ኢኹም ቁንቁኝኡ ዘይፍሉጥ ዘረባ ትዛረቡ ዘለኹም?።" በለ ገጹ ኣሲሩ።
ኢድሪስ፡-"ከም ቀደምና ንራኸብ ኣለና ክበሃል እንተዘይተኻእለ፡ ኩነታት ሓድ-ሕድና ኣይንፈልጥን ኢና ክብል ኣይደፍርን'የ። ቀደም ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ንምፍላጥን ርእይቶታት ንምልውዋጥን፡ ሕልፍ-ሕልፍ ኢልና ንግሆን ምሸትን ንራኸብ ኔርና። ንሱ'ውን ከምዘይ ኣኽለና ብምሕሳብ ኢና።" ኢሉ ንኢስማዒል ከረድእ ፈተነ።
ሓጎስ ትቕብል ኣቢሉ፡-"እቲ ዘጋጥመና ዘሎ ኩነታት፡ ኣውራ ፖለቲካዊ ጠቀስ ጉዳያት ዘየተባብዕ ከምዝኾነ እንስሕቶ ኣይመስለንን፡" በለ።
ኢስማዒል ባህ ስለ ዘይበሎ ተቐላጢፉ፡-"ሃገርና ኣብ ምንታይ ፖለቲካዊ ኩነታት ከምዘላ ዘይርድኣ ሰብ የለን። ይኹን'ምበር፡ በዚ ተሰናቢድና ነቲ ዘጋጥመና ዘሎ ኵነታት ንምፍታሕ ክንሓስብ የብልናን ማለት ግን ኣይኮነን።" ብምባል ነድሪ ዝተሓወሶ ዘረባ ኣስመዐ።
ኢድሪስ ብዘረባ ኢስማዒል ተመሰጠ'ሞ፡-"ኢስማዒል ዝበሎ ሓቂ'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ዝውስኾ እንተሎኒ፡ ብዛዕባናን ህዝብናን ድላዮም ንኽገብሩ ዝደልዩ ብልሹዋት ፖለቲከ- ኛታት ዕድል ክንህብ የብልናን ክብል'የ ዝደሊ።" በለ ንሓጎስ እናጠመተ።
ሓጎስ፡ ዘረብኡ ንኢድሪስን ኢስማዒልን ከምዘይኣሓጎሶምን ብኣሉታ ከም ዝተ- ርጎምዎን ስለ ዝተረደኦ ተቐላጢፉ፡-"ዝበልኩዎ ብኣሉታ ክትትርጉሙዎ መሰል የብል- ኩምን። ጉዳይና ንብልሹዋት ፖለቲከኛታት ንግደፎ ኣይበልኩን። እቲ ዘጋጥመና ዘሎ ጽንኩርን ዘየተባብዕን'ዩ ጥራይ'የ ዝበልኩ።" ክብል ቁጠዐ ዝተሓወሶ ዘረባ ኣፍሰሰ።
ኢስማዒል፡ ሓጎስ ሓሪቑ ክመልሰሎም ስለ ዘይተጸበየ፡-"ብዛዕባ ነብሰይ ክዛረብ እንተ- ኾይነ፡ ዘረባኻ ኣየሸራረፍኩን። ብዝኾነ ነቲ ዘጋጥመና ዘሎ መሪር ኩነታት ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ክንራኸብን ብዛዕባ ፖለቲካዊ ኩነታት ሃገርና ክንመያየጥን መሰል ዶ የብልናን ኢና።?" ክብል ንሓጎስ ሕቶ ኣቕረበሉ።
ሓጎስ፡ ጥርጣረ ኢስማዒል ናብ ካልእ ጥርዚ ንኸይሰግር ብምስጋእ፡-"ብዛዕባ ሃገርናን ህዝብናን ክንግደስ ግቡእናን ግቡእ ኩሎም ዜጋታትን ከምዝኾነ፡ ኣጸቢቐ እኣምን።" በለ።

ኣስዒቡ’ውን፦“ኣንጻር ሃገራዊ ረብሓና ዝኾኑ ሓይልታትን ወገናትን፡ ሳላ ምድንጋጽን ደገፋትን ገዛእቲ ኢትዮጵያ ዝደልይዎ እናገበሩ፡ ኣብ ዝሓየለ ባይታ ክርከቡ ኸለዉ፡ ንሕና እንበልየን እንሰትዮን ንምምእራር ኣብ ሽግርን ጸበባን ንርከብ ኣሎና። እዚ ከይኣክል ድማ፡ ኣብ ልዕሌና ሓደጋ ንምፍጻም ለይትን መዓልትን ክዓዩ እንከለዉ፡ ንሕና ግን ዝኾነ ዓቕሚ ምንቅስቓስ ስኢና’ሎና። ኣብተን ኣብ ከተማና ዝርከባ ጎደና- ታትን መሸጐራጉራትን ኣብ እንንቀሳቐሰሉ እዋን እስትንፋስ እናሰኣና ከም’ዚ ዝሕነቕ ዘሎ ሰብ ንመስል ኣለና። ብሓጺሩ ሓፈሻውን ውልቃውን ኩነታትና ካብ ሕማቕ ናብ ዝሓመቐ’ዩ ዝኸይድ ዘሎ።” በለ።
ኢድሪስ ትቕብል ኣቢሉ፦“ሓቂ’ዩ ሓዲሽ እንተዘይኮነ፡ ኩነታትና እና ተሓላለኸ ይመጽእ ኣሎ። ከም ትዝክሩዎ ከም’ዚ ኣብ ገለ እዋን’ውን ካብ’ዚ ዝኸፍአ ነሕልፍ ነይርና። እንተኾነ ግን ኣይተንበርከኽናን ሞራልና’ውን ኣየውደቕናን።”ክብል ነቲ ሃዋህው ከዘሓሕል ፈተነ።
ጽንሕ ኢሉ ከኣ፦“ሓቀኛ ጉዳይ ስለ ዘለና፡ ወነንቲ ነብስና ክንከውን፡ ካብ ምጉብዕባዕን ጭቆናን ሓራ ክንከውን ...” እናበለ ዘረብኡ ከይወደአ፡ ኢስማዒል ኣቋረጾ።
“ከም ኣንስቲ ዘረባ ተኮማስዑ ኣለኹም። እንዛረበሉ ዘሎና ብዛዕባ እቲ ንቃለሰሉ ዘሎና ኣብ ዝባንና ዘሎ ጉዳይ፡ ወይ ሓይልን ድኽመትን ጸላእትና ዘይኮነ፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ክነካይዶ ዝግባእ ኣኼባታት’ዩ።” ምስ በለ፡ ንቕሩብ ደቓይቕ ኩሎም ኣብ ፍጹም ስቕታ ተዋሕጡ፡ ኢድሪስ ንኢስማዒል እናጠመተ ነቲ ስቕታ ሰበሮ’ሞ፦“ከም ቀደም ርክባትና ቀጻልን ውሑስን ንኸኸውን ዝብል ኣርእስቲ ኣልዒልና ኢና ንዛረብ ዘለና። ብዛዕባ’ዚ፡ ከም’ቲ ኢስማዒል ዝበሎ ከም ኣንስቲ ዘረባ ክንደጋግም ዘይኮነ፡ ዘጋጥመና ዘሎ ፖለቲካዊ ፍጻሜታት ተኸታቲልና ንምብዳህ ከም ዝኾነ ከረጋግጽ እፈቱ።” ክብል ተሪር ተቓውሞ ኣርኣየ።
ኢስማዒል፡ ብኣዘራርብኡ መገዲ ከም ዝሰሓተን ንየዕሩኽቱ ኣውራ ድማ ንኢድሪስ ከም ዘቖጠዐን ኣሉታዊ ስምብራት ከም ዝፈጠረን ብምርዳእ፡ ስምዒታት ንኸዘሓሕልን ይቕረታ ንኽሓትትን፦“ንኽንዕቐኩም ኢለ ኣይተበገስኩን። ከም’ቲ ትፈልጥዎ ሓንሳብ-ሓንሳብ መልሓሰይ ዝቆጻጸር ሰብ ኣይኮንኩን። ስለ ዝኾንኩ ምስ ብዙሓት ዝቐርቦም ኣውራ ምሳኹም ኣብ ሽግር’የ ዝኣቱ ዝነበርኩን ዘለኹን።” በለ።
ሓጎስ፡ ነቲ ብሃንደበት ዝተወለዐ ቑጠዐ ንምትህድዳእ፦“ደሓን ካብ ሓዴና ዝፍጸም ጌጋ ክንሰግሮ ግቡእ’ዩ። ኣብ ሞንጎ ኣሕዋት ብዙሕ’ዩ ዝበሃል፡ ነቲ ብኢስማዒል ዝተሰምዐ ብዕቱብ ክንወስዶ የብልናን።” በለ።
ኢድሪስ፡ ነቲ ዝተላዕለ ኣርእስቲ መደምደምታ ንምግባር፦“ካብ ኢስማዒል ዝተሰምዐ ከም ናይ መልሓስ ምዕንቃፍ ቈጺርና፡ ከም ቀደምና ቀጻልነት ርክባትና ከነውሕስ ኣለና።” ኢሉ ዘረባ ዝዓጹ እማመ ኣቕረበ።
ሰለስቲኦም ኣዕሩኽ፡ ቅድሚ ነናብ ስርሖም ምፍልላዮም፡ እቲ ዘጋጥሞም ዘሎ መድረኽ ጽንኩርን መሪርን ከምዝኾነ፡ ኩነታቶም ንምግምጋም ዘኽእሎም ዕቱብ መደባት ከውጽኡ፡ ብዘለዎም ዓቕሚ ክዓዩ፡ መደባት ጸላእቶም ንምኽሻሕ ምስ

ዝተፈላለዩ ዜጋታት ቀጻሊ ርክባት ከካይዱ፣ ንነብሶም ብግቡእ ወዲቦም፣ መብጸዓኦም ኣሐዲሶም፣ ውሕስነትን ቀጻልነትን ዘለዎ ኣኼባታት ከካይዱ፣ ብሕውነታዊ መንፈስን ምርድዳእን ኣብ ስምምዕ በጽሑ።